# ምስ ነቢይ ዮናስ
# ናብ ሰብ ነነዌ



*ተልእኮ ካህናት ኣብ ጕዕዞ ዓብይ ጾምን፣*
*ኣብ ጽንኩር ጊዜ ኮሮና ቫይሩስን*
፳፻፲፫ ዓ.ም.ግ.- 2021 ዓ.ም.ፈ.


*ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት*
*ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም*

## ክቡራን ኳሶት ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

ቀድሚ ኩሉ *“ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኩልኻትኩም ይኹን”* (ፊል 4:23) ብምባል ንነፍስ ወከፍኩም ልባዊ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም። ኩልና ከም እንፈልጦ፣ ብበዓላት ልደትን ጥምቀትን ከምኡ እውን ዘመነ ኣስተርእዮ ተጓዒዝና ናብቲ ንበዓላት ሰሙነ ሕማማትን ፋሲካን ዘድልወና ዓብይ ዘመነ ጾም ኢና እንኣቱ ዘሎና። እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን ዓመት መጸ፣ ካብ ጥንቲ፣ በቶም ፍሉጣት ናይ ጽዑቕ ጸሎትን፣ ጾምን ምጽዋትን መንፈሳውያን ተግባራት፣ ንበዓለ ትንሣኤ ክንቀረብ ትደልየናን ተተባብዓናን። ሎምዘመን ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ንኣና ንኳሶት ነፍሳት ዝምልከት ኣስተንትኖ ክንገብር ጽቡቕ ኮይኑ ይስምዓኒ። ከምቲ ቅዱስ ኣጕስጢኖስ ዝብሎ፣ *“እቶም ኳሶት እውን ኣባጊዕ እዮም”* እሞ፣ ንኣና'ውን መንፈሳዊ መግብን ጥዕናን ዕቤትን ስለዘድልየና ብዛዕባ ጸዋዕታናን ተልእኮናን ኣዕሙቕ ኣቢልና ክነስተንትን ኣድላዪ ይመስለኒ። ዘይብሉ ኣይህብን፣ ዘይበልዐ እውን ኣይመንዕን እዩ እሞ፣ ኳሶት ክምገቡን ክጥዕዩን ከለው እዮም ንመኳስኦም እውን ክምግቡን፣ ክከናኸኑን፣ ክሕልውን ዝኽእሉ። ኣርእስቲ ናይዚ ዘቕርበልኩም ዘሎኹ ኣስተንትኖ ከኣ ኣብቲ ዘገርም ታሪኽ ነቢይ ዮናስ ወዲ ኣሚታይ፣ ሕዝቢ ነነዌን፣ ወሰን ዘይብሉ ምሕረት ኣምላኽን ዝተመርኮሰ እዩ። ስለዚ ነዛ ዘቕርበልኩም ዘሎኹ ጽሕፍቲ ከም ጅምርቲ እምበር ከም ውድእቲ ከይረኣኹም ዝጠቕመኩም ሓሳባት እናወሰድኩም ዝወሃብ ርእይቶን ዝግበር እርማትን ከተመልክቱለይ እላቦ። በዚ ምኽንያት እየ ብፎቶ ኮፒ ኣባዚሐ ዝሰደልኩም ዘሎኹ። ደሓር እንታይ ንገብር ክንርኢ ኢና።

## <u>መእተዊ</u>

ብፍላይ ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ፣ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይሩስ ዘምጽኦ ጽንኩር ጊዜን ኩነታትን፣ ሓዋርያዊ ጉስነትና ከመይ ኣሎ? ከመይ ጌርና ክህነታዊ ተልእኮና ንፍጽም ኣሎና? ነቲ ኣብ ገገዝኡ ተዓጺው ዝርከብ ሕዝብና ብከመይ ኣድማዒ ምክትታል ክንገብረሉ ንኽእል? ቃል እግዚኣብሔር ምብሣር፣ መሥዋዕተ ቅዳሴ ምዕራግ፣ ምሥጢራት ምዕዳል፣ ንዝሓዘኑ ምጽንናዕ፣ ዝሓመሙ ምፍዋስ፣ ንዝጠፍኡ ምድላይ፣ ዝደኸሙ ምብርታዕ፣ ንዝተበኣሱ ምዕራቕ፣ ዝሞቱ ምቕባር፣ ንዝጠመዩ ምዕንጋል፣ ከም ሎሚ እኳ ኣየድለየን፣ ከም ሎሚ እውን ኣይከበደን። እሞ እንታይ ይገበር? ከመይ ጌርና ወንጌል ነበሥር? ከመይ ጌርና ትምህርተ ክርስቶስ ንምሃር?፣ ከመይ ጌርና ጸሎት ንምራሕ?፣ ከመይ ጌርና መሥዋዕተ ቅዳሴ ነዕርግ? ከመይ ጌርና ምሥጢራት ንዓድል? ከመይ ጌርና ሕሙማትን ሽማግለታትን ንብጻሕ? ከመይ ጌርና ስድራቤትን ሕጻናትን ንኳሲ? ብሓፈሻ፣ ከመይ ገቢርና እምነት ሕዝብና ንኩስኩስ? ወዘተ- ንዝብሉ ሕቶታት ክንምልስ ኣዝዩ ጸንኪሩና ኣሎ። እንተኾነ ጸንኪሩና ኢልና ኢድና ኣጣሚርና ኮፍ ክንብል ከኣ ጸዋዕታና ኣይፈቕደልናን እዩ። ኮፍ ኢልና ብዛዕባ እቲ ዘሎ ጸገማት ኣብ ክንዲ ምብካይ ግን መጓሰና ከይጠምያ፣ ከይደኽማ፣ ብጭራሽ ከይጠፍኣና እውን፣ ተሓጋጊዝና ክንባላሓት፣ ኣብዚ ኣሰካፊ እዋን፣ ናይ ተስፋ ሓዋርያት ኮይንና ንሕዝብና ከነጸናንዕን፣ ከነበራትዕን፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ጽዑቕ ጸሎት ተጸሚድና ኣብ ቅድሚ እቲ ሓቀይና ሕያዋይ ጓሳ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተምበርኪኽና ከነማልደሉ የድሊ። ጓሳ እንተ ተጊሁ፣ እንተተባላሒቱ፣ እንተቀኒኡ፣ መጓሰ ጠምየን ኣይጠምያን እየን፣ ጠፊአን'ውን ኣይጠፍኣን እየን። ብፍላይ ከኣ ኣደዳ ዝመጽአ ተበላጺ ኣባይ ኣይኮናን እየን። ኣብዚ ዝኽተል ኣስተንትኖ እምብኣር ብዝከኣል መጠን ንኣና ንኳሶት ነፍሳት ይጠቅም ዝበልኩዎ ኣስተንትኖ ከካፍለኩም ደስ ይብለኒ። ንኩልኹም ሓጋዚ ክኸውን ከኣ ምሉእ ተስፋ ኣሎኒ።

## <u>ዕቤት ክህነታዊ ጸዋዕታናን ተልእኮናን</u>

ጸዋዕታን ተልእኮን ካህን ኣዝዩ ክቡር ህያብ ኣምላኽ እዩ። እዚ ህያብ እዚ ነቲ ከም መልከጼደቕ ዝተጸውዐ ውልቀ ሰብ ካህንን፣ ንቤተክርስትያንን፣ ንመላእ ሕዝቢ ዓለምን ብእግዚኣብሔር ዝተዋህበ እዩ። ዋና ዓላማ ናይዚ ህያብ እዚ ድማ ንክብሪ ኣምላኽን፣ ንድኅነት ነፍሳትን፣ ንሕንጸት ሕዝበ እግዚኣብሔርን (ቤተክርስትያን) እዩ። ከምቲ መልእኽቲ ዕብራውያን ኣነጺሩ ኣሰፊሩዎ ዘሎ ንጸዋዕታና እቲ፥ *“ከም ኣሮን ብኣምላኽ ዝተጸውዐ እምበር፣ ነዚ ክብር'ዚ ባዕሉ ክወስዶ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን፣። ክርስቶስውን ሊቀ ካህናት ንምዃን ገዛእ ርእሱ ኣየኽበረን። ግና ኣምላኽ፣ ‘ንስኻ ወደይ ኢኻ፣ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ’ በሎ። ኣብ ካልእ ሥፍራ ድማ ‘ንስኻ ከም መዓርግ መልከጼደቅ ንዘለዓለም ካህን ኢኻ’ በሎ” (ዕብ 5: 4-6)* ዝብል መሪሕ ቃል እግዚኣብሔር እዩ መበገሲኡን መሠረቱን። ብንግሆኡ እግዚኣብሔር ንነፍስ ወከፍ ካህን፣ *“ዘእንበለ እጹጥርከ እምከርሠ እምከ፣ ኣእመርኩከ፣ ወዘእንበለ ትፃእ እማሕፀን ቀደስኩከ፣ ወነቢየ ረሰይኩከ ለኣሕዛብ፣ - ኣብ ከርሚ ኣደኻ ከይሓነጽኩኻ ኃረኹኻ፣ ከይተወለድካ ከኣ ቀደስኩኻ እሞ ነሕዛብ ነቢይ ክትከውን ድማ መደብኩኻ”* (ኤር 1:5) ከምዝበሎ ክንኣምንን ብእኡ ተተባቢዕና ብጸዋዕታና ክንሕጐስን፣ ከምቲ ክርስቶስ ዝደልየና ኮይንና

ንመጓሰና ክንከናኸንን ኣገዳሲ እዩ። ኢየሱስ ባዕሉ'ውን፣ *"ኣነ እየ ዝኃረኽኹም እምበር ንስኻትኩም ኣይኃረኹምንን"* (ዮሓ 15፥16) ስለዝበለና ክህነታዊ ጸዋዕታና ጥራይ ዘይኮነ ተልእኾና እውን ምንጩን መበገሲኡን እቲ እግዚኣብሔር ኣቦ ንዓለም ከድኅን ካብ ሰማይ ዝለኣኾ 'ወልደ እግዚኣብሔር' ብርእሱ እዩ፣ *"ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን። ከምቲ ኣቦ ንኣይ ዝለኣኸኒ፣ ኣነ'ውን ከምኡ እልእከኩም ኣሎኹ በሎም። እዚ ኢሉ ኡፍ በለሎም እሞ 'መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ፣ ኀጢኣቶም ንዝንደግኩምሎም ኪኀደገሎም፣ ንዘይኃደግኩምሎም ግና ኣይክኀደገሎምን እዩ' በሎም"* (ዮሓ 20:21-23) እናበለ፣ ቅድም ንሓዋርያቱ፣ ካብኡ ከኣ ንኩሎም ተኸተልቶም ኣብዚ ዓለም ስርሑ ክንቅጽል ኃላፍነት ዘልበሰና። ብሓቂ ካብዚ ዝዓቢ ጸዋዕታን ተልእኮን ክርከብ ኣይከኣልን እዩ። መዓልቲ መጽአ ብምሉእ ልብና ክንቅበሎን ብብቑዓት ክንነብሮን የኽእለና ምባል ጥራይ እዩ ዘድልየና። መዓልቲ መጽአ ድማ ብዓብይ እምነትን ኣመስጋኒ ልብን፣ *"እቲ ክርስቶስ ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ የገድደና እዩ"* (2ቆሮ 5:14) እናበልና ኣብ ተልእኮና ንጸመድ። እቲ ዝጸውዓናን ዝለኣኸናን ጐይታ ከኣ እሙን ስለዝኾነ ዘድልየና ጸጋን፣ ኃይልን ጥበብን ካብ ምሃብ ኣይቍጠብን እዩ። ከመይ ንሱ እዩ ኣቐዲሙ ኃርዩናን ኣፍቂሩናን። እዚ ሓቂ እዚ ዓንድ-ማእከል ክህነታዊ ሕይወትን ተልእኮን እዩ።

ንባበ መለኮታዊ ትርጉምን ተልእኮን ናይ ምሥጢረ ክህነት፣ ብሓጺሩ ኣብ ልዕሊ እቲ ቅዱስ መጽሓፋዊ መበቀሉ፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ካብ ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካንን፣ ካብ መጽሓፍ ቅዳሴናን፣ ካብ መዝገበ ሃይማኖትን ዝጠቐሶም ጽሑፋት ክንረኽቦም ንኽእል ኢና። ኣብቲ መዓርገ ክህነት ዝኣርእስቱ ሰነድ ከምዝሰፈሮ፣ *"እቲ ካህናት ብሕይወቶምን ብኣገልግሎቶምን ክጽዕሩሉ ዝግባእ ዕላማ፣ ንእግዚኣብሔር ኣቦ፣ ኣብ ክርስቶስ ክብሪ ምሃብ እዩ። እዚ ክብሪ'ዚ ዝርከብ ከኣ ደቂ ሰብ ብንቕሓት፣ ብናጽነትን ምስጋናን ነቲ ኣብ ክርስቶስ ምልኣት ዝረኸበ መደብ ኣምላኽ ምስ ዝትርጉምዎ እዩ። ስለዚ ካህናት ሕይወቶም ናብ ጸሎትን ስግደትን እንተወፈዩ፣ ቃል ኣምላኽ እንተሰበኹ፣ ወይ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን እንተቐረቡ፣ ካልኦት ምሥጢራት እንተ ሠርዑን፣ ወይ ከኣ ምእንቲ ጠቕሚ ደቂ ሰብ ካልእ ኣገልግሎት እንተፈጸሙን፣ ንክብሪ እግዚኣብሔርን፣ ንዕብየት ደቂ ሰብ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትን እዮም ዓብይ ስራሕ ዘበርክቱ። ኩሎም እዞም ተግባራት እዚኣቶም ካብ ምሥጢረ ትንሣኤ ክርስቶስ ዝፍልፍሉ ብምዃኖም ኣብቲ ዳግማይ ናይ ክብሪ ምጽኣት፣ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር ኣቦ መንግሥቱ ከረክቦ ከሎ ፍጻሜ ክረኽቡ እዮም"* (መዓርገ ክህነት ቍ.2)። ኣብ መጽሓፍ ቅዳሴና እውን ነዚ ሓቂ እዚ ጽሙቕ ኣቢሉ የቕርበልና እዩ። ቅዳሴ ያዕቆብ ዘስሩግ ከምዝብሎ፣ *"ዝኬ ውእቱ ኪዳነ ቃልከ ዘታውሥኦሙ ለካህናት እንዘ ትብል ጼው ለምድር፣ ዘትቤሎሙ ለካህናት ብርሃኑ ለዓለም፣ ዘትቤሎሙ ለካህናት ኣዕይንተ እግዚኣብሔር፣ ዘትቤሎም ለካህናት ማኅቶተ ቤተክርስቲያን፣ ዘትቤሎም ለካህናት ኣምሳለ መላእክት። ነዓኬ ሊቀ ካህናት ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ትባርክ ሕዝበከ ወርስተከ ለዓለም ዓለም፤ - ኦ ሊቀ ካህናት ኢየሱስ ክርስቶስ፣ 'ንስኻትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም'፣ እንክትብል ዝተናገርካዮ ናይ ኪዳንካ ቃል እዚ እዩ። ንካህናት 'ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም'፣ ኣዕይንቲ እግዚኣብሔር፣ መብራህቲ ቤተክርስቲያን፣ ኣምሳል መላእኽቲ ኢኹም' ዝበልካዮም ንሕዝብኻን ርስትኻን ክትባርኽ ነዓ"* (ቅዳሴ ያዕቆብ ዘስሩግ)። ካብዚ ዝዓቢ ገለጻ ትርጉም መዓርገ ክህነት ብቐሊሉ ኣይርከብን እዩ።

ኣብ መዝገበ ሃይማኖት ከኣ ኣዕሙቕ ኣቢሉ ንናይ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክህነታዊ ማእከልነት የመርግድ። ጸዋዕታን ተልእኮን ካህናት ኣብዚ ምድሪ ንክርስቶስ ኣፍን ኢድን እግርን ኮይንካ ንእኡ ምውካል ብእኡ ተመሪሕካ ተልእኮኻ ምፍጻም ከምዝኾነ ይገልጽ። እቲ ንክህነታዊ ስራሕና ትርጉም ዝህቦ፣ እቲ ብዓይኒ ሰብ ዘይርአ፣ ግናኸ ብሓቂ ህልው ዝኾነ ባዕሉ ክርስቶስ እዩ። *"እቲ ብሰብ-መዓርግ ዚፍጸም ኣገልግሎት መዓርጋዊ ክህነት፣ ነቲ ጥምቀታዊ ክህነት ዘገልግል እዩ። ንጠቕሚ ቤተክርስቲያን ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ምሥጢራት ዝሰርሕ ብሓቂ ክርስቶስ ባዕሉ ምዃኑ ውሕስነት ዚህቦ እዚ መዓርጋዊ ክህነት እዩ። እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ነቲ ሥጋ ዝለበሰ ወዱ ዘወፈዮ ተልእኮ፣ ንሓዋርያት፣ ብኣኣቶም ኣቢሉ ከኣ ንተካእቶም (ተኸተልቶም) ተወፍዩ እዩ። ብስሙን ኣብ ክንድኡን ኮይኖም ምእንቲ ኪሰርሑ መንፈስ ኢየሱስ ተቐቢሎም እዮም። እቲ መዓርግ ዝለበሰ ኣገልጋሊ፣ ነቲ ሊጡርጊያዊ ተግባር ምስ'ቲ ናይ ሓዋርያት ቃልን ተግባርን ብኣኡ ኣቢሉ ከኣ ምንጪ ምሥጢራት ምስ ዝኾነ ናይ ኢየሱስ ቃላቱን ተግባራቱን ዘራኽብ ምሥጢራዊ ማእሰር እዩ"* (መዝ.ሃይማ ቍ. 1120)። ስለዚ ጸዋዕታን ሕይወትን ካህን ካብ ክርስቶስ ተበጊሱ፣ ምስኡ ተጓዒዙ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብኡ ዝምለስ ናይ እግዚኣብሔር መለኮታዊ መደብ እዩ ክንብል ንኽእል። እዚ ከኣ ኣዝዩ ዓሚቑን ዓብይን ስለዝኾነ በብቑሩብ ክበርሃልና ብእምነትን ብትሕትናን መዓልቲ መዓልቲ ንጐይታ ምልማን ከድልየና እዩ። ኣብ መዝሙር ዳዊት እሞ ከኣ ኪነው እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ እዩ ዝኸይድ። *"ኣንሰ እቤ ኣማልክት ኣንትሙ፡ ወደቂቀ ልዑል ኵልክሙ፣ - ኣነስ 'ኣማልኽቲ ኢኹም፣ ኵልኻትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም"* (መዝሙር 82፥6)። ኣብ መዓልቲ ክህነት ነዚ ቃላት እዚ ብከመይ ዝበለ ታሕጓስ ክንዝምሮን ክንውርቦን ንውዕል። ስለዚ ብሓደ ወገን ንሕና ካህናት ብምግራም፣ *"እዚ ክንድ'ዚ ዝዓቢ ክብሪ ከረክብ ከመይ ኮነለይ!"* ጥራይ ኢና ክንብል እንኽእል። ንምሉእ ሕይወትና እውን፣ *"ምንተኑ ኣዐሥዮ ለእግዚኣብሔር በእንተ ኵሉ ዘገብረ ሊተ። ጽዋዐ ሕይወት እትመጦ፣ ወስመ እግዚኣብሔር እጼውዕ፣ - ኣብ ክንዲ እቲ ዝገበረለይ ኩሉ*

*ሠናይስ፣ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ (ሞሳ) ክመልሰሉ እየ?’* (መዝ 116፥12) እናበልና ብዝከኣለና መጠን ነቲ ዝተገብረልና ዓብይ ድማዕ ሞሳ ክንመልስ ክንጽዕር የድሊ። ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝብሎ ዝኾነ ብመንፈስ ቅዱስ ዝዕደል ህያብ ንኃባራዊ ጠቕሚ ንክውዕል እዩ ዝወሃብ። *“እምበኣርከስ በብዓይነቱ ውህበት ኣሎ። መንፈስ ቅዱስ ግና ሓደ ንሱ እዩ። በብዓይነቱ ኣገልግሎት ኣሎ፣ ጐይታ ግና ሓደ ንሱ እዩ። በብዓይነቱ ዝኾነ ተግባራት ኣሎ፣ እቲ ኣብ ኩላቶም ኩሉ ዚገብር ኣምላኽ ግና ሓደ ንሱ እዩ። ምግላጽ መንፈስ ቅዱስ ንጠቕሚ ብዙኃት ንነፍስ ወከፍ ሰብ ይወሃቦ እዩ”* (1ቆሮ 12:4-7)። ካቶሊካዊ ንባበ መለኮት ከምዝምህረና፣ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ነብይ ካህን ንጉሥ እዩ። ንሕና ካህናት ከኣ፣ ኣሰር ሊቀ ካህናት ኢየሱስ ክርስቶስ ተኸቲልና፣ ከም ነብያት (Prophets)፣ ኣበሠርቲ ወንጌልን መማህራን ሃይማኖትን፣ ከም ካህናት (Priests)፣ ሠራዕትን ዓደልትን ምሥጢራት፣ ኣገልግሎት ንግሥነትና (Kings) ከኣ መራሕትን ጓሶትን ሕዝበ እግዚኣብሔር ክንከውን ብመንፈስ ቅዱስ ተዓዲልና ኢና። ቅዱስ ጳውሎስ ኣብቲ ናብ ጢሞቴዎስን ቲቶን ዝጸሓፎ ጉስነታዊ መልእኽቱ ነዚ ክርስቶስ ዘካፈለና ሠለስተ ፍሉይ ናይ ኣገልግሎት ኃላፍነት ከም ጥዑይ ትምህርቲ (Sound Teaching)፣ ጥዑይ ጠባይ (Sound Character)፣ ጥዑይ ምሕደራ (Sound Administration/Structure) ገቢሩ የቕርቦ። እዚ ብክርስቶስ ዝተዋህበና ተልእኮ ብዝግባእ እንተፈጺምናዮ ኣብ ጉስነታዊ ስራሕና ዕውታት ከምእንኸውን ርጉጻት ኢና፣ ከመይ በዞም ሠለስተ መንገድታት ዝሰርሕ ክርስቶስ እምበር ንሕና ኣይኮናን።

## ኣብ ክርስቶስ እንተ ተወኪልና ብድኻምነትና ኣይንኀፍርን ኢና

በቲ ካልእ ወገን፣ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ መዝሙር ዳዊት፣ *“ኣንትሙሰ ከመ ሰብእ ተመውቱ፣ ወከመ ኣሓዱ እመላእክት ትወድቁ፣ - ግናኸ ከም ሰብ ክትሞቱ፣ ከም ሓደ ካብቶም መሳፍንቲ’ውን ክትወድቁ ኢኹም በልኩ”* (መዝሙር 82፥7) እናበለ ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ክቡር ህያብ ብትሕትናን ጥንቃቐን ተቐቢልና ከምቲ እግዚኣብሔር ዝደልዮ ክንነብር ይዕድመና። ስለዚ ህያብ ክህነት ዘጃህረና ዘይኮነ ትሕትና ዘልብሰና ህያብ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ እውን ኣነጺሩ *“እቲ ዓብይ ኃይሊ ናይ ኣምላኽ እምበር፣ ናትና ከምዘይኮነ ምእንቲ ክገሃድ፣ እዚ ሃብቲ እዚ ኣባና ፣ ከም ኣብ ኣቕሓ መሬት ዝተቐመጠ እዩ”* (2ቆሮ 4:7) ክብል የተሓሳስበና። ስለዚ ብመንፈስ ምስጋናን ትሕትናን ነቲ መምህርናን ኣብነትናን ዝኾነ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ምእንቲ ፍቕርናን ድኅነትናን ዝተሳቐዮ ሕማማት ኩሉ ጊዜ ክንዝክሮን ኣብ ልዕሊኡ ከነስተንትንን ክንጽልን ይግባእ። ኢየሱስ *“ብባህርዩ ኣምላኽ እኳ እንተኾነ፣ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዚነበሮ ማዕርነት ‘ኣይገድፍን’ ኢሉ ኣይተኸራኸረን። እንተኾነ ሰብ ብምዃን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ፣ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሳብ ሞት፣ ኣረ እኳ ደኣ ክሳብ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ”* (ፊል 2:5-8)። ስለዚ ክህነታዊ ጸዋዕታና ንኣገልግሎትን ንመሥዋዕትነትን እምበር ንክብርን ንሥልጣንን ኣይተዋህበናን። ነዚ ኩሉ ጊዜ ክንዝክሮን ናብ ግብሪ ክንትርጉሞን እንተጽዒርና ኣብ መጨረስታ እቲ ዘይጠልም ጐይታ ዓስብና ክህበና ምዃኑ ካብቲ ዓብይ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ እንመሃሮ ሓቂ እዩ። ነፍስ ወከፍና፣ ምስኡ ኃቢሩ፣ *“ሠናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፣ ጉያይ ወዲአ እየ፣ ነታ እምነት እውን ሓሊወያ እየ፣ ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ”* (2ጢሞ 4:8-9) ክብል ይደፍር። ካህን ማለት ብዝከኣሎ መጠን ነቶም ክጓሰዮም ብጐይታን ብቤተክርስትያንን ዝተዋህብዎ ምእመናን፣ ብምሉእ ልቡ ብፍቕርን ተወፋይነትን ዘገልግል እዩ። ኣብ ኩሉን ምስ ኩሉን ብዝተዓጻጸፍ መንፈስ ኣብ ሕይወቱን ስራሑን ንክብሪ እግዚኣብሔርን ንድኅነት ነፍሳትን ዘቐድም ምስሌነ እቲ እንኮ ሕያዋይ ጓሳና እዩ። እንደገና ቅዱስ ጳውሎስ፣ *“ትሕት ምባል እፈልጥ፣ ኀልፍን ትርፍን ዘሎካ ምዃን እፈልጥ፣ ኣብ ጽጋብ ኮነ ኣብ ጥሜት፣ ብሃብቲ ኮነ ብድኽነት፣ ኣብ ኩሉን ብኹሉን ልሙድ እየ። በቲ ኃይሊ ዚህበኒ ክርስቶስ ንኹሉ እኽእሎ እየ”* (ፊል 4:12-13) እናበለ ናይ ሓቀይና ኣገልጋሊ ክርስቶስ መንፈስ ይገልጸልና። ገለ ገለ ጊዜ ከምዝስማዕ ካህን ምዃን ኣነነትካ ንምድንፋዕ ዝተዋህበ፣ ከምኡ’ውን መናፍስቲ ናይ ምልላይን ምስጓግን፣ ሕሙማት ናይ ምሕዋይን ፍሉይ ክእለት ዝህብ መዓርግን ስልጣንን መሲሉ ይቐርብ። ገለ ከኣ ትሑታትን ሓለይትን ተመሲሎም ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ዝፍትኑ እውን ኣለው። እዚ ግን ክንጥንቀቐሉን ክንርዕደሉን ዘሎና ጉዳይ እዩ። *“ሓደ እኳ ሓቂ ብዘይብሉ ትሕትናን ንመላእክቲ ብዚግበር ኣምላኾን ነቲ ዓስቢ ዓወት ኣየግድፍኩም። እዚ ሰብ እዚ በቲ ዝረኸቦ ራእይ እናተመጻደቐ ከንቱ ብዝኾነ ሥጋዊ ኣተሓሳስባኡ ዚዕበ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ምስቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ርክብ የብሉን፣ ንሰብነት ብጅማትን መገጣጠምን ኣሲሩ ዚምግብ ርእሲ እዩ፣ ኣምላኽ ከምዝሃቦ ከኣ ይዓቢ”* (ቆላ 2:18-19፣ ኤፌ 4:16 ረአ)። ኢየሱስ ንጴጥሮስ *“እምበኣር ናብ ፈተና ከይትኣትውሰ ንቕሑን ጸልዩን፣ መንፈስ ድልዊ እዩ፣ ሥጋ ግና ድኹም እዩ”* (ማቴ 26:41) ከምዝበሎ፣ ሎሚ’ውን ንነፍስ ወከፍ ካህን ነዚ ማዕዳ ከምዝደግመሉ ርጉጽ እዩ።

ሎሚ ኣብ ቤተክርስትያን ተገልግሉ ዘሎኹም ካህናት ብዕድመ ናእሽቱ ምዃንኩም ኩልና እንፈልጦ ጉዳይ እዩ። እሞ ኣገልግሎትኩምከ እንታይ ይመስል ይኸውን? ዝብል ሕቶ ክለዓል ከኣ ባህርያዊ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ግን ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ተመሃራዩ ዝጸሓፎ ዘተባብዕ ቃላት እውን ክጠቕሰልኩም እፈቱ።

*“ወኣልቦ ዘያስተኣብዳ ለውርዙትከ፣ ወኩኖሙ ኣርኣያ ለመሃይምናን በቃልከ ወበምግባርከ፣ ብፍቅር ወበሃይማኖት ወበንጽሕ። ወተዓቀብ እስከ እመጽእ በኣንብቦ ወበምሂር ወበገስጾ። ወኢታስትት፣ ጸጋሁ ዘላዕሌከ ዘተውህበከ ምስለ ተነብዮ፣ ወምስለ ሢመተ እዴሆሙ ለጳጳሳት። - መንእሰይ እዩ ኢሉ ሓደ እኳ ኣይንዓቕካ። ግና ነቶም ኣመንቲ ብቃል፣ በካይዳ፣ ብፍቕሪ፣ ብእምነት፣ ብንጽሕናውን ኣርኣያ ኩኖም። ኣነ ክሳዕ ዝመጽእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብን ምስባኽን፣ ምምሃርን ተጸመድ። ነቲ ብቃል ትንቢትን፣ ብምንባር ኢድ መራሕቲ ቤተክርስትያንን ዝተዋህበካ ጸጋ ሸለል ኣይትበሎ”* (1ጢሞ 4:11-14)። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኮነ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዘሞግሰና ወይ ዘንዕቐና እንተሎ፣ ብዝኒ ወይ ዋሕዲ ዕድመና ዘይኮነ፣ እቲ እነርእዮ ጠባይናን ኣከያይዳናን እዩ። ብዕድመ ንእሽቶ ኮይንካ ለባም ክትከውን፣ ብዕድመ ዓብይ ኮይንካ ከኣ ዓሻ ክትከውን ዝከኣል እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ደጊሙ ነቲ ዝተዋህበና ጸጋ መዓልቲ መጸ ክንኩስኩሶን ብመንፈስ ትብዓትን፣ ለጋስነትን ፍቕርን ኣብ ተልእኮና ክንጽመድ ከምዘሎና የዘኻኽረና። መንፈስ ትህኪትን ፍርሃትን ንፍገትን ምስቲ ኣብ ምሥጢረ ክህነት ዝተቐበልናዮ ጸጋ ኣይከይድን እዩ። *“ወበእንተዝ፣ ኣዜክረከ ከመ ተሓድስ ጸጋሁ ለእግዚኣብሔር፣ ዘረከብከ ብሢመተ እዴየ ላዕሌከ፣ እስመ ኣኮ መንፈሰ ፍርሃት ዘወሃበነ እግዚኣብሔር ዘእንበለ መንፈሰ ኃይል ወተፋቅሮ ወተግሣጽ። - ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክተሓድሶ ኣዘክረካ ኣሎኹ። ከመይ ኣምላኽ መንፈስ ኃይልን ፍቕርን ገዛእ ርእስኻ ምግታእን እምበር መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን”* (2ጢሞ 1:6-7)። ብቃል እግዚኣብሔርን ሥጋኡን ደሙን ተሰሲና መዓልቲ መጸ ብሓዲስ ተባላሓትነትን ናህርን ተልእኮና ክንፍጽም መንፈስ ቅዱስ ከምዝሕግዘና ርጉጻት ክንከውን የድሊ። ር.ሊ.ጳጳሳት ኣቦና በነዲክቶስ ንመላእ ቤተክርስትያን ንሓዲስ ስብከተ ወንጌል ክዕድምዋ ከለው፣ ሓዲስ ወንጌል ክትፈጥር ዘይኮነ፣ ነቲ ጥንታውን ወትሩ ሓዲስን ዝኾነ እንኮ ወንጌል ክርስቶስ ኣቀራርባኣን ኣሰባብኻኣን ምስ ጊዜና ዝኸይድ፣ ንደቂ ሎሚ ብምቕሉል ቋንቋን ገርህይና መሳርሕን ክኸውን እዮም ዘተባብዑዋ። እንተዘይኮነ ከምቲ ጳውሎስ ንሰብ ገላትያ ዝበሎ፣ ሎሚ'ውን ቤተክርስትያን፥ *”ግናኸ፣ ንሕና ኮነ ወይ ካብ ሰማይ ዝወረደ መልኣኽ ነቲ ንሕና ዝሰበኽናልኩም ዚጻረር ካልእ ወንጌል እንተደኣ ሰቢኹልኩም ውጉዝ ይኹን”* (ገላ 1:8) ዝብል መርገጺ እዩ ዘለዋ። ኣቀራርብኡን፣ እንጥቀመሉ ቋንቋን፣ ምልክታትን መጋበሪታትን ምስ ጊዜ ዝኸዱ ክኾኑ ናይ ግድን እዩ። ወንጌል ግን ወትሩ ንሱ እዩ።

## <u>ኣፍልጦ መልክዐ ኢየሱስን፣ መልክዐ ቤተክርስትያንን</u>

ዓበይቲ መማህራን ክርስትያናዊ ጉስነት ከምዝብልዎ፣ ኣብ ሓዋርያዊ ተልእኮና ክንዕወት እንተ ደሊና ቅኑዕን ዓሚቑን ርድኢት መልክዐ ኢየሱስን ቤተክርስትያንን ከነጥሪ የድሊ። መልክዓ ኢየሱስ ክብል ከሎኹ ንባበ መለኮታዊ ርድኢት ክርስቶስ (Christology) ማለት እዩ። እዚ ከኣ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መን ምዃኑን፣ እንታይ ከምዝበለን፣ እንታይ ከምዝገበረን፣ ንምንታይ ከምዝበሎን ከምዝገበሮን ኣዕሚቑካ ምፍላጥ እዩ። ኣብ ሃገርና እቲ መልክዐ ኢየሱስ ወይ መልክዐ መድኃኔ ዓለም እውን ነቲ ግዳማዊ መልክዕ ናይ ቁመና ሰብነቱ እናጸውዐ ነቲ ብድሕሪኡ ዘሎ ዘይርአ ዓሚቑ ስነ መለኮትን መንነትን መድኃኒና እዩ ክገልጽ ዝጽዕር። ስለዚ ንሕና እውን ንኢየሱስ ኣጸቢቕና ክንፈልጦን፣ ክንሰምዖን፣ ከነፍቅሮን፣ ክንክተሎን፣ ክንመስሎን ክንልኣኾን ከሎና ኣገባብ ጉስነትና ነቲ ናቱ ስለዝመስል ክንዕወት ንኽእል ማለት እዩ።

መልክዐ ቤተክርስትያን እውን (Ecclesiology) ነቲ መልክዐ ኢየሱስ ብዝመስል ኣገባብ ኢና ክንርእዮ ዘሎና። ቤተክርስትያን ባዕሉ ኢየሱስ ዝመስረታ፣ ነቲ ናይ ድኅነት ስራሑ እትቕጽል ማኅበር ተኸተልቱ ከም ምዃና መጠን፣ መልክዐ ንመልክዕ መስራቲኣ ክመስል ንቡር እዩ። ሓንቲ ቅድስቲ፣ ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት ቤተክርስትያን። መዝገበ ሃይማኖት ከምዝብሎ፣ ቤተክርስትያን ኣብ ልቢ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝተጸንሰት መደብ፣ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝተተኽለት፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተወልደት እያ። ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ ምሩጽ ሕዝቢ እግዚኣብሔር “ቤተ እስራኤል” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ፣ ማኅበር ተኸተልቲ ክርስቶስ ከኣ፣ ነታ ሓዳስ እስራኤል ስለዘቖሙ፣ “ቤተክርስትያን ወይ ቤተክርስቶሳውያን” (ኣቅላስያ) ተባሂሎም እንተ ተጸውዑ ዘገርም ኣይኮነን። መዝሙር ዘሕንጼሃ ለቤተክርስትያን እውን፣ *“ለዛቲ ቤት ሳረራ ኣብ፣ ለዛቲ ቤት ሓነጸ ወልድ ለዛቲ ቤት ወፈጸማ መንፈስ ቅዱስ”* (ዘሕንጼሃ ለቤተክርስትያን) ብምባል፣ ቅድስቲ ቤተክርስትያን፣ ዝርአ ናይ ድኅነት ደቂ ሰብ መሳርሒ (Sacrament of Salvation)፣ ክትከውን ብቅድስቲ ሥላሴ ከምዝተፈጥረት፣ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ከኣ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሓን ተደጊፋን ተልእኮኣ ከም እትቕጽል ይገልጸልና። እግዚኣብሔር *“ነቶም ብክርስቶስ ዝኣምኑ ኣብ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ክእክቦም ወሰነ። እዛ ቤተክርስትያን እዚኣ ካብ መፈለምታ ዓለም ድሮ ተመሲላ እትርከብን፣ ብዘስተንክር መንገዲ ኣብ ታሪኽ ሕዝበ እስራኤልን፣ ኣብቲ ናይ ጥንቲ ኪዳንን እተዳለወትን እያ። እዛ ድሒራ ዝቘመትን ብርደት መንፈስ ቅዱስ ዝተገልጸትን ኣብ መወዳእታ ዓለም ግርማዊ ፋሲካ ክትረክብ እያ። ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣበው ከምዝበልዎ ‘ካብ ኣቤል እቲ ጻድቕ ኣትሒዙ ክሳዕ እቲ ናይ መወዳእታ ሕሩይ’ ኣብታ ኩላዊት ቤተክርስትያን ኣብ ጉድኒ እግዚኣብሔር ኣቦ ክጥርነፉ እዮም”* (ብርሃን ኣሕዛብ ቁ2)። መንነትን ተልእኮን ቤተክርስትያን እምበኣር በዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ

ዓበይቲ ተግባራት እዩ ዝፍጽምን ዝግለጽን። እቶም ኣርባዕተ ከኣ **<u>ብሥራት ወንጌል</u>**፣ **<u>ግብረ ኣምልኾ</u>**፣ **<u>ኅብረት</u>**፣ **<u>ኣገልግሎት</u>** እዮም። ንሕና እቶም ኣብ ተልእኮ ጉስነት ዝተዋፈርና ድማ ነዞም ኣርባዕተ ስራሓት ብጥንቃቐን ብሚዛናዊ ኣገባብን ክንፍጽሞም የድሊ። ኣርባዕቲኦም ዝመላልኡን ክፈላለዩ ዘይብሎምን እዮም። ነፍስ ወከፍና ሰባኺ ወንጌል፣ ሠራዒ ግብረ ኣምልኾ፣ ሓናጺ ቤተክርስትያን፣ ኣገልጋሊ ኣኅዋት ክርስቶስ (ብፍላይ እቶም ንኡሳንን ድኻታትን) ክኸውን እዩ ተጸዊዑ።

**<u>ብሥራት ወንጌል</u>** (KERYGMA)፣ እቲ ቀዳማይ ብሥራት ወንጌል እዩ። ትሕዝቶ ናይ'ቲ ብሥራት ከኣ ብፍላይ ኣብ ግብሪ ሓዋርያት ንረኽቦ። እቲ ጽቡቕ ክንድ ዝመሃረን ዝገበረን ብሓሶት ተኸሲሱ ተሳቕዩ፣ ሞይቱ፣ ዝተቐብረ፣ ብኃይሊ ኣምላኽ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ከምዝተንሥአ፣ ኃጢኣት ዘይብሉ ኃጢኣተይና ኮይኑ ዝተበጀወና፣ ኣብ ልዕሊ ኃጢኣትን ሞትን ዓወት ክንረክብ ዕድል ዝሃበና ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምኻኑ እዩ። ኩሉ ኣብኡ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ከኣ ድኅነት ክረክብ እዩ። *“ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ሰበኹ፣ እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እዩ፣ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ”* (ማር 16:15-16)። *“እምበኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፣ እቲ ዝስማዕውን ቃል ክርስቶስ እዩ”* (ሮማ 10:17)።

**<u>ኣምልኾ</u>** (LEITURGIA)፣ እቲ ብቃል እግዚኣብሔር ዝተኣከበ ሕዝቢ ኣብ ኣምልኾን ምስጋናን፣ ልመናን፣ ንስሓን ተጸሚዱ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ብክርስቶስ፣ ኣብ መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ቅቡል መሥዋዕተ ቅዳሴ ይሳተፍ። ካብቲ መኣዲ ኅውነት ሥጋኡን ደሙን ይቕበል። ከምኡ'ውን በብጊዜኡ ካልኦት ምሥጢራት ይወሃብ። *“ታስተበቍዐከ እግዚኦ ኣምላክነ፣ ወትሰግድ ለከ ቤተክርስትያንከ፣ ወታሌዕለከ መርዓትከ፣ ይገንዩ ለከ ሕዝብከ፣ በጸሎቶሙ፣ ለፍጹማን፣ ወበስግደቶሙ ለቅዱሳን፣ በስእለቶሙ ለትጉሃን ወበኣስተብቍዖቶሙ ለመላእክት፣ ወበስብሓቶሙ ለሊቃነ መላእክት፣ በቅዳሴሆሙ ለሱራፌል ወበክብሮሙ ለኪሩቤል፣ ወበሉዓሌሆሙ ለኩሎሙ ልዑላን፣ ይትቀፈጽ ኄኀተ ብርሃን፣ ወይትረኃዉ ኣናቅጸ ሰብሓት፣ ይምጻእ መንፈስከ ሕያው ወቅዱስ፣ - ኦ ጐይታናን ኣምላኽናን ቤተክርስትያንካ ትልምነካን ትሰግደልካን ኣላ። መርዓትካውን ተምልኽካ፣ ሕዝብኻውን ይግዝኡልካ ኣለው። ንፍጹማን ብጸሎቶም፣ ንቅዱሳን ብስግደቶም፣ ንትጉሃን ብልመናኦም፣ ንመላእኽቲ ብምምላዶም ንሊቃነ መላእክት ብምስጋናኦም፣ ንሱራፌል ብቅዳሴኦም፣ ንኪሩቤል ብክብሮም፣ ንኩሎም ልዑላን ብልዕልናኦም ማዕጾ ብርሃን ይገለጽ፣ ኣፍ ደገ ምስጋና ከኣ ይከፈት፣ ሕያውን ቅዱስን መንፈስካ ይምጻእ”* (ቅዳሴ ዮሓንስ ወልደ ነጐድጓድ)። ኣብዚ ክበርሃልና ዘለዎ፣ ቤተክርስትያን፣ በቲ ሓደ ወገን፣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ብርእሱ ነቲ ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ በቲ ካልእ ከኣ፣ ነቲ ንሳቶም ተኣኪቦም ዘምልኹሉ ቦታ እዩ ዘስምዕ። *“ብሰላም ናብ ቤተክርስትያን ንገስግሥ ፣ ብሰላም እውን ኣብ ቅድሚኣ ንቑም። ኃጢኣት ዝድምሰሰላ ቅድስቲ ሰፍራ ምኳና ኣሚንና ንሳለማ”* (ሰላም ዘነግህ)። እቲ ቅዱስ ጉባኤ ዝኣርእስቱ ሰነድ ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን ኣነጺሩ፣ ግብረ ኣምልኾ ናይ ሕይወትን ተልእኮን ቤተክርስትያን ምንጭን መፈጸምታን ከምዝኾነ ይገልጸልና። ግብረ ኣምልኾ ክንፍጽም ከሎና፣ ከምቲ ቅዱስ ዮሓንስ ጳውሎስ ካልኣይ ዝበልዎ፣ መንግሥተ ሰማይ ናብ ምድሪ ይወርድ! ምስ ኪሩቤልን ሱራፌልን ቅዱሳንን ሰማዕታትን ኃቢርና ኢና ኣብቲ መሥዋዕተ ኣምልኾን ምስጋናን እንሳተፍ። ስለዚ ብከመይ ዝበለ ኣገባብ ክንዳለወሉ ምተገብአ! እቲ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ኣቦኡ ዘቕርቦ መሥዋዕቲ ቅቡል ስለዝኾነ ብእምነትን ፍቕርን እንተተሳቲፍና ንሕናውን “ጸጋ በዲበ ጸጋ” ምሓፈስና። *“ንሕና ኩልና ካብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና። ምኽንያቱ ሕጊ ብሙሴ ተዋህበ፣ ጸጋን ሓቅን ግና ብኢየሱስ ክርስቶስ ኮነ። ንኣምላኽ ሓደ እኳ ዝረኣዮ የልቦን፣ እንተኾነ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦ ዘሎ፣ እቲ በይኑ ውሉድ ዝኾነ ኣምላኽ ገለጸ”* (ዮሓ 1:16-18)። በዚ ምኽንያት እዩ ሥርዓተ ኣምልኾና፣ ንኩሉ ጸሎት “*በእንተ እግዚእነ ወመድኃኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ*” እናበለ ዝዛዝሞ።

**<u>ኅብረት</u>** (KOINONIA)፣ ብቃል እግዚኣብሔር ዝተኣከበን ኣብ መኣዲ ሥጋኡን ደሙን ዝተሳተፈን ሕዝቢ፣ ብእምነት ተሰፋ ፍቕሪ ተጠሚሩ ሓደ ክርስቶስ ዝመራሒኡ ስድራ እግዚኣብሔር የቑውም። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ገና ኣብዚ ምድሪ እዚ እንከሎ፣ *“ክልተ ወይ ሠለስተ ኮይኖም ብስመይ ኣብ ዝተኣከቡሉ፣ ኣነ ከኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም ኣሎኹ፣ እሞ ክልተ ካባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዝልምንዎ ነገር ኩሉ እንተተሰማምዑ፣ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪወሃቦም እዩ፣ ኢለ ከም ብሓዲሽ (ብሓቂ) እብለኩም ኣሎኹ”* (ማቴ 18:20-21) እናበለ ናይ ተኸተልቱ ኅብረትን ሓድነትን ወሳኒ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹና እዩ። መጽሓፍ ግብሪ ሓዋርያት ከም ዝበሎ፣ *“እቶም ዝኣመኑ ኩላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ፣ ብኹሉ ብርኪ ነበሩ እምበር፣ ሓደ እኳ ነቲ ገንዘቡ ‘እዚ ናተይ እዩ’ ዚብል ኣይነበሮምን”* (ግ.ሓ. 4:32)። ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ክጽሕፍ ከሎ ከኣ *“እምበኣርሲ ንስኻትኩም ሰብነት ክርስቶስ ኢኹም፣ ነፍስ*

*ወከፍኩም ከኣ ኣካላቱ ኢኹም”* (1ቆሮ 12:27) ይብል። ናብ ሰብ ገላትያ ድማ *“ኩልኻትኩም ብክርስቶስ ኢየሱስ ሓደ ኢኹም እሞ፣ በዚ ኣይሁዳዊ፣ ወይ ግሪኻዊ የልቦን፣ በዚ ባርያ ወይ ጭዋ የልቦን። በዚ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ የልቦን። ናይ ክርስቶስ ካብ ኮንኩም፣ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፣ ከምቲ ተስፋ'ውን ወረስቲ ኢኹም”* (ገላ 3:28-29) እናበለ ይጽሕፍ። እዚ ሓድነት እዚ ግን ክንደልዮን ክንሰርሓሉን ክንጽልየሉን የድልየና። በዚ ምኽንያት እዩ መጽሓፍ ቅዳሴና'ውን፣ ብዘገርም ኣገባብ፣ *“በእንተ ዝንቱ ማኅበርነ፣ ከመ ይትባረክ በብዝኀ ጸጋከ፣ ከመ ይጽንዑ ድኩማን፣ ወይጽድቁ ኃጥኣን፣ ከመ ይንጽሑ እለ ይኔስሑ ወይትዐቀቡ ጻድቃን፣ ከመ ይድኃኑ ምንዱባን ወያዕርፉ ምንዙዛን፣ ከመ ይንህዩ ትኩዛን ወይትፈስሑ ሕዙናን፣ ከመ ይትባልሑ ቅቡጻን ወይሕየው ድዉያን፣ ከመ ይትመየጡ ጊጉያን ወይትረከቡ ግዱፋን፣ ከመ ይቅረቡ ርሑቃን ወይትዐቀቡ ቅሩባን፣ - ምእንት'ዚ ማኅበርና'ውን ብብዝሒ ጸጋኻ ኪባረኽ፣ ድኹማት ኪጸንዑ፣ ኃጥኣን ኪጸድቁ፣ እቶም ዚንስሑ ኪነጽሑ፣ ጻድቃን ኪሕለዉ፣ ኣብ ጸበባ ዘለው ኪድኀኑን፣ ጭኑቓት ከዕርፉን፣ ዝጕሃዩ ኪጸናንዑን ደስ ኪብሎምን፣ ተስፋ ዝቐበጹ ኪድኀኑን፣ ሕሙማት ኪሓውዩን፣ ጊጉያት ክምለሱን፣ ጥፉኣት ኪርከቡን፣ ዝረሓቑ ኪቀርቡን፣ እቶም ኣብ ቀረባ ዘለው ኪሕለውን”* (ቅዳሴ ዮሓንስ ወልደ ነጕድጓድ)።

<u>**ኣገልግሎት**</u> (DIAKONIA)፣ እዚ ሕዝቢ እዚ ብፍቕሪ እግዚኣብሔርን ብፍቕሪ ብጻይን ተደሪኹ ነቲ ኩሉ ዝገብሮን ዝብሎን ንክብሪ ኣምላኽን ንኣገልግሎት ደቂ ሰብን ከውዕሎ ይግባእ። ኢየሱስ ባዕሉ እግሪ ተመሃርቱ ብምሕጻብ ተግባራዊ ኣብነት ኣርእዩዎም እዩ። ስለዚ ኣብ ቤተክርስትያን እውን ኩሉ ኃላፍነት ወይ ሥልጣን ንኣገልግሎትን ንኃባራዊ ጠቕምን እዩ ዝወሃብ። ደቂ ዘብዴዎስ ኣብ ክብርኻ ሓዴና ብየማንካ ሓዴና ድማ ብጸጋምካ ክንቅመጥ ፍቐደልና ምስ በልዎ፣ ኢየሱስ *“ነሕዛብ እቶም ከም ሹማምንቶም ዚቝጸሩ ከም ዝመልኩዎም፣ እቶም ዓበይቶም ድማ ኣብ ልዕሊኦም ከም ዚሥልጥኑ ትፈልጡ ኢኹም። ኣባኻትኩም ግና ከምኡ ኣይኮነን። እቲ ዓብይ ኪኸውን ዝደሊ ኣገልጋሊኹም ይኹን። እቲ ካባኻትኩም ጕይታ ኪኸውን ዝደሊ ከኣ ንሱ ልኡኽኩም ይኹን። ምኽንያቱ ከኣ ወዲ ሰብ ከገልግልን ሕይወቱ በጃ ብዙኃት ኪህብን እምበር ከገልግልዎ ኣይመጽኣን በሎም”* (ማር 10:42-45)። ኣብ መወዳእታ ዓለምውን መድኃኒና ብክብሪ ኣብ ዝመጽኣሉ ጊዜ ነቶም ኣብ ፍርዲ ዝቐርቡ ኩሎም፣ *“ጠምየ ኣብላዕኩምኒ፣ ጸሚአ ኣስተኹምኒ፣ ጋሻ ኮይነ መጺአ ተቐበልኩምኒ፣ ዓሪቐ ከደንኩምኒ፣ ሓሚመ በጻሕኩምኒ። ተኣሲረ ኣጸናናዕክሙኒ ክብሎም እዩ”* (ማቴ 25:35-36)። ንሳቶም ድማ ተገሪሞም ነዚ ኩሉ መኣስ ከምዝገበሩሉ ምስ ሓተትዎ፣ *“እቲ ንሓደ ካብዞም ዝነኣሱ ኣኅዋተይ ዝገበርኩምዎ፣ ንኣይ ከምዝገበርክምዎ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ኢሉ ክምልሰሎም እዩ”* (ማቴ 25:40)። ስለዚ ትሑትን ፍቕሪ ዝመልኦን ኣገልግሎት እዩ ዕውት ሓዋርያዊ ስራሕ ክንፍጽም ዝሕግዘና። ኣነነትን ህልኽን ኣብ ዝመልኦ ስራሕ ጉስነት፣ ድኻምን ክሳራን ጥራይ እዩ ዝሕፈስ።

## <u>ዕብየትን ድኽመትን ነቢይ ዮናስ ወዲ ኣሚታይ</u>

ካብዚ ቀጺለ፣ ነዚ ኣስተንትኖና ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ይጠቅም ዝበልኩዎ ታሪኽ ነቢይ ዮናስ ከም ኣብነት ሒዘልኩም መጺአ ኣሎኹ። ኣብዚ ዘመነ ዓብይ ጾም ደጋጊምኩም ነታ ሓጻር መጽሓፍ ከተንብብዋን ነቲ መልእኽታ ከተስተንትንዎን ክትጽልዩዎን እውን ኣተባብዓኩም። መጽሓፍ ነቢይ ዮናስ ካብተን ዝሓጸራ መጻሕፍቲ ነብያት ኮይና፣ ኣርባዕተ ምዕራፍ ጥራይ ዝሓዘት እያ። ኣብኣ እንረኽቦ መልእኽቲ ግን ኣዝዩ ዓብይን እዋናውን እዩ። ብፍላይ ንኣና ንሰበኽቲ ወንጌል (ንጳጳሳትን ንካህናትን ውፉያትን) ኣዝዩ ዘተባብዕን ዘወቅስን መልእኽቲ ኣለዋ። በዚ ምኽንያት እየ ከኣ፣ ኣብዚ እዋን ኮሮና ቫይሩስን፣ ኣብ ዘመነ ጾመ ኣርብዓን ፍሉይ ትኹረት ክንህባ ዝዕድመኩም ዘሎኹ። ብክልተ ጥቕሲ ክንጅምር ሓጋዚ እዩ። ኣብታ ቀዳመይቲ ጥቕሲ፣ እግዚኣብሔር፣ ንሕዝቢ ነነዌ ኪሰብከሎም ንነብይ ዮናስ ይልእኮ፣ ንሱ ግን ካብ ኃላፍነቱ ይሃድም። *“ሓደ መዓልቲ እግዚኣብሔር ንዮናስ ወዲ ኣሚታይ፣ 'ተንሥእ እሞ ናብ ነነዌ፣ ናብታ ዓባይ ከተማ ኪድ፣ እከይ (ክፍኣት) ሕዝባ ዓብዩ ከምዝኾነ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ ኣንጻራ ስበኽ” በሎ። ዮናስ ግና ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ኪሃድም ናብ ተርሴስ ተበገሰ፣ ናብ ኢዮጴ ከኣ ወረደ፣ ናብ ስፐይን እትኃልፍ መርከብ ድማ ረኸበ። ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ምእንቲ ኪርሕቕ፣ ምስኣቶም ናብ ስፐይን ኪኸይድ ከኣ ዋጋ ከፊሉ ናብታ መርከብ ኣተወ”* (ዮናስ 1:1-3)። ኣብ መንገዲ ማዕበል ምስ በርትዖም እቶም ዋናታት መርከብ ኣዝዮም ተረበሹ እሞ፣ ንዮናስ ከኣ ሕቶታት የብዝኁሉ። ኣብ መጨረስታ፣ ንሱ በደሉ ተኣሚኑ ኃላፍነቱ ክለብስ ይግደድ። ነቶም ሰብ መርከብ እውን *“እዚ ብርቱዕ ማዕበል ብሰንከይ ከምዝበጽሓኩም ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ፣ ኣልዒልኩም ናብ ባሕሪ ደርብዩኒ፣ እቲ ባሕሪ ከኣ ክሃድኣልኩም እዩ በሎም”* (ዮናስ 1:12)። ንሳቶም ከኣ ነዚ ብምግባርና ኣይትቕጽዓና ኢሎም ንኣምላኽ ድሕሪ ምልማን፣ *“ንዮናስ ኣልዒሎም ናብ ባሕሪ ደርበዩዎ፣ እቲ ባሕሪውን ሽው ንሽው ሃድአ። እቶም ሰባት ከኣ ንእግዚኣብሔር ኣዝዮም ፈርሑዎ፣ መሥዋዕቲ ድማ ሠውዑሉ፣ መብጽዓውን ተመባጽዑ”* (ዮናስ 1:15-16)። በቲ ሓደ ወገን ቅንዕናን ንስሓን ነቢይ ዮናስ ነቶም ኣረማውያን እውን ኣብ ኣምላኽ እስራኤል ክኣምኑ ሓጊዙዎም እዩ ክንብል ንኽእል ኢና። እግዚኣብሔር ከኣ ብጥበቡ ንዮናስ ኣብ ውሽጢ እቲ ባሕሪ ኣብ

ኩብዲ ሓደ ዓብይ ዓሣ ክምዝዕቀብ ገበሮ እሞ፣ ኣብኡ ኮይኑ ልቢ ዝትንክፍ ጸሎት ክጽሊ ክኣለ። ንሕና'ውን መዓልቲ መጸ ክንደግሞ ዝግብኣና፣ ናይ ጣዕሳን ጸጸትን፣ ከምኡውን ናይ እምነትን፣ ተስፋን፣ ፍቕርን ጸሎት እዩ። ንኣናውን ዘወሓጠና ዓብይ ዓሣ ክህሉ ይኽእል እዩ። ብሰንኪ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይሩስ ተዓጺውናሉ ዘሎና ገዛውቲ፣ ከምኡ'ውን ጥሜት ሥጋን ነፍስን፣ ሕማቕ ኣመልን ልማድን፣ ጽልእን ቅርሕንትን፣ ሕማም፣ ድኽነት፣ እዚኦም ኩሎም ዓበይቲ ዓሣ ኮይኖም ኣብ ከርሖም ክዓግቱናን፣ ብርሃን ጉይታ ከይንርኢ ክኽልክሉናን ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ነፍሰ ወከፍ ካህን ከም ዮናስ ወዲ ኣሚታይ፣ ኣብ ገዛውትና ተዓጺውና እውን ምእንቲ ርእስናን ምእንቲ ሕዝብናን ነዚ ዝስዕብ እቲ ነቢይ ኣብ ከርሢ ዓሳ ኮይኑ ዘቕረቦ ጸሎት ክንደግም ንኽእልን ይግብኣናን እዩ። እግዚኣብሔር ንዮናስ ሰሚዑዎስ ካብ ከርሢ እቲ ዓሳ ተተፊኡ ብርሃን ክምዝርኢ እውን ገቢሩዎ እዩ። ኣብዚ ጸሎት እዚ ዘበራትዕ ቃላትን ጽቡቕ መግለጺ ህልው ኩነታትናን ክንረኽበሉ ንኽእል ኢና።

## ***ጸሎት ዮናስ ነቢይ***

*"ዮናስ ኣብ ኩብዲ ዓሣ ኮይኑ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኹ ጸለየ፣*
*'ካብ መከራይ ዝተላዕለ ናባኻ ናብ እግዚኣብሔር ኣእወኹ፣ ንስኻ ከኣ መለስካለይ። ኣብ ዓዲ ምውታት ኮይነ ኣእወኹ፣ ንስኻውን ድምጸይ ሰማዕካ። ንስኻ ናብቲ መዓሙቕ ናብ ልቢ ባሕሪ ደርበኻኒ፣ ወሓይዝ ከበቡኒ፣ ኩሉ ማዕበልካን ሞገድካን ብልዕለይ ኃለፈ። ኣነ ከኣ ካብ ቅድሚ ኣዕይንትኻ ተሰጒጒኩ፣ ግናኸ ናብ ቅዱስ መቕደስካ መሊሰ ክጥምት እየ ኢለ ሓሰብኩ። ማያት ኣጥሓለንን ሓነቓንን፣ መዓሙቕ ባሕሪ ከኣ ኣስጠመኒ፣ ሣዕሪ*
*ባሕሪ ኣብ ርእሰይ ተጠምጠመ። ናብ መሠረት ኣኽራን፣ ናብቲ መዓጹኡ ንሓዋሩ ዕጹዊ ዝኾነ ምድሪ ወረድኩ። ንስኻ ግና ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ! ብሕይወተይ ካብ ጉድጓድ ኣውጻእካኒ። ክመውት ቀሪበ ክጸዓር ከሎኹ፣ ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ናባኻ ጸለኹ፣ ንስኻ ከኣ ኣብ ቅዱስ መቕደስካ ኮይንካ ሰማዕካኒ። እቶም ከንቱ ንዝኾኑ ኣማልኽቲ ዘምልኹ፣ ንኣኻ ንወሃብ ጸጋኦም ይኃድጉ። ኣነ ግና ብመዝሙር ከመስግነካ እየ፣ መሥዋዕቲ ከቕርበልካ እየ። ነቲ ዝተመባጻዕኩዎ ከኣ ክፍጽም እየ፣ ምድኃን ካባኻ ካብ እግዚኣብሔር እዩ። ሽዑ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር እቲ ዓሣ ንዮናስ ናብቲ ንቑጽ ምድሪ ተፍኦ"* (ዮናስ 2)።

## **እግዚኣብሐር ኩሉ ሰብ ክድኀን እዩ ዝደሊ**

ኣብዛ ትስዕብ ካብ መጽሓፍ ዮናስ ዝተወስደት ጥቕሲ ድማ፣ እግዚኣብሔር እንደገና ንዮናስ ወዲ ኣሚታይ ናብታ ዓባይ ከተማ ነነዌ ይልእኮ፣ ንሱ ከኣ ይእዘዝ። ሕዝቢ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ናብ ንስሓን ለውጢ ሕይወትን የምርሑ። እቶም ሕዝቢ ምስ እግዚኣብሔር ይዕረቑ እሞ፣ ኩላቶም ምሕረትን ድኅነትን ይረኽቡ። *"ንካልኣይ ጊዜ ከኣ እግዚኣብሔር ንዮናስ 'ተንሥእ ናብ ነነዌ፣ ናብታ ዓባይ ከተማ ኪድ፣ ኣነ ዝህበካ መልእኽቲ ሰበኽላ' በሎ። ዮናስ ንእግዚኣብሔር ተኣዘዞ፣ ተንሢኡ ከኣ ናብ ነነዌ ከደ። ነነዌ ግና ንምቍራጻ ሠለስተ መዓልቲ እትወስድ ኣዝያ ዓባይ ከተማ ነበረት። ዮናስ ናብታ ከተማ ኪኣቱ መገዲ ሓንቲ መዓልቲ ምስ ተጓዕዘ 'ነነዌ ኣብ ውሽጢ እዘን ኣርብዓ መዓልቲ እዚኣን ክትግምጠል እያ' ኢሉ ንሕዝቢ ነነዌ ሰበኸሎም"*። *ሰብ ነነዌ ከኣ ነቲ ናይ ኣምላኽ መልእኽቲ ኣመንዎ። ኩሉ ኪጸውም ድማ ኣወጁ፣ ከምዝተጣዕሱ ምእንቲ ከርእዩ ከኣ ካብ ዓበይቶም ክሳዕ ናእሽቱኦም ወጮ ተኸድኑ"* (ዮናስ 3:1-5)። ኣብዚ እውን ነቢይ ዮናስ ንእግዚኣብሔር ተኣዚዙ ደኣ ንነነዌ ይኺድ እምበር ኣብቲ ከመሓላልፎ ዝነበሮ መልእኽትስ ከምቲ ዝሓሰቦን ዝተጸበዮን ኣይነበረን። ዮናስ ኣብ ውሽጢ ኣርብዓ መዓልቲ ክትጠፍኡ ኢኹም ክብሎም ከሎ እግዚኣብሔር ከኣ ብሓቂ ከጥፍኦም እዩ ተጸቢዩ ነይሩ። እቶም ሕዝቢ ነነዌ ምስ ንጉሦምን ጥሪቶምን ኣብ ጾምን ምህልላን ተጸሚዶም ምስ ተነስሑ ግን እግዚኣብሔር ምሕረት ገበረሎም እሞ ዮናስ ኮረየ። ናይ እግዚኣብሔር መግናሕቲ ኣራሚ እምበር ኮናኒ ከምዘይኮነ ዘንጊዑ፣ ንባዕሉ ንኣምላኽ ክንድዝመስል፣ ኣምላኽ ንእኡ ክመስል ይጽበ ነይሩ። *"ወተከዘ ዮናስ ዓቢየ ትካዘ ወኃዘነ!፣ - ዮናስ ግና በዚ ነገር እዚ ኣዝዩ ጕሃየ፣ ኲረየ'ውን። ናብ እግዚኣብሔር ድማ 'ኦ እግዚኣብሔር እልምነካ ኣሎኹ፣ እቲ ኣብ ሃገረይ ከሎኹ ዝተዛረብኩዎ እዚዶ ኣይኮነን፣ መሓርን ርኅሩኅን ንኹራ ደንጓይን በዓል ዓብይ ምሕረትን፣ ንእኩይ እትጥዓሰሉን ኣምላኽ ከምዝኾንካ ሰለ ዝፈለጥኩ እየ ኣቐዲመ ናብ ሰፐይን ዝሃደምኩ"* (ዮናስ 4:1-2) እናበለ ኩራኡ ገለጸ። ንኣድጊ ዘይከበዶስ ንጠይቒ ከበዶ ከምዝበሃል፣ ነቲ ዝተበደለ እግዚኣብሔር ዘይከበዶስ ነቲ ልኡኽ ዝያዳ ከቢዱዎ ማለት እዩ። ዮናስ፣ ከምቲ ንጉሥ ከተማ ነነዌ ዝገበሮ *"ካብ ዙፋኑ ተንሢኡ ልብሲ መንግሥቱ ቀንጢጡ ወጮ ተኸዲኑ ኣብ ሓሙኹሽቲ"* (ዮናስ 3:6) ክንዲ ዝቕመጥ ንሕዝቡ ከይመሰለ፣ ነታ ዘምጽኣ መልእኽቲ ጥራይ ደርብዩ፣ ንዓዱ ክምለስ እዩ ዝነበረ ድልየቱ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ዮናስ ጸቢብ ናይ ድኅነት ርድኢት እዩ ነይሩዎ። ከም ቅዱስ ጳውሎስ፣ እግዚኣብሔር *"ኩሉ ሰብ ኪድኅንን፣ ናብ ፍልጠት ሓዊ ኪመጽእን እዩ ዚፈቱ። ኣምላኽ ሓደ እዩ፣ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ መተዓረቒ ድማ ሓደ እዩ። ንሱ ከኣ እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ኢየሱስ እዩ። ንሱ ኣብ ክንዲ ኩሉ ሰብ ገዛእ ርእሱ በጃ ኣኅሊፉ ሃበ፣ እዚ ከኣ ጊዜኡ ምስ በጽሐ ኣምላኽ ኩሉ*

*ኪድኅን ከምዝደሊ ምስክር እዩ፣ ኣነ ከኣ ነሕዛብ ሓቅን እምነትን ምእንቲ ክምህር (ሓቂ እዛረብ ኣሎኹ፣ ኣይሕሱን እየ) ሰባኽን ሓዋርያን ኮይነ ተሾምኩ”* (1ጢሞ 2:4-7) ዝብል ናይ ሓዲስ ኪዳን መልእኽቲ፣ ኩሉ ሰብ ብዘይ ፍልልይ ዓሌትን፣ ዕድመን፣ ጾታን፣ ዝድኅነሉ መደብ ኣምላኽ ኣብ ግምት ኣየእተወን። ድኅነት ነቲ እግዚኣብሔር ዝኃረዮ ሕዝቢ እስራኤል እምበር ንሕዝቢ ነነዌ እውን ዝወሃብ ኣይመስሎን። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ብመሓሪነት ኣምላኽ ክንዲ ዝሕጎስ ኣዝዩ ዝኾረየ። ንዮናስ ዘኾረዮ ካልእ ነገር እውን ኣሎ። ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ናይቲ መጽሓፉ *“እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ንዮናስ ከተጸልለሉ እሞ ካብ ሕሰሙ ከተናግፎ ኢሉ፣ ሓንቲ ተኽሊ ኣብቀለ፣ ኣብ ልዕሊኡ ከም እትዓቢ ድማ ገበራ። ዮናስ’ውን በታ ተኽሊ ኣዝዩ ተሓጎሰ። ግናኸ ንጽባሒቱ ምስ ወግሐ ኣምላኽ ነታ ተኽሊ ሓሰኻ ከም ዝበልዓ ገበረ፣ ንሳ ከኣ ነቐጸት። ጸሓይ ምስ በረቐ ድማ ኣምላኽ ውዑይ ንፋስ ምብራቕ ሰደደ፣ ጸሓይ ከኣ ንዮናስ ክሳዕ ዚሕለሎ ርእሱ ወቕዓቶ። ንሱ’ውን ‘ካብ ብሕይወት ምንባርሲ ሙማት ይኅሸኒ’ ኢሉ ንሕይወቱ ሞት ለመነላ። ኣምላኽ ከኣ ንዮናስ ‘ብዛዕባ እታ ተኽሊ ክትቍጣዕዶ ይግብኣካ እዩ?’ ኢሉ ሓተቶ። ዮናስ ድማ ‘ክሳዕ ሞት ዜብጽሕ ቍጥዓ እኳ ክቝጣዕ ይግብኣኒ እዩ’ ኢሉ መለሰሉ። እግዚኣብሔር ከኣ ‘ንስኻ በታ ዘይደኸምካላን ዘየዕበኻያን ብሓንቲ ለይቲ ዝበቖለት ብሓንቲ ለይቲ ድማ ዝጠፍኣት ተኽሊ ትጒሂ ኣሎኻ። ኣነኸ ነታ ዓባይ ከተማ ነነዌ የማናም ካብ ጸጋሞም ክፈልዩ ዘይክእሉ፣ ካብ ሚእትን ዕሥራን ሽሕ ዚበዝሑ ሰብን ብዙኃት እንስሳን ዘለውዋ ክርኅርኃላ ዘይግብኣኒዶ ይመስለካ’ በሎ”* (ዮናስ 4:6-11) ዝብል ነንብብ። እዚ ብሓቂ ዓብይ ጉስነታዊ ትምህርቲ ዝምህረና ምሳሌ እዩ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዓብይ ር.ሊ.ጳጳሳት ዘሮሜ፣ *“maxima lex cura animarum፣ - እቲ ዝለዓለ ሕጊ ጥዕና ወይ ክንክን ነፍሳት እዩ”* ክብሉ ሓቀም እዮም። ንዮናስ ግና ቅድሚ ኩሉ ዝስራዕ፣ እቲ ብጥርሑ ረኺቡዎ ዝነበረ ጽላል ናይታ ተኽሊ ጉልዒ እዩ ነይሩ። እግዚኣብሔር ግን በቲ ወሰን ዘይብሉ ጥበቡ፣ ሕይወትን ድኅነትን እተን ሚእትን ዕሥራን ሽሕ ነፍሳት ሰብ ነነዌ፣ ቅድሚ ኩሉ ክሰርዕ ከምዝነበሮ ንዮናስ ክምህሮ ተረኺቡ። ንኣና’ውን ሎሚ ኣዝዩ ሓጋዚ መተሓሳሰቢ ክኾነና ይግብኦ።

## ኣተሓሳስባ እግዚኣብሔርን ኣተሓሳስባናን በበይኑ እዩ

ነቢይ ዮናስ ዘይተረድኦ ዓብይ ነጥቢ ኣሎ። ብሓጺሩ ነቲ እግዚኣብሔር ብነቢይ ኢሳይያስ፣ *“ሓሳባተይ ከም ሓሳባትኩም ኣይኮነን፣ መገድታትኩም ከኣ ካብ መገድታተይ ፍሉይ እዩ። ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፣ መገድታተይ ከኣ ካብ መገድታትኩም፣ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ”* (ኢሳ 55:8-9) ዝበሎ ስለዝዘንግዐ እዩ ኣብ ዓብይ ጸገም ዝኣተወ። እግዚኣብሔር ኩሉ ዝኽእል፣ ኩሉ ዝፈልጥ፣ ንኩሉ ከኣ ክምሕርን ከድኅንን ዝደሊ ርኅሩኅ ኣምላኽ ምዃኑ ክርሳዕ የብሉን። ንሕና ሓንቲ’ኳ ኣይንፈልጥን ኢና። ሓድሓደ ጊዜ እቲ ምስ እግዚኣብሔር እንገብሮ ምጕት እውን ጨው ዘይብሉ ናይ ኣምስሉታት ኣዘራርባ እዩ። ስለዚ እቲ ዝሓሸ መንገዲ ከም ኢዮብ ጻድቕ፣ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና፣ *“ኩሉ ከምእትኽእልን፣ ነቲ ዝመደብካዮ ካብ ምግባር ዝኽልክለካ ከም ዘየልቦን ሕጂ ፈለጥኩ። ፍልጠት ዘይብሉ ክንሱ ንጥበበይ ዚቃወም መን እዩ? ኢልካ ትሓተኒ ኣሎኻ። ብርግጽ ኣነ ነቲ ዘየስተውዓልኩዎ፣ ብዛዕባ እቲ ኣዝዩ ዘገርም ነገር፣ ኣነ ድማ ንምፍላጡ ዘይከኣልኩ ተዛረብኩ። ክዛረበካስ ስምዓኒ ኮታ?፣ ኣነ ክሓተካስ ንስኻውን መልስለይ? ትብለኒ ኣሎኻ። ብዛዕባኻ ብእዝነይ ሰሚዐ ነይረ፣ ሕጂ ግና ብዓይነይ እርእየካ ኣሎኹ። ስለዚ ንርእሰይ እፍንፍን ኣሎኹ። ኣብ ሓመድን ሓመኹሽትን ኮይነ ከኣ እንሳሕ ኣሎኹ”* (ኢዮ 42:2-6) ክንብል ጥራይ እዩ ዘሎና። ናይ ሎሚ ሓዋርያት’ውን ነዚ ክልተ ዓይነት ጠባይ ነቢይ ዮናስ ዝለበስና ኢና ክንብል ንኽእል። ሽሕ’ኳ ንትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣዳዕዲዕና *“እምቢ”* እንተዘይበልና፣ ብዙኅ ጊዜ ግን ምኽንያት ነብዝኅ፣ ንጠዋወ ወይ ንሃድም፣ ንሕባእ ኢና። ነፍስ ወከፍና ነናትና መሃድሞ ዝኾናና ሰፐይንን ተርሴስን ንረክብ ኢና። ሕራይ እንተበልናዮ እውን እግዚኣብሔር ከም’ቲ ንሕና ንደልዮ እምበር ከም’ቲ ንሱ ዝደልዮ ክንገብር ኣይንጽበን። ብፍላይ ሕዝብና ብዙኅ ክሳቐ ክንርኢ ከሎና ትዕግሥትና ክጽንቀቕ ይኽእል። ንእግዚኣብሔር እውን *“ስቓይ በዚሑን ነዊኑን”* እናበልና ዳርጋ ክንቋየቖ ንደሊ። እዚ ከኣ ፍቕሪ ሕዝብና ስለዝድርኸና እዩ። ነዚ ዝስዕብ ቃላት ቅዱስ ጴጥሮስ ከነንብብ ከሎና ከኣ እንደገና ካብ እንፈልጦ ዘይንፈልጦ ከምዝበዝኅ ይርድኣና። *“ኣቱም ፍቁራተይ፣ ኣብ እግዚኣብሔር ሓንቲ መዓልቲ ከም ሽሕ ዓመት፣ ሽሕ ዓመት’ውን ከም ሓንቲ መዓልቲ ምዃኑ፣ እዛ ሓንቲ ነገር እዚኣ ኣይትረስዑ። ጐይታስ ኩላቶም ናብ ንስሓ ኪበጽሑ እምበር፣ ሓደ እኳ ኪጠፍእ ዘይፈቱ ስለዝኾነ፣ ምእንታኻትኩም ይዕገሥ ኣሎ እምበር፣ ከምቲ ንገሊኣቶም ዚድንጒ ዚመስሎም ንተስፋኡ ኣየደንጕዮን እዩ”* (2ጴጥ 3:8-9)። ስለዚ ንኣና ንጓሶት’ውን ሎሚ፣ እታ ቅንዕቲ መልሲ፣ ከም’ታ ናይ መምህርና  ኢየሱስ ክርስቶስ እታ፣ *“ኦ ኣቦይ! ፍቓድካ እንተኮይኑስ ነዛ ጽዋዕ እዚኣ ካባይ ኣኅልፋ፣ ግናኸ ፍቓድካ ደኣ እምበር ፍቓደይሲ ኣይኹን”* (ሉቃ 22:42) እትብል ጸሎት እያ ክትከውን ዝግብኣ። ዮናስ ንኣምላኽ ናብ ድሌቱ ክጥምዝዞ ጽዒሩ፣ እንተኾነ ተበሳጭዩ ደኣ ተረፈ እምበር እግዚኣብሔር ከምቲ ዝደለዮ ካብ ምግባር ኣይተቖጠበን። ስለዚ *“መንፈራገጥ መመላለጥ”* ከምዝብሉ ኣምሓሩ፣ ንሕና’ውን ኣብ ዘይስራሕናን ዘይዓቕምናን ኣቲና ንርእስናን ንካልኦትን ዘየድሊ ስቓይን ብስጭትን ኣይንፍጠር። እዛ ትስዕብ ቅኔ ኣብዚ ናይ

ሎምዘመን ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ብንኡስ ወድና ኣባ ቶማስ ነጋሽ ዝተዳለወት እያ። እቲ በዓል ኣብ ጾመ ነነዌ ስለዝወዓለ ምስ እዚ ኣስተንትኖና እትጋጠም ቅኔ ኮይና ስለዝረኸብኩዋ ኣብዚ ከእትዋ መዲበ።

*"በጾም ወበጸሎት ገዳመ ነነዌ መሃረ፣ ወልደ ኣማቴ ነብይ፣*
*ድኅረ ርእየ መዝራዕተ እግዚኡ እምልዑል ሰማይ፣*
*ወእንተ ነነዌ ርኩሰት ወዘበኀቤሃ እኩይ፣*
*በዝናመ ኪዳን ኣምላከ ዘያነጽሕ ማይ፣*
*ወረሰዮ ለኩሉ ሠናይ"*

## <u>ተባላሓትነት ካህን ኣብ ጉስነታዊ ስራሕ</u>

ጉስነታዊ ስራሕ ብዙኅ ጥበብን፣ ትግሃትን ተባላሓትነትን ዝሓትት እዩ። ብፍላይ ኣብ መጀመርታ ወይ ኣብ ሓዲስ ቦታ ናይ ሓዋርያዊ ስራሕካ፣ ምኩራት ኳሶት "*ንኩሉ ተዓዘብ፣ ብዙኅ ስማዕ፣ ቍሩብ ተዛረብ*" ዝብል ወርቃዊ ምኽሪ ይህቡና። ቅዱስ ዮሓንስ ወንጌላዊ "እቲ ቃል ሥጋ ኮነ ጸጋን ሓቅን መሊኡዎ ከኣ ምሳና ነበረ" (ዮሓ 1:14) ክብል ከሎ፣ ወልደ እግዚኣብሔር ብዘይካ ኃጢኣት (2ቆሮ 5:21 ረአ) ብኩሉ ንኣና ከምዝመሰለን፣ ኣብ ማእከልና ኮይኑ ንኩሉ ሰብኣዊ ኩነታትና ፈሊጡን ተረዲኡን፣ ዝሓመሙ ከምዝፈወሰ፣ ዝጠመዩ ከምዝዓንገለ፣ ዝኃዘኑ ከምዘጸናንዐ፣ ዝሞቱ ከምዘተንሥአ፣ ንዝበደሉ ይቕረ ከምዝበለ፣ ንዝደንቀሩ ከምዝመሃረ ወንጌል ኣጸቢቑ ይገልጸልና እዩ። ንኣብነት ኣብ ወንጌል ማቴዎስ "*ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ እናመሃረ፣ ወንጌል መንግሥቲ  እናሰበኸ፣ ኩሉ ሕማምን፣ ኣብ ሕዝቢ ዝነበረ ድናሰን እናኣሕወየ፣ ኣብ ኩለን ከተማታትን ዓድታትን ይዘውር ነበረ። ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረኣየ፣ ጓሳ ከምዘይብለን ኣባጊዕ፣ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ ራኅርኃሎም*" (ማቴ 9:35-36) ይብለና። ስለዚ ከም ሓፈሻዊ መምርሒ፣ ነፍስ ወከፍ ሓቀይና ጓሳ፣ ንርእሱ ፈሊጡ ንመጓሰኡ ክፈልጥ ዘጽዕር እዩ። ነዚ ክገብር ከኣ መጀመርያ፣ ኣብ ኩነታትን ናብራን መጓሰኡ ብምሉእ ልቡ ክኣቱን ብውሽጢ ክርድኦን ክጽዕር የድሊ (*Insertion*)። ኣብዚ ቋንቋን ባህልን፥ ታሪኽን፣ ምስላን ተረትን ናይቲ ሕዝቢ ኣዕሚቑካ ምፍላጥ ዓብይ ተራ ኣለዎ። ካልኣይ ነቲ ዝተዓዘቦን ዝረኣዮን ኩነታት ክምርምር፣ መበገሲ ምኽንያት ናይቲ ዝነብራሉ ዘለዋ ኩነታት ክፈልጥ ምጽዓር (*Analysis*) ። ሣልሳይ ነቲ ህልው ኩነታት ብመንጽር ቃል እግዚኣብሔር ንምግንዛብ ዓሚቑን እምነት ዝመልኦን ስነ-መለኮታዊ ኣስተንትኖ ምክያድ( *Theological Reflection*)። ኩሉ እንምህሮን እንሰብኮን እንገብሮን ብመንጽር ቃል ኣምላኽን ትውፊት ቤተክርስትያንን ክምዘንን ክምራሕን ይግባእ። ራብዓይ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ሥሩዕ ገምጋም ናይ ጉስነታዊ ስራሕ ምክያድ (*Evaluation*)። ዘይግምግምን ዘይምርምርን ኣይመሓየሽን ኣይዓብን እዩ። ሓሙሻይ ድማ ካብ ዝሓለፈ ተመክሮን ገምጋምን ተማሂርካ ንዝመጽእ መደብ ምሕንጻጽ (*Planning*) እዩም። ምደባ ንኩሉ ሓዋርያዊ ስራሕ መኣዝን ይህቦ። ነዚ እናገበርና ግን ምእንቲ ሕዝብና ከየቋረጽና ክልምን፣ ክንጣበቕ፣ ክንበኪ'ውን ይግባእ። ምስ ዳዊት መዘምር ኮይንና ንሕዝብና ወኪልና ብዓብይ እምነት ከነእዊ የድሊ። ኩሉ ጊዜ፣ "*ጐይታየ! ቍጥዓኻ ክሳዕ መኣስ እዩ ዝጸንሕ? ተመለስ፣ ንባሮትካ ምሓሮም። ምሉእ ዕድመና ክንሕጐስን ባህ ክበለናንሲ ንግሆ ንግሆ ዘለዓለማዊ ምሕረትካ ኣጽግበና። ብመጠን እተን ዘጨነቕካና መዓልታትን፣ ክፉእ ዝረኣናለን ዓመታትን ኣሓጒሰና*" (መዝ 90:13-15) ክንበሎ ኣሎና። ስቓይ ስለ ዝበዝኃናን ዝነውኃናን፣ "*ንቃሕ እግዚኦ ለምንት ትነውም? ተንሥእ ወኢትግድፈነ ለዝሉፉ፣ ወተረሳዕነ ሕማምነ ወተፅናሰነ። እስመ ኀሥረት ውስተ ምድር ነፍስነ፣ ወጠግዓት በምድር ከርሥነ፣ ተንሥእ እግዚኦ ርድኣነ፣ ወኣድኅነነ በእንተ ስምከ፣ - ጐይታየ! ተበራበር እባ፣ ንምንታይከ ትደቅስ? ኣረ ንቓሕ! ንሓዋሩ ኣይትደርብየና! ንምንታይከ ካባና እትኀባእ? ንመከራናን ጸበባናን ኣይትረስዓዮ። ተደቚስና፣ ናብ ምድሪ ተደርበና፣ ተሳዒርና ኣብ ምድሪ በጥ በልና። ንዓ ርድኣና። መሓሪ ስለዝኾንካ ምእንቲ ስምካ ኣድኅነና!*" (መዝ 44፥23-26) እናበልና ክንምህለልን ከነማህልልን ግቡእና እዩ። እቲ ኩሉ ዝፈልጥ ጐይታናን መድኃኒናን እውን ኣይኩርን እዩ። ቁዘማን ኣውያትን መኻይድና ስለዝኾነ ደጋጊምና ተስፋ ብዝመልአ መንፈስ ምስ ሕዝብና ኮይንና፣ "*ኣምጻእከ ሕማመ ቅድሜነ፣ ወኣጽዓንከ ሰብኣ ዲበ ኣርእስቲነ፣ ኣኅለፈከነ ማእከል እሳት ወማይ ወኣብጻሕከነ ውስተ ዕረፍት፣ - ኣብ ቅድሜና ሕማም/ስቓይ ኣምጻእካ፣ ጸላእትና ከም ዘረግጹና ገበርካ፣ ብሓውን ብማይን ኣኅለፍካና፣ ሕጂ ግና ናብ ራጉዋ ኣውጻእካና* (መዝ 66:12) ክንብሎ ከሎና ከይሰምዓና ኣይተርፍን እዩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝብለና፣ በቲ ቀጻሊ ዘጨንቖ ዝነበረ ናይ ጥዕንኡ ጉዳይ እውን ከይተረፈ ንጐይታ ምስ ለመኖ፣ "'*ነዚ ስቓይ እዚ ካባይ ኣርሕቆ' ኢለ ንጐይታ ሠለስተ ሳዕ ለመንክዎ። ንሱ ከኣ 'ኃይለይ ኣብ ድኻም እዩ ዝግለጽ እሞ፣ ጸጋይ ይኣኽለካ' በለኒ። ስለዚ ኃይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ክኃድር፣ ብብዙኅ ታሕጓስ ብድኻመይ ክሕጐስ እየ*" (2ቆሮ 12:8-9) ክንብል ንርከበሉ ጊዜ እውን ክህሉ እዩ። ጸሎት ክርስትያን'ውን ብመሠረቱ እቲ ክርስቶስ ባዕሉ ዝመሃረና "*ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን*" (ማቴ 6:10) ምባል ጥራይ እዩ። እቲ ኢየሱስ ባዕሉ ዝሃበና መሪሕ ጉስነታዊ

ሜላ ከኣ፣ *"ብከምኡ ዝተቐበልኩምዎ ብኸምኡ ሃብዎ"* (ማቴ10:8) ዝብል እዩ። ስለዚ፣ ንጉስነታዊ ሓላፍነትና ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጊዜያዊ ጠቕሚ ንምርካብ ክንጥቀመሉ የብልናን።

ብዙሳ ጊዜ እኳ፣ ኣይብኃይልናን፣ ብኃይሉ፣ ብዝከኣለና መጠን፣ ፍቓድ እግዚኣብሔር ክንፍጽም፣ ኣብ ተልእኮና ንጽመድ ኢና። ብሓቂ ከኣ ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ወዱ *"ብኩሉ ዓቕሊ ነቲ ቃል እናመሃርካ፣ ብእዋን ራህዋን። ብእዋን ጸበባን ትጋህ፣ ኣረድእ፣ ግሠጽ፣ ምኸር"* (2ጢሞ 4:2) ዝበሎ ሰሚዕናን ተቐቢልናን ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ንጽዕርን ንርከብን ኢና። ገለ ዓበይቲ ልኡኻት ወንጌል፣ *"ሓደ ጓሳ ሠለስተ ዓበይቲ መንፈሳውያን ኃይላት ከጥሪ ኣለዎ፣ ንሳተን ከኣ ትዕግሥቲ፣ ትዕግሥቲ፣ ትዕግሥቲ እየን"* እናበሉ ብዋዛ ምስ ቍምነገር ይምዕዱና። ቅዱስ ጳውሎስ ሎሚ'ውን ከምቲ ቀደም ንነፍስ ወከፍና፣ *"ብዛዕባ እዚ ነገራት እዚ ኣጸቢቕካ ትጋህ፣ እናዓበኻ ትኸይድ ከምዘሎኻ ኣብ ኩሉ ምእንቲ ክግለጸሲ፣ ነዚ ነገር እዚ ኩለንታኻ ወፊ። ንገዛእ ርእስኻን ነቲ እትህቦ ትምህርትን ተጠንቀቕ፣ ኣብኡ ጸኒዕካ ንበር፣ ነዚ እንተ ገበርካስ ንርእስኻን ነቶም ዚሰምዑኻን ከተድኅን ኢኻ"* (1ጢሞ 4:15) ከምዝብሎ ክንኣምን ኣገዳሲ እዩ። ዘመነ ዓብይ ጾም ኣብ ንጅምረሉ ጊዜ፣ ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ብዛዕባ እቲ ክቡር ክህነታዊ ጸዋዕታናን፡ ብቤተክርስትያን ዝተዋህበና ፍሉይ ተልእኮን ከነስተንትንን ክንጽልን ኣዝዩ ጠቓሚ ኮይኑ ይስምዓኒ። ኩልና ከምእንፈልጦ ኣብዚ ዘሎናዮ ከቢድ ናይ ኮሮና ቫይሩስን ንሱ ዘስዓቦ ናይ ምዕጻውን ዘይምትእኽኻብን ኩነታት ንክህነታዊ ኣገልግሎትና ኣዝዩ በዳሂ ኮይኑ ኣሎ። ከምዚ ኢልና ድሮ ዓመት ጌርና ኣሎና። ሽሕኳ ነፍሳት ንምጉሳይ ብዝከኣለና ኃይልን ዘሎና ተበላሓትነትን እንተጸዓርና፣ ምስ ምንዋኅ ጊዜ ተወሰኽቲ ብድሆታት ከጋጥሙና ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ቅድሚ ኩሉ ብዛዕባ ጸዋዕታናን ተልእኮናን እስከ ነስተንትንን ንጸልን። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ክጽውዕ ከሎ ንስምዖንን ንእንድርያስ ኃዉን ገፈፍቲ ዓሣ ስለዝነበሩ መርበቦም ኣብ ባሕሪ ከውርዱ ከለው ረኣዮም እሞ፣ *"ገፈፍቲ ሰብ ክገብረኩምሲ ንዑ ሰዓቡኒ"* (ማር 1:17) እዩ ዝበሎም። ኀልፍ ኢሉ ንደቂ ዘብዴዎስ፣ ያዕቆብን ዮሓንስ ኃውን ምስ ረኣዮም እውን *"ብኡ ንብኡ ጸውዖም፣ ንሳቶም ከኣ ንዘብዴዎስ ኣቦኦም ምስ ዕሱባቱ ኣብ ጃልባ ኃዲጎም ሰዓብዎ"* (ማር 1:20)። ንሠለስት ዓመት ብቓልን ብግብርን ምስ መሃሮምን ምስ ኮስኮሶምን ከኣ *"ናብ ምሉእ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ሰበኹ"* (ማር 16:15) እናበለ ነቲ ንሱ ዝሰበኾ ብሥራት ወንጌልን ናይ ድኅነት ስራሑን ክቕጽሉ ዓብይ መዝነት ኣልበሶም። ውስኽ ኣቢሉ ከኣ፣ *"እንሆ ኣነ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ እናበለ"* (ማቴ 28:20) ዘተባብዕ ቃል ኣሰምዖም።

## ዝተፈላለየ ጉስነታዊ ሜላ ምጥቃም

ከም እሙን ተኸታሊ መምህሩ፣ ኩነታት እተን መጓሰኡ ፈሊጡን ተዓዚቡን፣ ካህን ዝተፈላለየ ኣገባብ ጉስነት ክረክብን ክኽተልን ኣለዎ። ምስ ዓበይቲ ዓብይ፣ ምስ ናእሽቱ ንእሽቶ ብምዃን እምነት እቶም ዝጓስዮም ክኽስብ ክጽዕር ኣለዎ። ናብ ዕብራውያን ዝተጻሕፈ መልእኽቲ ከምዝብሎ፣ *"ሊቀ ካህናት ዘበለ ኩሉ ካብቶም ከምኡ ዝኾኑ ሰባት ይኅረ። ንእግዚኣብሔር ብዝርኢ ነገር ከኣ መባእን መሥዋዕትን ስለ ኃጢኣት ምእንቲ ከቕርብ ምእንቲ ሰብ ይሸየም። ንሱ ንገዛእ ርእሱ ድኹም ስለ ዝኾነ፣ ነቶም ደናቑርን ኣብ ጌጋ ዝወደቑን፣ ክድንግጸሎም ይኽእል እዩ። ድኹም ስለ ዝኾነ ከምቲ ምእንቲ ሕዝቢ ከምኡ'ውን ምእንቲ ርእሱ፣ ስለ ኃጢኣት ክሠውዕ ይግደድ"* (ዕብ 5:1-3)። ጸዋዕታ ክህነትን ጉስነትን ነጻ ህያብ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ነፍስ ወከፍና ነቲ ዝተዋህበና ጸጋን ብትሕትና ክንቅበሎን ክንፈልጦን ከነገልግለሉን ይግባእ። ምስ ሕዝብና ኮይንና ከኣ መዓልቲ መጸ *"ኢትግድፈኒ ወኢትመንነኒ፣ ኣምላከ ሰላም ተራድኣኒ"* እናበልና ንማህለል። ሕዝብና ናብ እግዚኣብሔር ክምለሰ እንተደሊና ከኣ ኣቐዲምና ንሕና ንመለስ፣ ኣቐዲምና ንሕና ንነሳሕ። ከም በዓል ቅዱስ ዮሓንስ ቪያነ፣ ካህን ኣብ ጸሎት እንተተጸሚዱ፡ ሓቀይና ኣፍልጦ ርእሱ እንተለዎ፣ ከምኡ'ውን ምስ ኣቦ ነፍሱ ስሩዕ ናይ ምምኻር ልማድ ዘለዎ እንተኮይኑ ዕውት ናይ ጉስነት ሕይወትን ስራሕን ክነብር ይኽእል እዩ። መዓልቲ መጸ *"ሊተሰ ተሊወ እግዚኣብሔር ይኄይሰኒ፣ ወትውክልትየኒ ላዕለ እግዚኣብሔር፣ ከመ እንግር ኩሉ ስብሓቲሁ፣ በኣናቅጺሃ ለወለተ ጽዮን፣ - ንኣይ ግና ናባኻ ናብ ኣምላኸይ ምቕራብ ይሕሸኒ፣ ኩሉ ተግባርካ ምእንቲ ከዘንቱስ ኣባኻ ኣብ ልዑል እግዚኣብሔር ተዓቚበ ኣሎኹ"* (መዝ 73:28) ዝብል ጓሳ ነፍሳት ውዒሉ ሓዲሩ ንርእሱን ነተን ዘገልግለን ነፍሳትን ናብ መርሶ ድኅነት ከምዝመርሕ ኣየጠራጥርን እዩ። ድንጋጸ ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ናይ ጉስነት ህያባት እዩ። እዚ ማለት ግን ምእመናን ዝበሉኻ ምፍጻም ማለት ኣየስምዕን። ቅዱስ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ *"ብኩሉ ዓቕሊ ነቲ ቃል እናመሃርካ፣ ብእዋን ራህዋን፣ ብእዋን ጸበባን ትጋህ፣ ኣረድእ፣ ገሥጽ፣ ምኸር"* (2ጢሞ 4:2) ከምዝበሎ ማለት እዩ። ኣባ ዮሴፍ ቻምፐሊን ዝበሃሉ ኣመሪካዊ ካህን፣ ንቀሞሳት ዝጸሓፉዋ ሓንቲ ንእሽቶ መጽሓፍ Firm, but Kind and Gentle: A Practical Handbook for Pastoral Ministry ዝብል ኣርእስቲ ኣለዋ። ቀሞስ ብሓደ ወገን ጽኑዕ፣ እሙን፣ ቃሉ ዝሕሉ፣ በቲ ካልእ ከኣ ሕይዋይን ተዓጻጻፍን ወረጃን እውን ክኸውን ከምዘለዎ እዮም ዘረድኡና። ካህን ዝወላወል፣ ዝለዋወጥ፣ ወይ ድማ ኣፉ ዝቕድሞ፣ ጨካን እንተኮይኑ ኃላፍነቱን ክብሪ ናይቲ ዝውክሎ ጐይታን ረሲዑ ማለት እዩ። እዘን

ዝተጠቕሳ ሠለስተ ስነ-ምግባር ከኣ ብፍላይ ኣብ ጊዜ ጥምቀት፣ መርዓ፣ ቀብሪ እየን ዝረኣያን ዝፍተናን። እቲ ካህን፣ ኣብ ትእዛዝ እግዚኣብሔርን፣ እምነት/ትምህርቲ ቤተክርስትያንን፣ ፍቕሪ ምእመናኑን ተመርኲሱ ድዩ ዝውስን፣ ወይስ ብከይብሉኒ ብዝብል ፍርሒ፣ ወይ ብጊዝያዊ ጠቕሚ ተመሪሑ እዩ ዝኸይድ? ብዓይኒ ሰብ እዚ ሚዛናዊ ኣከያይዳ ከተማዕብል ቀሊል ኣይኮነን። ብዙሳ ጊዜ ናብ ሓዲኡ ኣቢልና ኢና ንዝንብል። ጽኑዕ ማለት ጨካን፣ ሕያዋይ ማለት ከኣ ልምሉም ከስምዕ የብሉን። በዚ ምኽንያት ከኣ እዩ ኣብ ቊምስናታትና ዘየድሊ ምስሕሓብ ዝፍጠር። እንተኾነ ነቲ ኢየሱስ *“እዚ ብዓቕሚ ሰብ ኣይከኣልን እዩ፣ ብኣምላኽ ግና ኩሉ ይከኣል እዩ”* (ማቴ 19:26) ዝበሎ እንተዘኪርና ኣቀራርባና ንምምዝዛን ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ኢና። ኣብዚ ከኣ ብዙሳ እምነትን፣ ጥንቃቐን ምስትውዓልን ተበላሓትነትን፣ ትሕትናን ከድልየና እዩ።

## <u>ዘየቋርጽ፣ ኣማላዲ ጸሎትን ምህልላን ናይ ጓሶት ኣገዳሲ ስራሕ ምኳኑ</u>

ኣብ መጽሓፍ ነቢይ ኢዩኤል ከምእነንብቦ፣ እግዚኣብሔር ንካህናት እዩ፣ ቅድሚ ሕዝቦምን ምእንቲ ሕዝቦምን ንስሓን ተጋድሎን ክገብሩ ዝጽውዖም። *“ላሕው ወቅንቱ ሠቀ ካህናት ወብክዩ እለ ትሠውዑ መሥዋዕተ፣ ሖሩ ሰክቡ ውስተ ሠቅ እለ ትሠውዑ ለእግዚኣብሔር፣ እስመ ኃልቀ መሥዋዕት ወሞጻሕት፣ እምቤተ እግዚኣብሔር። ቀድሱ ጾመ ወሰክቡ ምህልላ፣ ኣስተጋብኡ ሊቃውንተ፣ ወኲሎ ዘይነብር ውስተ ምድር፣ ውስተ ቤተ ኣምላክነ፣ ወጽርሑ ኀበ እግዚኣብሔር ኅቡረ፣ - መሥዋዕቲ እኽልን መሥዋዕቲ መስተን ካብ ቤት መቕደስ ኣምላኽኩም ጠፊኡ እዩ እሞ፣ ኣቱም ካህናት ተዓጢቕኩም ብኸዩ። ኣቱም ኣገልገልቲ መሠውዒ ዋይዋይ በሉ፣ ኣቱም ኣገልገልቲ ኣምላኽና፣ ንዑ ከሊ ተኸዲንኩም ኣብ ቤት መቕደስ ኅደሩ። ጾም ኣውጁ፣ ኣኼባ ጸውዑ፣ ንዓበይትን ኣብታ ሃገር ንዝነብሩ ኩላቶምን ናብ ቤት መቕደስ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ኣክብዎም፣ ናብ እግዚኣብሔር ከኣ ተማህለሉ”* (ኢዩኤል 1:13-14)። ሎሚ'ውን ንኣና ንጓሶት ነፍሳት እዩ ነዚ ጸዋዒት ዘቕርበልና ዘሎ እሞ፣ ኣብዚ ዘመነ ዓብይ ጾም ምእንቲ ርእስናን ምእንቲ ሕዝብናን ተዓጢቕና ንብከ፣ ንማህለል፣ ንሕዝብና ድማ ነማህልል። ሽሕ'ኳ በዚ ለበዳ ሕማም ምኽንያት ከም'ቲ ዝድለ ብዙሳ ሰብ ኣብ ቤተክርስትያን ክንእክብ እንተዘይከኣልና፣ ተጣቢብና፣ መዓቱ ምእንቲ ከዝሕለልና ኩሎም ምእመናን ክርስቶስ፣ ናብ እግዚኣብሔር ከምዝምህለሉ ንግበር። ምስ ኢሳያስ ነቢይ ኃቢርና ድማ፣ *“እግዚኣብሔር ምሓረና፣ ነኣኻ ንጸበ ኣሎና። መዓልቲ መዓልቲ ሓላዊና፣ ብጊዜ ጸበባ ከኣ ምድኃንና ኩን”* (ኢሳ 33:2) ንበሎ። ብፍላይ ኣብዚ ናብ ብርሃነ ትንሥኤ መድኃኒና ዘቀራርበና ዘመነ ጾም ኣርብዓ፣ ኣብ ጽዑቕ ጸሎትን፣ ጾምን፣ ምጽዋትን ክንጽመድ ኢና ንዕደም ዘሎና። እዚ ተግባራት እዚ ግን ብቅንዕናን ብእምነትን ብተስፋን ብእውነተይና ፍቕርን ክንፍጽሞ ኣሎና።

እንደገና፣ ኣብ መጽሓፍ ኢዩኤል፣ እግዚኣብሔር ደጋጊሙ ሓቀይና ጾምን ጸሎትን ምጽዋትን ክንፍጽም ጥራይ ዘይኮነ፣ ብፍላይ ንሕና ካህናት ብምሉእ ልብና ናብኡ ክንምለስ ብመንገዱ ከኣ ክንመላለስ ይዕድመና እሞ፣ ከየቋረጽና ምእንቲ ሕዝብና ከነማልድ ከኣ የተባብዓና። *“ወይብክዩ ካህናት እለ ይሠውዑ ለእግዚኣብሔር በማእከል ኣቅርንተ ምሥዋዕ፣ ወይበሉ ‘መሓክ እግዚኦ ሕዝበከ ወኢታኅሥር ርስተከ፣ ከመ ኢይንጽኅዎሙ ኣሕዛብ ወከመ ኢይበሉ ኣሕዛብ ‘ኣይቴ ውእቱ ኣምላኮሙ?፣ - እቶም ካህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር ኣብ መንጎ ኣፍ ደገ ቤተመቕደስን መሠውዕን ኮይኖም፣ ‘ኦ እግዚኣብሔር ንሕዝብኻ ንሓፎ፣ ንርስትኻ ኣሕዛብ ኪገዝእዎ ኣኀሊፍካ ኣይትሃቦ። ስለምንታይከ ኣሕዛብ ‘ኣምላኽኩም ኣበይ ኣሎ?’ እናበሉ ዘላግጹልና? ኢሎም እናጸለዩ ይብከዩ”* (ኢዩኤል 2:17)። ብከምዚ ዝበለ መንፈስ ኢና ንሕዝብና እውን ነቲ ከነመሓላልፈሉ ዝተዋህበና *“ናባይ ተመለሱ”* *ዝብል ቅኑዕ መልእኽቲ እግዚኣብሔር ከነሰምዖ ንኽእል። እቲ “እምበኣርሲ ሕጂ'ውን ብጾምን ብብኽያትን ብቍዘማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ። ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቅደዱ’ ይብል ኣሎ። ንሱ ንኹራ ደንጓዩ ብምሕረት ከኣ ምሉእ፣ ካብ ዘቕጽዕ ኪርኅርኅን ኪምሕርን እዩ ዚፈቱ እሞ፣ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተመለሱ። ምናልባሽ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተጣዒሱ ይምለስ ይኸውን፣ በረኸቱ ይኃድገልኩምን ዘራእትኹም የብዝኃልኩምን ይኸውን፣ ሽዑ መሥዋዕቲ እኽልን መሥዋዕቲ መስተን ከተቕርቡሉ ክትክእሉ ኢኹም። ካብ እምባ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፣ ጾም ኣውጁ፣ ኣኼባ ጸውዑ። ሕዝቢ ኣክቡ፣ ቅዱስ ጉባኤ ከም ዘሎ ንገሩ፣ ኣረገውቲ ኣክቡ፣ ቆልዑ ጡብ ዚጠብውን ኣክቡ፣ መርዓዊ ካብ ቤቱ ይውጻእ፣ መርዓት ከኣ ካብ ውሻጠኣ ትውጻእ።”* (ኢዩኤል 2:12-16) ዝብል ጸዋዒት እግዚኣብሔር ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ዓብይ ጾምን፣ ኣብዚ ዘሰክፍን ጽንኩርን ጊዜ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይሩስን፣ ውግእን ወረ ውግእን፣ ኣንበጣን፣ ጥሜትን ኣዝዩ ዘጸናንዕን ተስፋ ዝዘርእን እዩ። ጉይታ ከኣ ብርግጽ ከርኅወልናን ክዕረቐናን እዩ።

# ብዘይካ ትእምርቲ ነቢይ ዮናስ ካልእ ኣይትጸበዩ

ከምቲ ፈሪሳውያንን መምህራን ሕግን ንኢየሱስ ዝሓተትዎ ንሕናውን ደጋጊምና፣ *“ኣብዚ ጽንኩር እዋን እዚ፣ ብሓቂ ምሳና ከምዘሎኻስ ብምንታይ ንፈልጥ? እስኪ ገለ ፍሉይ ተኣምር ግበረና ኣእምነና?”* እናበልና ክንሓቶ ንደሊ ንኸውን። ብገሊኡ ከኣ ሓቅና ኢና። እቲ ስቓይ ብሓቂ በዚሑ፣ ነዊሑ፣ እቲ ናቱ ሱቕታ ከቢዱና ኣሎ። ስለዚ ንብሎን ንገብሮን ጠፊኡና ነቲ ሕቶ እንተደገምናሉ ክጸልኣልና የብሉን። ናብ መን ደኣ ከነእዊ?፣ ንመን ደኣ ክንሓትት? ኢየሱስ ግን ሎሚ'ውን እንተኾነ ነታ ንኣኣቶም ዝሃባ መልሲ እዩ ዝህበና። *“ሽዑ ገሊኣቶም ካብ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን፣ ‘ኦ መምህር! ካባኻ ትእምርቲ ንደሊ ኣሎና’፣ በልዎ። ንሱ ግና ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ ‘እዛ ክፍእትን ዘማዊትን ወለዶ እዚኣ ትእምርቲ ትደሊ ኣላ፣ እንተኾነ ብዘይ ትእምርቲ ነቢይ ዮናስ ካልእ ትእምርቲ ኣይወሃባን እዩ። ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሣ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ከም ዝገበረ፣ ከምኡ ከኣ ወዲ ሰብ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ኪገብር እዩ። ሰብ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ተነሲሖም እዮም እሞ፣ ብመዓልቲ ፍርዲ ነዛ ወለዶ እዚኣ ተንሢኦም ኪፈርዱዋ እዮም። እምበኣር ካብ ዮናስ ዝዓቢ ኣብዚ እንሆ። ንግሥቲ ኣዜብ ጥበብ ሰሎሙን ክትሰምዕ ካብ ወሰን ምድሪ መጺኣ እያ እሞ። ብመዓልቲ ፍርዲ ተንሢኣ ነዛ ወለዶ እዚኣ ክትፈርዳ እያ። እምበኣር ካብ ሰሎሞን ዚዓቢ ኣብዚ እንሆ”* (ማቴ 12:38-40 - ማር 8:11-12 - ሉቃ 11:29-32)። እዚ መልሲ እዚ ንኣና'ውን ሎሚ ቀሊል መልሲ ኣይኮነን። ብሓጺሩ እምነትኩምሲ ኣባይ ደኣ ግበሩዎ እምበር ኣብ ተኣምርን ትእምርትን ኣይትግበርዎ እዩ ዝብለና ዘሎ። መገዲ ገዲፍኩም ጓል መገዲ ኣይትድለዩ። ተኣምራትን ትእምርትን ብርእሱ ንእምነት ኣየበርትዓን እዩ። እምነት ናይ ልብን ኣእምሮን ምርጫን ውሳኔን እምበር ናይ ስምዒትን ርእይቶን ጉዳይ ኣይኮነን። ሰልዚ ንወልደ እግዚኣብሔር ኣሚንኩም ተቐበልዎ ወይ ከኣ ኣይንቐበልን በሉ ማለቱ እዩ ዝመስል ። በዚ ምኽንያት ከኣ እዩ፣ ማርታ ኃውቲ ኣልኣዛር፣ ኣብዚ ነይርካ እንተትኸውን ብተኣምር ንኃወይ ካብ ሙማት መትረፍካዮ ነይርካ ምስ በለቶ፣ ኢየሱስ፣ *“ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፣ እቲ ብኣይ ዚኣምንሲ እንተሞተ እኳ፣ ብሕይወት ክነብር እዩ ። እቲ ብኣይ ዚኣምን ሕያው ዘበለ ኩሉ ንዘለዓለም ኣይክመውትን እዩ። እዚዶ ትኣምኒ ኢኺ.”* (ዮሓ 11:25-26) ብምባል ዝበድሃ። ንሳ ከኣ *“እወ ጐይታይ፣ ንስኻ እቲ ናብ ዓለም ዚመጽእ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾንካ ኣኣምን እየ”* (ዮሓ 1:27) ብምባል እቲ ተኣምራት ዘየድልዮ ዝዓበየ ናይ እምነት ስራሕ ገበረት። ፈሪሳውያንን መማህራን ሕግን ንኢየሱስ ክቕበሉዎ ስለዘይደለዩ እዮም እንደገና ትእምርትን ተኣምራትን ዝሓተቱ። ቅድሚኡ ንኢየሱስ ክንደይ ጊዜ ተኣምራት ክፍጽም ርእዮሞ እዮም። እንተኮነ ኩሉ ጊዜ ምኽንያት ይፈጥሩ ነቢሮም። ንሕና'ውን ብዙኅ ጊዜ ንኣኣቶም ንመስለሉ ጊዜ ክህልወና ይኽእል እዩ። ንሓቀይና እምነት ግን ቅድመ ኩነት ኣየድልዮን እዩ። ስለዚ ብመሠረቱ እቲ ናይ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ሕቶ ናይ ቅንዕና ሕቶ ኣይነበረን። ካብቲ ቊምነገር ንምህዳም ዘልዓሉዎ መመኽነይታ ሕቶ እዩ። በዚ እዩ ኢየሱስ እውን ዝተቐጥዐ። ንኣና፣ ነቶም ብእምነት ተቐቢልናካ እንብሎ ግና፣ *“እቲ ንኣይ ዚቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ይቕበሎ”* (ማቴ 10:40) ዝብል ገርህይና መልሲ ባዕሉ ሂቡና ኣሎ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ ብዘገርም ቃላት ገቢሩ ንክህነትና ብከመይ ክንርድኦን ክንነብሮን ከምዘሎና ይገልጸልና። *“ንካልኦት ቅድሚ ምንጻሕና ርእስና ብምንጻሕ ክንጅምር ይግብኣና። ንካልኦት ምምሃር ምእንቲ ክንክእል፣ ንባዕልና ክንመሃር የድልየና። ንክንበርህ ብርሃን ክንከውን፣ ንኣምላኽ ናብ ካልኦት ንክነቕርቦ ቅድም ንርእስና ናብኡ ክንቀርብ፣ ንካልኦት ክንቅድስ ቅድም ንሕና ክንቅደስ፣ ብኢድና ክንመርሕ ብጥበብ ክንመክር የድልየና። ናይ መን ልኡኻት ምዃንናን፣ ኣበየናይ ልዑል ክብሪ ከምዘሎናን፣ ናበይ ገጽና ከምዝተመጣጠርናን ኣጸቢቕ እፈልጥ እየ። ናይ ኣምላኽ ዕብየቱን፣ ናይ ሰብ ድኻምነቱን፣ ዘለዎ ክእለትን ይርድኣኒ ኣሎ። እሞ እዚ ካህንስ መን እዩ? ንሱ ንሓቂ ዝከላኸለላ፣ ምስ መላእኽቲ ዚቐውም፣ ምስ ሊቃነ መላእኽቲ ስብሓታት ዘቕርብ፣ ኣብቲ ናይ ሰማይ ታቦት-ምሥዋዕ መሥዋዕቲ ከምዝዓርግ ዝገብር፣ ኣብ ክህነት ክርስቶስ ዚሳተፍ፣ ንፍጥረት ዘሓድሶን፣ ምስሊ ኣምላኽ ዚመልሰሉን፣ ነቲ ላዕላዋይ ዓለም ዚበቅዕ ገቢሩ ዳግማይ ዝፈጥሮን፣ ካብዚ ብዝዓበየ'ውን መለኮታዊ ዝኾነን፣ መለኮታዊ ዚገብርን እዩ”* (ቅ. ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ፣ ኦራጽዮ 2፣ መዝ.ሃይማ. ቊ. 15-89)። ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ፣ ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ ሊቀ ካህናትናን ሕዝብናን፣ መን ምዃንና ብምግላጽ ዕቤትናን ድኽነትናን ይገልጸልና ኣሎ። እዚ ንርእሱ ዓብይ ትእምርቲ ስለዝኾነ ካልእ ትእምርትን ተኣምራትን ክነናዲ ኣየድልን እዩ። ብፍላይ በዚ ሎሚ ጽንኩር እዋን ዋሕዲ እምነትን፣ ፍርህን፣ ድንቊርናን፣ ጊዜያዊ ጠቕምን ብዘለዓዕሎ ኩነታት፣ ብሓለምኩን፣ ራእይ ረኣኹን፣ ብሕሙማት ፈወስኩን፣ ኢድ ኣንበርኩን ዝብል ቋንቋ ብዙኃት ይደናገሩ ከምዘለው ፈሊጥና፣ ንመጓሰና ጥንቃቐ ብዝመልአ ኣገባብ ክንከናኸነን የድሊ። ብተለቪዝዮንን ብካልእ መራኸቢ ብዙኃንን ዝግበር ዘሎ ጌጋ ከይኣክል ንሕና ከኣ እንተ ወሲኽናሉ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከምዝበዝሕ ፍሉጥ እዩ።

## ካህን፣ ከም ሓዋርያ ዕርቅን ኅብረትን

ነቢይ ዮናስ ዝምህረና ካልእ ትምህርቲ እውን ኣሎ። ሽሕ'ኳ ንሱ፣ ሕዝቢ ነነዌ ብሰንኪ ብዙኅ ኅጢኣቶም ክቕጽዑ እንተ ተጸበየ፣ ንሳቶም ግን ቃል ኣምላኽ ምስ ተሰብከሎም ተነሲሖም፣ ናብ ልቦም ተመሊሶም፣ መንገዶም ኣዓረዩ። እግዚኣብሐር ከኣ ምሕረት ገበረሎም። ንግሥተ ሳባ እውን ካብ ንጉሥ ሰሎሞን ጥበብ ኣምላኽ ረኺባ ተማሂራትሉ። ንኣና ከኣ ክርስቶስ ወንጌል ድኅነት ኣበሢሩና፣ በጃና ተሳቒዩን ሞይቱን፣ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሙታን ከምዝተንሥአ ባዕልና *"ክርስቶስ ተንሥኣ እሙታን ብዓብይ ኃይል ወሥልጣን፣ ኣሰሮ ለሰይጣን፣ ኣግኣዞ ለኣዳም፣ ሰላም ወኮነ ፍስሓ ወሰላም"* (ለይቲ ፋሲካ ኣብ ምስላም መስቀል) እናበልና ንእመነሉ ሓቂ እዩ። ካብዚ ዝዓቢ ትእምርትን ተኣምራትን የልቦን! እግዚኣብሐር ኩሉ ክድኅን እዩ ዝደሊ፣ ንሱ ካባና ዝሓቶ ነገር እንተለዎ እቲ፣ *"ኣነ ልዑል እግዚኣብሐር እምሕል ኣሎኹ፣ ኃጥእ ካብ እኩይ ኪምለስ እምበር ፣ ብሞት ኃጥእ ባህ ኣይብለንን እዩ። ስለዚ ኣቱም ሕዝቢ እስራኤል፣ ስለምንታይከ እትሞቱ፣ ካብቲ እኩይ መገድኹም ተመለሱ"* (ሕዝ 33:11) ዝብል ጸዋዒት ጥራይ እዩ። ኣብ ሕዝብና ብዙኃት ዝኣምኑን ዝድኅኑን ከምዝለው እውን ክንጠራጠር የብልናን። ከምቲ ጳውሎስ ንሰብ ቆላስይስ ዝበሎም፣ ንሕና ካህናት ነቶም ኣብ ጽቡቕ መገዲ ዝርከቡ ኣተባቢዕና እውን ክንክእል ኣሎና። ነፍስ ወከፍ ሰብ፣ ነፍስ ወከፍ ስድራ፣ ነፍስ ወከፍ ማኅበር ኣመንቲ፣ ከምኡ'ውን ነፍስ ወከፍ ቊምስና፣ ዝተወሰነ ናይ ድኅነት ጊዜ ብእግዚኣብሐር ይወሃባ እዩ። ተረዲኡን ተቐቢሉን ደኣ ይኽኣል እምበር፣ ነፍስ ወከፍና፣ ከም ሰብ ነነዌ ተነሲሕና ሕይወትና ነመዓራርየሉ ዕድል ንረክብ ኢና። *"ብዛዕባ እታ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዘላትኩም እምነትን፣ ንኩሎም ኣመንቲ ዘሎኩም ፍቕርን ምስ ሰማዕና፣ ኩሉሳዕ ምእንታኻትኩም እናጸለና፣ ንኣምላኽ ኣቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነመስግኖ ኣሎና"* (ቆላ 3:3)። ነቲ ጉድለት ምእመናኑ ጥራይ ዝደጋግም ጓሳ ንርእሱ ኮነ ንካልኦት ኣየተባብዕን እዩ። ነቲ ኣብ መጓሰኡ ዝርከብ ድኹም እናኣረመ ነቲ ጽቡቕ ከኣ ከበርትዮ የድሊ። ኃጢኣትን ክፍኣትን ኣብ ዘበዝኃሉ ጊዜውን ካህን ከም መንጎይናን መተዓረቕን ንኣምላኽ *"ጐይታየ! ንስኻ ግና መሓርን ጸጋውን፣ ንቊጥዓ ደንጓዪ ብምሕረት ምሉእ ዝኾንካ፣ እሙን ኣምላኽ ኢኻ"* (መዝ 86: 15) ክብሎ፣ ነቶም ዘገልግሎም ሕዝቡ ከኣ ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ *"ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣምባሳደራት ኢና፣ ኣምላኽ ከኣ ብኣና ገይሩ ይዕድም ኣሎ። ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይንና ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ እናበልና ንልምነኩም ኣሎና። ንሕና ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንክውን ኣምላኽ ነቲ ኃጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ኃጢኣተይና ገበሮ"* (2ቆሮ 5:20-21) ዝበሎ መዓልቲ መጸ ክደግመሎም ኣለዎ። እቲ ብዘይገበሮ ገበን ዝተኸሰን ዝተሳቐየን ዝሞተን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እኳ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ከሎ፣ *"ኦ ኣቦይ! ዚገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ኅደገሎም"* (ሉቃ 23:34) እዩ ዝበለ። ዘገርም መለኮታዊ ናይ ምሕረት ስራሕ ስለዘርኣየና ኣሰሩ ክንክተል ይዕድመና ኣሎ። ሎሚ'ውን እግዚኣብሐር ንነፍስ ወከፍ ጳጳስ፣ ካህን፣ ውፉይ፣ ውፍይቲ፣ *"ኣንታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ሕዝቢ እስራኤል ሓላዊ ገይረካ ኣሎኹ፣ ነቲ ኣነ ዝብለካ ሰማዕ እሞ ኣብ ክንዳይ ኮይንካ ምዓዶም"* (ሕዝ 3:17) ይብሎ/ይብላ ከምዘሎ ምእማን ወሳኒ እዩ። *"ወንጌል እንተሰበኽኩ ዝምክሓሉ የብለይን፣ ምኽንያቱ ክሰብኽ ምዙዝ እየ፣ እንተዘይሰበኽኩ ግና ወይለይ! ፈቲወ እንተገበርኩዎ ዓስቢ ኣሎኒ፣ ከይፈቶኹ እንተገበርኩዎ ግና ብኅድሪ ስለዝተዋህበኒ እዩ። ዓስበይ ደኣ እንታይ እዩ? ወንጌል ክሰብኽ ከሎኹ ነቲ ወንጌል ብምስባኽ ዚግብኣኒ መሰል ከይወሰድኩ ብኽምኡ እንተ ሰበኽኩ እዩ"* (1ቆሮ 9:16-18)። ስብከተ ወንጌል እምበኣር፣ ካብ ጐይታ ዝተቐበልካዮ፣ ዝኾነ ሓላፊ ረብሓ ከይተጸበኻ፣ ኣብ ምሉእ ሕይወትካ፣ ንኩሉ ሰብ ብዘይ ሌላን ጉለላን፣ ተሓጒስካ፣ እትፍጽሞ ናይ ሓቀይና ፍቕርን ልግስናን ስራሕ እዩ። ፈሊጡ ወይ ከፈለጠ ፣ ካህን ኣብ መንጎ መጓሰኡ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ናይ ፍልልይን ሻራን መጋበሪ ከይከውን ኣዝዩ ክጥንቀቕ ኣለዎ። እዚ መዓልታዊ ከጋጥም ዝኽእል ፈተና እዩ። ሰይጣን ቀናኢ እዩ፣ ኅብረትን ኅውነትን ከኣ ኣይፈቱን እዩ። ስለዚ ክፈላሊ ዘይምህዞ ነገር የብሉን፣ ዝተሓባበሩዎ ከኣ ኣይስእንን እዩ።

## ጾም ኣርብዓ ናብ ብርሃን ትንሣኤ ዘብጽሕ ጉዕዞ እምነት እዩ።

ክቡራን ሰበኽቲ ወንጌልን፣ መማህራን ትምህርተ ክርስቶስን፣ ጓሶት ነፍሳትን፣ ከምቲ ኣቀዲመ ዝገለጽኩዎ ጸዋዕታና ኣዝዩ ዓብይ እዩ፣ ተልእኮናውን ክቡርን ከቢድን እዩ። ስለዚ ናብ'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ሰሙናት ጾም ኣርብዓ፣ ብለጋስ መንፈስ ጽሞናን፣ ጾምን፣ ምጽዋትን፣ ጸሎትን፣ ንቀበሎ። ዓብይ ጾም፣ ቃል ኣምላኽ ጽን ኢልና ንሰምዓሉ ጸጋታት እንሓፍሰሉ፣ ወርቃዊ ጊዜ ሱባኤን ኣስተንትኖን፣ ንስሓን፣ ዕርቅን ለውጢ ሕይወትን እዩ። ጸዋዕታን ተልእኮን ካህን ክርስቶስ ክንደይ ዓብይ ምዃኑ፣ ኣብዚ ስዒቡ ዝጥቀስ፣ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፈሶን ብዕምቈት ዝጸሓፎ መልእኽቲ ንርእዮ። *"ነቲ ዝጸሓፍኩዎ እንተደኣ ኣንቢብኩምዎ፣ ብዛዕባ ምሥጢር ክርስቶስ ዘሎኒ ፍልጠት ከተስተውዕልዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ከም'ቲ ሕጂ ነቶም ቅዱሳን ሓዋርያቱን ነቢያቱን ብመንፈስ ቅዱስ ዝተገልጸሎም፣ ነቶም ቀዳሞት ወለዶ ደቂ ኣዳም ኣይተገልጸሎምን። እዚ ምሥጢር እዚ ከኣ ኣሕዛብ፣ ሳላ ወንጌል፣ ምስ እስራኤል ተማቐልቲ ርስቲ፣ ናይ ሓደ ሰብነት ኣካል ብክርስቶስ ኢየሱስ ከኣ መኻፍልቲ ተስፋ ዝኾኑሉ እዩ። ኣነ ከኣ በቲ ኣሠራርሓ ኃይሉ ዝተዓደለኒ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ፣*

*ናይዚ ወንጌል እዚ ኣገልጋሊ ኮንኩ። ንኣይ ካብ ኩሎም ቅዱሳን ዝንኣሰኩ እኳ እንተ ኮንኩ፣ ነቲ ዘይምርመር ሃብቲ ክርስቶስ ነሕዛብ ክሰብኽ፣ እዚ ጸጋ እዚ ተዋህበኒ። እቲ ካብ ዘለዓለም፣ ኣብቲ ንኩሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ተሠዊሩ ዝነበረ፣ ናይ'ዚ ምሥጢር እዚ ኣገልግሎት ከመይ ከም ምዃኑ ንኩሉ ሰብ ከብርሃሎም ተዋህበኒ። እዚ ከኣ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ገይሩ ዝፈጸሞ ዘለዓለማዊ ምኽሩ፣ ነቲ ብዙኅ ዝዓይነቱ ጥበብ ኣምላኽ ብቤተክርስትያን ገይሩ ነቶም ኣብ ሰማያት ዘለው ሊቃናትን ሥልጣናትን ምእንቲ ኬፍልጦም ኢሉ እዩ። ንሕና ከኣ ብእኡ፣ ማለት ብክርስቶስ ብምእማን ብትብዓትን ብእምነትን ምእንቲ ናብ ኣምላኽ ክንቀርብ ኢሉ እዩ። ስለዚ በቲ ምእንታኹም ዝበጽሓኒ ጸበባ፣ ክብርኹም ስለዝኾነ፣ ብጸበባይ ከይትስልክዩ እልምነኩም ኣሎኹ"* (ኤፌ. 3:4-13)። ነዚ ምሥጢር ጸዋዕታና ብቃላት ክትገልጾ ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ ካብዚ ጠቐሲ እውን ክንግንዘቦ ንኽእል ኢና። ብሓቂ በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ምሥጢረ ክህነት ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ኣብ ናይ ክርስቶስ ክህነት ክንሳተፍ ዝጸውዓና ባዕሉ እቲ እንኮ ሊቀ ካህናትና እዩ። ንሱ ከኣ ከምቲ፣ ብምሸት ሓሙስ እግሪ ተመሃርቱ ብምሕጻብ፡ *"እዚ ዝገበርኩልኩምስ ኣስተውዒልክምሉዶ ኣሎኹም? ንስኻትኩም 'መምህር! ጐይታ!' ኢልኩም ትጽውዑኒ፣ ከምኡ ስለዝኾንኩ ከኣ ጽቡቕ በልኩም። ኣነ ጐይታን መምህርን ክሎኹ ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩ፣ ንስኻትኩምውን ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግብኣኩም እዩ። ከምቲ ኣነ ንኣኻትኩም ዝገበርክዎ ንስኻትኩም'ውን ከምኡ ክትገብሩ ኣርኣያ ሂበኩም ኣሎኹ"* እናበለ ንኣናውን ዓብይ ጥበብ ዝመልኦ ትምህርቲ ገዲፉልና እዩ። በዚ ምኽንያት ኢና ጸሎተ ሓሙስ፣ ኣብ ጊዜ ሕጽበት እግሪ፣ *'ሓዋርያቲሁ ከበበ፣ እግረ ኣርዳኢሁ ሓጸበ፣ ኮኖሙ ኣብ ወእመ፣ ወመሃሮሙ ጥበበ'* እናበልና ነዝይም። በዚ ናይ እምነት መዝሙር እዚ ከኣ፣ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክንደይ ከምዘኽበሮም፣ እግሮም ሓጺቡ ናይ ኣገልግሎት ጥበብ ከምዝመሃሮም፣ ብኩሉ ድማ ኣቦን ኣደን ኮይኑ ከምዝሓለየሎም ኢና ንእመን ዘሎና። ሎሚ'ውን እንተኾነ፣ እቲ ሓቂ ንሱ እዩ። ስለዚ ክንደይ ዕደለይናታት ምዃንና ፈሊጥናን ኣሚንና፣ ፍቕሪ ብዝመልኦ ብኣመስጋኒ ልቢ ንክርስቶስ ክንለኣኽ ይግባእ። በዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ምዕጻው ኩነታት፣ ወላ ንብሕትና መሥዋዕተ ቅዳሴ ከነዕርግ ከምኡ'ውን መዝሙረ ዳዊት ክንደግም እንተ ተገደድና፣ ቅድሚ ኩሉ ምስ መላእ ቤተክርስትያን ኮይንና፣ ብስም ክርስቶስን ምስ ክርስቶስን ኣብ መንፈስ ቅዱስ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝዓርግ ስለዝኾነ ንበይንና ኣይኮናን እንፍጽሞ ዘሎና እሞ ክንቅጽሎ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተቐባልነት ኣለዎ እሞ ተስፋ ከይቆረጽና ንቐጽል፣ ሓደ መዓልቲ ከኣ ከይደንጐየ ክወግሕ እዩ።

ካህን፣ ብዛዕባ ርእሱ ዘይኮነ ብዛዕባ እቲ ዝጸውዖን ዝለኣኾን ጐይትኡ እዩ ክሓስብን፣ ምእንትኡ ብትግሃት ክለኣኽን ዝግብኦ። *"ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ከምዝኾነ፣ ንሕና ከኣ ብምኽንያት ክርስቶስ ገላውኹም ከምዝኾንና እምበር፣ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ኣይኮናን ንሰብኽ። ምክንያቱ እቲ 'ኣብ ጸልማት ብርሃን ይብራህ' ዝበለ ኣምላኽ፣ ነቲ ኣብ ገጽ ክርስቶስ ክብሪ ኣምላኽ ዜንጸባርቕ ብርሃን ፍልጠት ምእንቲ ኪህበና፣ ኣብ ልብና ከምዚበርህ ገበሮ"* (2ቆር 4:5-6)። ብርእሱ ጥራይ ዝምራሕ ካህን፣ ኣነነትን ወገንነትን ዘጥቅዖ ካህን ንክርስቶስ ዘይኮነ ንርእሱን፣ ንሓሳባቱን እዩ ዝሰብኽን፣ ዘቀድምን። ኣብ ክንዲ ናይ ኢየሱስ ብቑዕ መጋበሪ ዝኸውን ከኣ ብስምዒቱን ጸቢብ ኣተሓሳስባኡን ተመሪሑ፣ ኣብ መንጎ እቲ ዘገልግሎ መጓሰ ኣብ ክንዲ ኅብረት ፍልልይ ይፈጥር። ዝድግፍዎን ዝቃወሙዎን እንመን ምዃኖም ኣብ ምልላይ ይዋፈር። ኢየሱስ ግን ከምቲ ንቅዱስ ጴጥሮስ፣ *"ስምዖን ስምዖን፣ ናሁ ሰኣለ ሰይጣን የሓንፍጽኩሙ ከመ ዓለስ። ወኣንሰ ሰኣልኩ በእንቲኣከ፣ ከመ ኢይድክም ሃይማኖትከ፣ ወኣንተኒ ተመይጠከ ኣጽንዖሙ ለኣኃዊከ፣ - ስምዖን ስምዖን፣ እንሆ ሰይጣን ከም ስርናይ ኪሓሕየኩም ለመነ። ኣነ ግና እምነትካ ከይትጠፍእ ምእንታኻ ጸልየ ኣሎኹ። ንስኻ ድማ ተመሊስካ ነኀዋትካ ኣጸናንዓዮም'* (ሉቃ 22:31-32) ዝበሎ፣ ሎሚ'ውን ንነፍስ ወከፍ ካህን ነዚ ቃላት እዚ ብምድጋም፣ ንርእሱ ተለዊጡ ናይ ኅብረትን ሕንጸትን መጋበሪ ብምዃን፣ ነኀዋቱ ናብ መንፈሳዊ ለውጥን ድኅነትን ክመርሕ ይዕድሞ ኣሎ። እምበኣር ኣብ'ዚ ክቡር ጊዜ ጾመ ኣርብዓ ንኩልና፣ ዝሰምዕ እዝንን፣ ዝርኢ ዓይንን፣ ዘስተውዕል ልብን ይሃበና።

## <u>ቅዱስ ዮሴፍ፣ ኃላው ቅድስቲ ስድራን፣ ኃላው ቤተክርስትያንን</u>

ኩልና ከም እንፈልጦ ሎምዘመን ምስ ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ ኢና ጾም ኣርብዓን ፋሲካን ከነኅልፎ። ብሓቂ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና፣ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ፣ ሎምዘመን እውን፣ ሓደ ዓብይ ህያብ ኣቕሪቦምልና ኣለው። እዚ ህያብ እዚ ካብ ዕለት 8 *ታሕሣሥ* 2020 ክሳዕ 8 *ታሕሣሥ* 2021 ዓመተ ምሕረት፣ **"ዓመት ቅዱስ ዮሴፍ"** ይኹነልኩም ዝብል እዩ። ምኽንያት ናይ'ዚ ዓመት ኢዮቤል ድማ ቅዱስ ዮሴፍ፣ ሓላዊ ዓለምለኻዊት ቤተክርስትያን፣ ተባሂሉ ካብ ዝስመ፣ 150 ዓመት ስለዝመልአ እዩ። ብዛዕባ ቅዱስ ዮሴፍ ኣብ ወንጌል ብዙኅ ኣይተጻሕፈን። እተን ዝተጻሕፋ ውሑዳት ቃላት ግን ዓብይ ትርጉም ዝሓዘላ እየን። መጀመርያ ዮሴፍ ካብ ዓሌት ዳዊት ምዃኑ፣ ሕጹይ ማርያም ከምዝነበረ፣ ኢየሱስ ምስ ተወልደ ከኣ ሕጋዊ ኣቦኡ ኮይኑ ስም ከምዘውጽኣሉን ከምዘተኸናኸኖን ይነግረና። ሄሮድስ ንጉሥ ንኢየሱስ ሕጻን ክቕትሎ ምስ ደለየ፣ ዮሴፍ ንኢየሱስን ነዲኡን ሒዙ ንግብጺ ከምዝሃደመ፣ ሄሮድስ ምስ ሞተ ከኣ ሒዙዎም ንሃገሩ ተመሊሱ

ኣብ ናዝሬት ከምዝተቐመጠ ይነግረና። ኢየሱስ ወዲ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኮይኑ ንሠለስተ መዓልቲ ምስ ተሰወረ፣ ዮሴፍ ምስ ማርያም ኮይኑ ከምዝደለዩ፣ ምስ ረኺብዎ ድማ ንናዝሬት ሒዞምዎ ከምዝኸዱ ወንጌል ይገልጸልና። ልዕሊ ኩሉ ግን ዮሴፍ ብሞያ ጸራቢ፣ ከም ሰብ ከኣ ጻድቕ ከምዝነበረ፣ እሞ ከኣ ብሕልሚ ንዝተገልጸሉ ፍቓድ እግዚኣብሔር ሕራይ ኢሉ ዝፍጽም እሙን ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ከምዝነበረ የብርሃልና። ቅዱስ ማቴዎስ ወንጌላዊ ነዚ ኩሉ ጽሙቕ ኣቢሉ ከምዚ ዝስዕብ የቕርበልና፣ *"ዮሴፍ ሕጹያ ጻድቕ ስለዝነበረ ብኀቡእ ኪኃድጋ ደኣ ሓሰበ እምበር ኬጋልጻ ኣይደለየን። ንሱ እዚ ክሓስብ ከሎ፣ እንሆ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብሕልሚ ተራእዮ- ዮሴፍ ወዲ ዳዊት እቲ ካብኣ ዚውለድ ብመንፈስ ቅዱስ ስለዝኾነ ንሕጽይትኻ ማርያም ምውሳዳ ኣይትፍራህ። ወዲ ክትወልድ እያ፣ ንሱ ከኣ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ኬድኅኖም እዩ እሞ ስሙ ኢየሱስ ክትብሎ ኢኻ"* (ማቴ 1:19-21) በሎ። እዚ ንዮሴፍ ወዲ ዳዊት ዝተዋህበ ኃላፍነት ብቀሊሉ ንርእዮ ንኸውን። እንተኾነ ኣዝዩ ዓብይ ኃላፍነት እዩ። እግዚኣብሔር ብኃልዮቱን ብጥበቡን ንዮሴፍ ሕጋዊ ሰብኣይ ማርያምን ኣቦ ኢየሱስን እንተዘይገብሮ፣ ከም ባህሊ እስራኤል እቲ ሕጻንን ኣዲኡን ኣብ ሓደጋ ክወድቁ ይኽእሉ ነይሮም። ስለዚ ዮሴፍ ጻድቕ ኣብ'ቲ ናይ ኣምላኽ መደብ ድኅነት ኣነኣኢስካ ክርአ የብሉን። ንኣብነት ኣብ ሃገርና፣ ዮሴፍ ኣረጋዊ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ምዕራባዊ ሃገራት'ውን ክሳዕ ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን እቲ ርድኢት ነቲ ናይ ሃገርና እዩ ዝመስል ነቢሩ። ዮሴፍ ዕድመኡ ዘእከለ፣ ስምዒት ዘይብሉ፣ ሰያብ ሰብኣይ ጌርካ ምስኣል ንድንግልና ማርያምን ንኢየሱስን ንምክልኻል ተባሂሉ እዩ። ዮሴፍ ግን ከም እኖና ማርያም መንእሰይ ስለዝነበረ እዩ ተሓጺዩዋ። እንታይ ምስ ጕደላ እዮምከ ሃናን ያቂምን ንጓሎም ንኣረጊት ሰብኣይ ዝሃቡዋ? ቅዱስ ዮሴፍ ቅድሚ ኩሉ በታ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ *"ዮሴፍ ጻድቕ ስለዝነበረ"* እትብል ገላጺት ዘረባ ኢና ክንርድኦ ንኽእል። ጻድቕ ማለት ቅድሚ ኩሉ፣ ኣማኒ፣ ቅኑዕ፣ ሓቀይና፣ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ዝመልአ ማለት እዩ። ስለዚ ንማርያምን ኢየሱስን ብሕይወት ድንግልናኡ ክሕልዎም ዝተረኽበ ብሓቂ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ስለዝነበረ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ዘድልዮ ጸጋታት ስለዝዓደሎ እምበር፣ ብዕድመ ስለዝደፍአ ከምዘይኮነ ርጉጽ እዩ።

ኣብዚ ተዋሂቡና ዘሎ ዓመት ጸጋ ወይ ኢዮቤል እምበኣር፣ እንታይ ንግበር? ከመይከ ነብዕሎን ንጠቐመሉን? ንዝብሉ ሕቶታት ክንምልስ ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ኩሉ ነዚ ዕድል እዚ ልብና ከፊትና ብምስጋና ንቀበሎ። ነዚ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይሩስን ካልኦት ሽግራትናን ዝጸርግ ኢዮቤል ክገብረልና ኣብ ጸሎት፣ ምህልላ፣ ጾም፣ ምጽዋት፣ ንጸመድ። ካልኣይ ንቅዱስ ዮሴፍ ኣጸቢቕና ክንፈልጦን ከነፍቅሮን ንጽዓር። ነዚ ዝሕግዘና ኣቦና ፍራንቸስኮስ ዝጸሓፍዋ፣ ብኣባታዊ ልቢ ዘርእስታ ሰነድ፣ ናብ ትግርይና ተተርጒማ እንሆት ቀሪባትልና ኣላ። ዓመት ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ፡ ዓመት ሰላምን ፍትሕን፣ ዓመት ዕርቅን ምሕረትን፣ ዓመት ራህዋን መንፈሳዊ ዕብየትን ክገብረልና እናለመንና፣ ወርኂ መጋ ብዕለት 26 በቀጻጽራ ግእዝ፣ ብፍሉይ መንገዲ ንክብሪ ቅዱስ ዮሴፍ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ ብትግሃት ክንሳተፍ፣ ምሥጢራት ክንቅበል፣ ከምኡውን ፍሉይ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ክንገብር ንጽዓር። ከምቲ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዝብሉዎ ዮሴፍ ጻድቕ፣ 1)*ተፈታዊ ኣቦ* ፣ 2) *ደንጋጽን ሓፍቃርን ኣቦ* 3) *ተኣዛዚ ኣቦ፣* 4) *ሕራይ በሃሊ ኣቦ፣* 5) *ተበላሓትን ተባዕን ኣቦ፣* 6) ጻዕራም ኣቦ 7)*ጽላሎት ሰማያዊ ኣቦ ኮይኑ ንመድኃኔ ዓለም ዝተኸናኸነ ኣቦ፣* ስለዝኾነ፣ ኩልና ብፍላይ ከኣ ኣቦታት ስድራቤትን፣ ኣቦታት ነፍሳት ካህናትን፣ ኣሰር እዚ ቅዱስ እዚ ክንስዕብ ንዕደም ኣሎና። ብፍላይ ንኣና ንሰበኽቲ ወንጌልን ጓሶት ነፍሳትን እቲ ናይ ቅዱስ ዮሴፍ ኣቦነት ይምልከተና እዩ። ኣብ ኣመሪካ ተዓጺወ ኣብ ዝነበርኩሉ ኣዋርኅ፣ ብገለ ዝፈልጦም ሰባት ነዛ ንኩስኮሳ ናይ ጊዜና ካህናት እትምልከት *መንፈሳውያን ሰብ ኪዳን - መንፈሳውያን ኣቦታት፣* (Spiritual Husbands – Spiritual Fathers: Priestly Formation for the 21st Century) ዝብል ኣርእስቲ ዝተዋህባ ዓባይ መጽሓፍ ረኺበ ተማሊኣያ መጺኣ። ኣብኣ ቀሪቡ ዘሎ *መሠረታዊ ሓሳብ ካህን ምስቲ ዘገልግሎ ሕዝበ እግዚኣብሔርን፣ ምስ'ታ ዝለኣኻ መላእ ቤተክርስትያንን ኪዳን* ስለዝኣሰረ/ዝኣተወ፣ ከም በዓል ኪዳን ክቖጸር ይከኣል። ኪዳን ኣብ ፍቕርን ተኣማንነትን ዝተመርኰሰ ሕይወት እዩ።

በቲ ሓደ ወገን ከኣ፣ ካህን ከም ወላዲ መንፈሳዊ ኣቦ እተን ዘገልግለን ነፍሳት እውን እዩ። ስለዚ ነፍስ ወከፍ ካህን ከም ቅዱስ ዮሴፍ ናይ እሙን በዓል ኪዳንን፣ ሓላይን ሓላውን ኣቦን፣ ድርብ ኃላፍነት ዝለበሰ ምኳኑ ክርስዕ የብሉን። ኪዳኑ ከይጠልም፣ ኣባታዊ ኃላፍነቱ ከይዘንግዕ ወትሩ ናብ ቅዱስ ዮሴፍ ክምሕጸን ይግብኦ። ኣብ'ቲ ዋዜማ ናይ ክብረ በዓል ቅዱስ ዮሴፍ ከም ዝብሎ፣ *"ንነግረኩሙ ሓኃዊነ ዕበዮ ለዮሴፍ እስመ ዝንቱ ተኅርየ እምኩሎሙ እስራኤል፣ ከመ ይኩን ሓፃኒሁ ለክርስቶስ፣ መኑ እምሰብእ ከመ ዮሴፍ ወማርያም፣ - ኦ ኣኅዋትና፣ ካብ ኩሎም እስራኤላውያን መጋቢ ክርስቶስ ክኸውን ስለዝተመርጸ ዕብየት ዮሴፍ ነዘንትወልኩም ኣሎና። ካብ ደቅሰብ መን እዩ'ኸ ከም ዮሴፍን ማርያምን?"* (ዋዜማ ዘቅዱስ ዮሴፍ፣ *ፈኃሪሃ ለድንግል*)። መልክዐ ዮሴፍን፣ ሰቀቃወ ድንግልን ከኣ፣ ከምዚ ዝስዕብ ገይሮም ንዮሴፍ ጻድቕ ይሙግስዎ።


ዓመት ቅዱስ ዮሴፍ ጻድቕ
8 ታሕሳስ 2020–8 ታሕሳስ 2021

ሰላም ለጽዋዔ ስምከ፣ ዘተባየጸ በግብር፣
ለሕፃነ ድንግል ኣምላክ ንግሠ ሕማም ወጻዕር
ከመ እንግር ዮሴፍ ሥቃያቲከ በምድር
ኣስትየኒ ጽዋዓ ነድ እምቀሡትከ ምሥጢር
ከመ ኣስተዮ ኡራኤል ለዕዝራ መምህር። (ነግሥ)

ሰላም ለዝክረ ስምከ ዘትርጓሜሁ መድኅን
ወዘበዕብራይስጢ ልሳን
ሓፃኔ ወልደ-ኣብ ዮሴፍ ወወልደ ዳዊት ምእመን
ሥመር እግዚአ መቅደሰ ዛቲ መካን
ማኅደረ ስምከ ትኩን በኩሉ ኣዝማን። (መልክዐ ዮሴፍ)

ሰላም ለቀራኒብቲከ ዘይጼልላ በመርስ
እለ ማእከሌሆን ተፈጥራ ኣዕይንተ ሥጋ ወነፍስ
ላእከ ቤተድንግል ዮሴፍ ወሓፃኔ ሕፃን ንኡስ
እፎ ጕየይከ በፍርኃት እምገጸ ነጋሢ ሄሮድስ
ምስሌከ እንዘ ሀሎ መዋዒ ክርስቶስ። (መልክዐ ዮሴፍ)

“ጕየ ዮሴፍ ብሔረአ ግብፅ ተንሢኦ እምንዋሙ
መልኣከ እግዚኣብሔር ሌሊተ በከመ ነገሮ በሕልሙ
ነሢኦ ሕፃነ ዘምስለ ማርያም እሙ
ይእቲ ትበኪ ወትቤ ቀቲሎትየ ይቅድሙእምእርኣይ ለወልድየ
ዘይትከዓው ደሙ” (ሰቆቃወ ድንግል)

ሰላም ለሥዕርተ ርእስከ ፀዓዳ ከመ በረድ፣
ወኢተማሰሎ በኀብር ሥዕርተ ኣቤሰሎም ባዕድ፣
ኣረጋዊ ሥርዓት ዮሴፍ ሓፃኔ ወልደ ኣብ ዋሕድ፣
ተከሥተ ለከ ውስተ ኀል በመጽሔተ ሰብእ ልማድ፣
እምቅሩባኒሁ ኪሩቤል ዘተኀብኦ ወልድ።

ነቲ ሕማምን ስቓይን ዝተዓገሰ ወዲ ድንግል ማርያም ክርስቶስ ሕፃን፣ ብዘይጥለም ማሕላ ዘሰነኻን ዝሓብሓብካን ቅዱስ ዮሴፍ ኣብዚ ዓለም ዘሕለፍካዮ ስቓይ ኣዘንትየ ምእንቲ ኪኽእል፣ ከም’ቲ ኡራኤል መልኣኽ፣ ንመምህር ዕዝራ ዘስተዮ፣ ካብ’ታ ምሥጢራዊት ሳርማኻ፣ መለኮታዊ መስተ ኣስትየኒ እናበልኩ፣ ሰላም እብልን ሰምካ ኣጽውዕን ኣሎኹ።

ኦ መዕበዪ ወዲ እግዚኣብሔር ኣብን ወዲ ኣማኒ ዳዊትን ዝኾንካ ቅዱስ ዮሴፍ፣ እዛ ኣብ’ዚ ቦታ እዚ ተተኺላ ዘላ ቤት መቕደስ፣ ንኩሉ ጊዜ፣ መሕደሪ ስምካ ክትከውን ከተፍቅድ፣ ነቲ ብዕብራይስጢ መድኃኒ ዝብል ትርጉም ዘለዎ፣ ንዝክርን ሰላምታ ነቕርብን ኣሎና።

ኦ ናይ እንዳ ድንግል ማርያም ልኡኽን፣ መዕበዪ ንኡስ ሕፃን ክርስቶስን ዝኾንካ ቅዱስ ዮሴፍ፣ እቲ ሰዓሪ (ኃያል) ክርስቶስ ምሳኻ እንከሎሲ፣ ከመይ ኢልካ ብፍርሒ፣ ካብ ገጽ ንጉስ ሄሮድስ ክትሃድም ዘተረኸብካ ክትገልጸልና፣ ነተን ኣዕይንቲ ነፍስን ሥጋን ዝኾና፣ ኣብ ትሕቲ ሸፋሽፍቲ ንዘጽለላ ኣዕይንትኻን ቅርኒብ ዓይንኻን ሰላምታ ነቕርብ ኣሎና።

ዮሴፍ ነቲ ኣብ ድቃሱ ብእግዚኣብሔር ብሕልሚ ዝተገልጸሉ፣ ንሕፃንን ንዲኡን ሒዝካ ናብ ግብጺ ህደም ዝብል መልእኽቲ ንምፍጻም፣ ካብ ድቃሱ ተንሲኡ ነቐለ። ሽዑ ደንግል ማርያም ደም ወደይ ኪፈስስ ካብ ዝርኢ ኣቐዲሞም ንዓይ ኪቐትሉ እመርጽ እናበለት ትበኪ ነበረት።

ኦ ነቲ ካብ መላእኽቲ (ኪሩቤል) ተሰዊሩ፣ ንዓኻ ግን መልክዕ (ምስሊ) ደቂ ሰባት ለቢሱ ኣብ በዓቲ ቤተልሔም ዝተገልጸልካ ወልደ እግዚኣብሔር ዝኾነ ክርስቶስ ዘዕበኻ ቅዱስ ዮሴፍ፣ ነቲ ጸጕሪ ኣቤሰሎም እኳ ዘይመሳሰሎ፣ ከም በረድ ዝጻዕደወ (ፍሉይ) ጸጕርኻ ሰላምታ ነቕርብ ኣሎና።

ቅዱስ ዮሴፍ መጋቢ ቅድስቲ ስድራ ከምዝነበረ፣ ካህን ከአ *መጋቤ ምሥጢር* ናይታ ብጻጻሱ ክከናኸና ዝተዋህበቶ ክፋል ሕዝበ እግዚኣብሔር ዝኾነት ቍምስና *እዩ። "ናይቲ ብዙኅ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ እሙናት ኣገልገልቲ ብምዃን፣ ነፍስ ወከፍኩም ከምቲ ዝተቐበልኩምዎ ውህበት ጸጋ ጌርኩም ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ። እቲ ዝሰብኽ ቃል ኣምላኽ ይሰበኽ፣ እቲ ዘገልግል በቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ኃይሊ የገልግል"* (1ጴጥ 4:10-11)። ወንጌል ከነበሥር፣ መሥዋዕተ ቅዳሴ ከነዕርግ፣ ምሥጢራት ክንዕድል፣ ንሕዝበ እግዚኣብሔር ክንመርሕን ከነመሓድርን ከሎና ነዚ ቅዱስ ጴጥሮስ ዝሀበና ዘሎ መምርሒ እንተተኸተልና፣ ከም ቅዱስ ዮሴፍ ሕያዎት ሓለውትን፣ ለጋሳት ሓለይትን መጓሰና ክንከውን ኢና። እተን ብሕድሪ ዝተዋህባና ነፍሳት፣ ዘድልየን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክረኽባ ፍቓድ እግዚኣብሔር እዩ። ኣገልግሎትና ከአ ሕጉስ መንፈስ ዝሓደሮ፣ ለጋስነት ዝመልኦ ክኸውን ከሎ እቲ ቡራኬ ነቶም እነገልግሎም ጥራይ ዘይኮነ፣ ካዕቢቱ ናባና ተመሊሱ ከምዘሃብትመና ርጉጽ እዩ። *"እቲ ብውሑድ ዝዘርእ፣ ብውሑድ ከምዝዓጽድ፣ እቲ ብብዙኅ ዝዘርእ ድማ ብብዙኅ ከምዝዓጽድ ፍለጡ። ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዝፈቱ እሞ፣ ነፍስ ወከፍ ብጓሂ ወይስ ብግዲ ዘይኮነስ ከምቲ ብልቡ ዝሓለኖ ይሃብ"* (2ቆሮ 9:6-7)። ሕዝብና ኣብ ገገዝኡ ተዓጽዩ ንቤተክርስትያን ምምጻእ ኣብ ዝሰኣነሉ ጊዜ፣ ንሕና መገብቲ ምሥጢር ከም ቅዱስ ዮሴፍ ተበላሓትቲ ኮይንና፣ ስብከትን ኣስተምህሮን፣ ብኣውዲዮ፣ ብቪደዮ፣ ብጽሑፍ፣ ክንዝርግሓሉ ከሎና ብሓቂ እሙናት መገብቲ መጓሰና ንኸውን ማለት እዩ። ብርግጽ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ነፍስ ወከፍ ጓሳ ዝከኣሎ ገይሩ እዩ። ንኣብነት ቀሞሳት ኣሥመራ በብጊዜኡ እትውጽእዋ ዘሎኹም ኣስተንትኖን ጥቅስታትን ዝሓዘት ጽሕፍቲ ጽብቕቲ እያ። ብተለፎን'ከ እንታይ ክግበር ምተኻእለ? ደዊልካ ኩነታት ምእመናን ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ ንስድራቤት ሓጺር ትምህርቲ ምሃብ፣ ከመይ ገይራ ንግሆን ምሸትን ጸሎት ክትገብርን፣ ናይ ሃረርታ ቅዱስ ቊርባን እውን ክትቅበል ከም እትኽእልን ምሕባር፣ ሓደ ካብቲ ሜላታት ጉስነት ምኾነ። ከምዚ ሕጂ ሓዲሽ ኩነታት ክፍጠር ከሎ፣ ኣብ ጉስነት ከኣ ቀጻሊ ሓዲሽ ብልሓት እዩ ዝሓትት። ስለዚ ጻዕርና ክንቅጽል የድሊ። ኣጠቓቕማ ጊዜ'ውን ኣገዳሲ ጉዳይ ይኸውን። ስለዚ ኣብ'ዚ ናይ ምዕጻው እዋን፣ ጊዜና ከመይ ነሕልፎ ኣሎና? ጊዜ ስኢና ንብል ዝነበርና ሎሚ'ኸ እንታይ ከነመኽኒ ኢና? ምእንቲ ምእመናንና ኢልና መጻሕፍቲ እንትርጉመሉ፣ ወይ ሓደስቲ ጽሑፋት እንደርሰሉ ጊዜ ሕጂ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። ቅዱስ ዮሴፍ ጻዕራም ሰራሕተይና፣ ትጉህ መጋብን ሓላውን ቅድስቲ ስድራ፣ እሙን ሕጹይ ድንግል ማርያም፣ ኲስኳሲ ኢየሱስ ወዱ፣ ልቦናን ጥበብን ዝመልኦ ሰብ፣ ፍትሓውን ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ዝምራሕን ሰብ፣ ናይ ጽሞናን ናይ ሱቕታን ሰብ፣ ስለዝነበረ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ንሱ ዝምህረናን፣ ዘርእየናን ብዙኅ ክህልዎ እዩ። ስለ'ዚ ንእኡ ንፍለጦን ነፍልጦን፣ ንስዓቦን ነፍቅሮን። ብከምዚ ዝበለ ኣገባብ ኢና ከኣ ናይ ብሓቂ ንመጓሰና <u>መንፈሳውያን ሰብ ኪዳንን</u> - <u>መንፈሳውያን ኣቦታትን</u> ንኸውን። ቅዱስ ዮሴፍ ናይ'ታ ሥምርትን ቅድስትን ስድራ ጓሳን ሓላውን ሓላይን ከምዝነበረ፣ ንሕና'ውን ነተን ክንጓስየን ዝተዋህባና ስድራቤታት ኣብ ቃል ኪዳነን ጸኒዐን ብፍቕሪ ተጠሚረን ክጎዓዛ፣ እታ ንመርሓ ቍምስና ድማ ብሓቂ ናይ ሥሙራት ስድራቤታት ሥምርቲ ስድራ ክትከውን ዝከኣለና ንጽዓር። ኢየሱስ ሕያዋይ ጓሳ ድማ ወትሩ ምሳና ኮይኑ ክሕግዘና እዩ።

## <u>ስቓይ ዝፈተነ እዩ፣ ስቓይ ዝርድኦ</u>

ነዛ ዘመሓላልፈልኩም ዘሎኹም መልእኽቲ ኣብ ጊዜ ጸሎት ታስዕቲ ዓመታዊ ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረት እየ ዝጽሕፉ ዘሎኹ። ዝሓለፈ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤል ከነብዕል ክንደይ ዓጀብን ወዕዋዕታን ነይሩ። ሎምዘመን ግን ከም ጊዜኡ፣ *"በለሆሳስ፣ - ብትሑት ድምጺ"* ኢና ነብዕሎ ዘሎና። ኣብ'ዚ ዓመት ቅዱስ ዮሴፍ ይበዓል ስለ ዘሎ ግን ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ። ቅዱስ ሉቃስ ኣብ ወንጌሉ፣ *"ብሳድሰይቲ ወርኂ ገብርኤል መልኣኽ ናብ ናዝሬት እትበሃል ዓዲ ገሊላ፣ ናብ ሓንቲ ድንግል ካብ ኣምላኽ ተላእከ። ንሳ ካብ ቤት ዳዊት፣ ንዮሴፍ ዝስሙ ሰብኣይ ተሓጺያ ነበረት፣ ስም እታ ድንግል ከኣ ማርያም እዩ"* (ሉቃ 1:27) ብምባል እዩ ምስ ኣዴና ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ንመጀመርያ ጊዜ ዘላልየና። እቲ መልኣኽ ንማርያም *"ሰላም ንኣኺ ኦ ምልእተ ጸጋ፣ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፣ ንስኺ እንኳብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ በላ"* (ሉቃ 1:28)። እዚ ዓይነት ሰላምታን ሞገስን ብዘይካ ንማርያም ንዝኾነ ካልእ ሰብ ተዋሂቡ ኣይፈልጥን እዩ። *"ምልእተ ጸጋ፣ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፣ እንኳብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ"* ዝብሉ ቃላት ቀዲሕካ ዘይውዳእ ዔላ እዮም። በዚ ቃላት እዚ ኣዴና ማርያም ሸዑ ሰንቢዳ፣ ሎሚ'ውን ንሕና ብምግራም ነንብቦን ንሰምዖን ኣሎና። ብሓጺሩ ግን እግዚኣብሔር ንእኖና እግዝእትነ ማርያም ኣብ'ቲ ካብ ጥንቲ ዝመደቦ እሞ፣ ጊዜኡ ምስ በጽሐ ክፍጽሞ ዝደለየ ናይ ድኅነት ስራሕ ተሳታፊት ክገብራ ስለዝመረጻ እዩ ነዚ ብሥራት እዚ ዘበሥራ። *"ጊዜኡ ምስ በጽሐ ኣምላኽ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሕጊ ዝነበሩ ምእንቲ ከድኅን፣ ንሕና'ውን ናይ ውሉድነት ሥልጣን ምእንቲ ክንረክብ፣ ነቲ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ እውን ዝኃደረ ወዱ ለኣኾ"* (ገላ 4:4-5)። ንሳ

ንኩልና ደቂ ኣዳምን ሔዋንን ወኪላ እያ፣ ካብ እግዚኣብሔር ንዝቐረበላ ሕቶ፣ *"ይኩነኒ በከመ ትቤለኒ"* ብምባል ሕራይ ዝበለት፣ ንኩልና ወኪላ እያ ንወልደ እግዚኣብሔር ኣብ ማኅፀና ዝተቐበለቶ። ዮሴፍ ከኣ ምስኣ ኮይኑ ነቲ ንሳ ዝወለደቶ መድኃኔ ዓለምን ንኣኣን መጋቢ ኣቦ ኮይኑ ኣፍቂሩዎም፣ ተሸናኪኑዎም፣ ተኸላኺሉሎም፣ ተላኢኹዎም፣ ሓልዩሎም፣ ሓብሒቡዎም ክንብል ንኽእል።

ኣብዚ ብሰንኪ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይሩስ ኣብ ገገዛና ተዓጺውናሉ ኣብ ዘሎና እዋን፣ ዘብዓልናዮ ዓመታዊ ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ዝመረጽኩዎ ጠቕሲ፣ ወንጌል ዮሓንስ 19:25-27 እዩ። ኣዴና ማርያም ኣብ ትሕቲ መስቀል ደው ኢላ ትበኽየሉ ኣብ ዝነበረት እዋን፣ እቲ ሊቀ ካህናት ወዳ፣ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብዓብይ ፍቕሪ *"ብእሲቶ! ነዋ ወልድኪ፣ - ኣቲ ሰበይቲ እንሆ ወድኺ!"* ምስ በላ፣ ኣደ ነፍስ ወከፍ ተኸታሊ ክርስቶስ፣ ብፍላይ ከኣ ኣደ ነፍስ ወከፍ ካህን ገይሩዋ እዩ። እዚ ናይ ኢየሱስ ቃላት ንኣና ንካህናት ኣዝዩ ዘጸናንዕ ናይ ፍቕሪ ስራሕ እዩ። ንቅዱስ ዮሓንስ ከኣ *"ነያ እምከ፣ እንሆት ኣዴኻ!"* ምስ በሎ ንነፍስ ወከፍ ካህን ዘይትጠልም ኣደ ሂቡዎ ማለት እዩ። ስለዚ ኣብ ትሕቲ ጽላላ ክንመላለስ፣ ከም'ቲ ብዙኃት ቅዱሳን ዝብሉና ከኣ ብማርያም ናብ ኢየሱስ ክንቀርብ ፍሉይ ዕድል ተዋሂቡና እዩ። ንሳ ኩሉ ጸገምና ትፈልጥ ስለዝኾነት ንወዳ ከተሰምዓልና ድልውቲ ምዃና ኣይንጠራጠር። ኣብቲ ሰቀቃወ ድንግል ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሓጺር ጽሑፍ ሃገርና ከምዝብሎ፣ ብፍላይ ከምዚ ሎሚ፣ ሕማም፣ ሽግር፣ ስቓይ ከጋጥመና ከሎ፣ ንሳ'ውን ሓዘንን፣ ስቓይን ስደትን ፈቲና እያ እሞ፣ ብውሉዳዊ ፍቕርን እምነትን፣ *"ተማኅፀንኩ በዝባንኪ ዘኣግመረ ርስነ መለኮታዊ እሙነ፣ ሓውፅኒ ድንግል ወናዝዝኒ ፍጡነ፣ በእንተ ንግደትኪ ደብረ ቍስቋም እንዘ ትፀውሪ ሕፃነ፣ ኃዘነ ዘፈተነ የኣምር ኃዘነ፣ - ኦ ድንግል ፣ ስለ'ቲ ሕፃን ሓዚልኪ ናብ ደብረ ቍስቋም ዝተጐዓዝክዮ ከቢድ ጉዕዞ፣ ሓዘን ዝጠዓመ/ዝፈተነ እዩ ሓዘን ዝርድኦ እሞ፣ ብቅልጡፍ መጺእኪ ክትበጽሕንን ከተጸናንዕንን እልምነኪ ኣሎኹ"* (ሰቀቃወ ድንግል) እናበልና ምእንቲ ርእስናን ሕዝብናን ናብኣ ቀሪብና ነእዊ። እግዝእትነ ማርያም ኢየሱስ ካብ ዝውለድ ክሳዕ ዝመውት ስቓይን ኃዘንን ፈቲና እያ። ስለዚ ንኩነታትና ኣጸቢቓ ትርድኦ እያ። ገና ኢየሱስ ሕጻን ኣብ ቤተመቕደስ ብዝቐረበሉ መዓልቲ እውን፣ ስምዖን ኣረጋዊ ነደና ማርያም፣ *"ንኣኺ ከኣ ሓሳባት ልቢ ብዙኃት ምእንቲ ክግለጽ፣ ኃዘን ንልብኺ ከም ሰይፊ ኪሰንጥቖ እዩ"* (ሉቃ 2:35) ኢሉዋ ነይሩ እዩ። በዚ ምኽንያት እያ ኣዴና ቅድስቲ ቤተክርስትያን እውን ኣብ'ቲ ሊጣንያ ናይ ጸሎተ መቑጸርያ *"ኦ ናዛዚተ ኅዙናን፣ - ኦ መጸናንዒት ዝኃዘኑ"* እናበልና ክንጽውዓ ዝመሃረትና።




**ሰኣሊ ለነ ማርያም፣**
**ምሕረት ወልድኪ የሓውጸነ እምኣርያም**

# መልክዓ ኪዳነ ምሕረት

ሰላም ለዝክረ ስምኪ፣ ዘኣስተማሰልዎ በኮከብ
ሶበ ብርሃኖ ተከድኑ ጽልሙታነ ራእይ ሕዝብ
ኪዳነ ኣምላኽ ማርያም ወተሰፋ መድኃኒት ዘዐርብ
ተናዘዘ ብኪ ኣኮኑ ኄሊና ቀዳማይ ኣብ
ኣመ እምገነቱ ተሰደ በኃዘን ዕፁብ።

ሰላም ለኣእዛንኪ እለ ተበሥራ ኪዳነ እምኣፈ
ፈጣሪ ወልድኪ ዘባሕርይኪ ተከድነ
ኣምሕለኪ ማርያም ከመ ኢታርእይኒ ደይነ
እንበለ ምግባር ባሕቱ እመ እይጸድቅ ኣነ
ቦኑ ለከንቱ ኪዳንኪ ኮነ።

ሰላም ለመዛርዕኪ ወለኩርናዕኪ ምጽንጋዕ
እለ ተሰፋሁ ለክርስቶስ ባሕርየ መለኮት ኅቡእ
ማርያም ኅሪት እምነ መላእክት ወሰብእ
ተዘካረኪ ለእመ ገብረ በተኣምኖ ጽኑዕ
በመንግሥተ ሰማይ ምስሌኪ ይነግሥ ኃጥእ።

ሰላም ለድንግልናኪ መክብበ ሕዋሳት ኃምስ
ወለኣቍያጽኪ ክሊኤ ኣዕማደ ነባቢት መቅደስ
ማርያም ታቦት ወጽላተ ኪዳን ሓዲስ
ቅብዕኒ ርጢነ ጾም እስከ ሰኩና እግር ወርእስ
እስመ ጾም ትፈውስ ሕማማ ለነፍስ።

ሰላም ለመልክዕኪ እመልክዐ ሓና ወኤልሳቤጥ
ዘብዑድ ሥኑ ወልምላሜሁ ፍሉጥ
ማርያም ቅድስት ድንግልተ ኣፍኣ ወውስጥ
ቤዛ ይኩነኒ ኪዳንኪ በገጸ ፈጣሪ ሥሉጥ
ኣመ ወርኃ ነጊድ የኀልቅ ወይፀራዕ ሤጥ።

ኦ ማርያም ነቲ እቶም ኣብ ጸልማትን ድነ ሞትን ዝነበሩ ሕዝቢ ብርሃን ምስ ዓሰሎም፣ ብኮኾብ መሲሎም ዝገለጽዎ፣ ተሰፋ ዝሀብ ኣምላኽ ዝኣተወሎም ኪዳንን፣ ብዕለት ዓርቢ ዝተፈጸመ ድኅነትን ዘምጻእኪ ንስኺ ኢኺ። እቲ ቀዳማይ ኣቦና ኣዳም’ውን ብኸቢድ ሓዘን (ተሰፋ ቍርጸት) ካብ ገነት ኪስጐግ እንከሎ፣ እንኮ ተሰፋኡ ንስኺ ነበርኪ፣ እናበልና ስምኪ ንዝክርን ሰላም ንብልን ኣሎና።

ኦ ማርያም፣ ነተን ካብ’ቲ ሰብኣዊ ባሕርይ ዝሃብክዮ፣ ፈጣሪ ዝኾነ ወድኺ ዝመጸ፣ ብሥራት ኪዳን ዝተቐበላ ኣእዛንኪ ሰላም እናበልኩ፣ ኩነኔ (ሲኦል) ከይተርእይኒ ኣምሕለኪ ኣሎኩ። ብዘይ ግብረ ጽድቂ ዘይጸድቕ እንተደኣ ኮይነሲ፣ እቲ ዝኣቶኽዮ ኪዳን ደኣ፣ ንኸንቱ ኮይኑ ማለት ድዩ?

ኦ ካብ መላእኽትን ደቂ ሰባትን ዝበለጽኪ ድንግል ማርያም፣ ሓደ ኃጥእ ሰብ፣ ብልቢ ኣሚኑ ዝክርኺ እንተ ገይሩ፣ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ምሳኺ ከምዝሕጐስ እናመስከርና፣ ነተን ኣብ ውሽጡ መለኮታዊ ባሕርይ ዝሓዘ ክርስቶስ ዝሓቐፋ ኣእዳውክን፣ ቀላጽምክን ሰላም ንብል ኣሎና።

ኦ ማርያም፣ ነቲ ልዕሊ ኩሎም ሕዋሳት ዝኮነ ድንግልናኽን፣ ነተን ብሕያው ኣዕኑድ ቤት መቕደስ ዝምሰላ ክልተ መሓውርክን እናዘከርኩ፣ ንዓኺ ናይ ሓድሽ ኪዳን ታቦት ንዝኾንኪ ድንግል፣ ጾም ንሕማም ነፍሲ ስለ እትፍውስ፣ ካብ ሸኾናይ ክሳብ ጸጒሪ ርእሰይ፣ ብናይ ጾም ቅብኣት ቅብእኒ እናበልኩ ሰላምታ አቕርበልኪ ኣሎኹ።

ኦ ብግዳምን ብውሽጥን ቅድስቲ ዝኾንኪ ድንግል ማርያም፣ ነቲ ፍሉይን ውቍብን፣ ካብ ሓናን ኤልሳቤጥን ዝተወርሰ መልክዕኪ ሰላም እናበልኩ፣ ምደኣዊ ጒዕዞይ ኣብ ምዝዛሙ፣ ብዘይ ዓስቢ (ጻማ) ከይተርፍሲ፣ ኪዳንኪ ኣብ ቅድሚ መሓሪ (ርኅሩኅ) ኣምላኽ በጃ ኪኾነኒ እምሕፀን ኣሎኹ።

ኣብ ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረት፣ ብጊዜ ማኅሌት ኮነ ብጊዜ መሥዋዕተ ቅዳሴ፣ *"ኣንቲ ውእቱ ተሰፋሁ ለኣዳም፣ ኣመ ይሰደድ እምገነት፣ - ኣዳም ካብ ገነት ክስጐጐ ከሎ ተስፋ ዝኾንክዮ ንስኺ ኢኺ"* እናበልና ነዘይም ኢና። እሞ ሎሚ'ውን ነቲ ጸጊሙዎ፣ ጸቢቡዎ፣ ሓሚሙ፣ ጠምዩ፣ ቀሲሉ፣ ርሒቑ፣ ናፊቑ ዘሎ ሕዝብኺ ብዓይኒ ምሕረት ቍሊሕ በልዮ እናበልና ብዘይ ምቍራጽ ንማሕጸና። ካህን ኣውያት መንፈስ ብማርያም ገይሩ ናብ መድኃኔ ዓለም ከቕርብ ከሎ፣ ሸዑ እዩ ዝዓበየ ፍቕሩ ዝገልጽ። *"ከመ ሶዶም እምኮነ፣ ወከመ ገሞራ እመሰልነ፣ እግዚኣብሔር ኪያኪ እመ ኢያትረፈ ለነ፣ በትረ ተኣምር ማርያም እንተ ጸገይኪ መድኅነ፣ ዘይቤ ኢመጻእኩ እጸውዕ ጻድቃነ ኣላ ለንስሓ ኃጥኣነ፣ - ኦ ነታ ተኣምራዊትን ዓምቢባ ንኃጥኣን እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ/ከድኅን ኣይመጻእኩን ዝበለ መድኃኒ ዘፈረየትልና በትሪ ዝተመሰልኪ ድንግል ማርያም፣ እግዚኣብሔር ንኣኺ ብዘይ ናይ ኣዳም ኃጢኣት እንተዘየትረፈልና ነይሩ፣ ከም ሶዶም ምጠፋእና፣ ከም ጎሞራ'ውን ምኮንና ነይርና"*፣ (ማኅሌተ ጽጌ)። *"ወረደ ምሕረት፣ በጸሎታ/በማርያም ወረደ ምሕረት"* ዝብል ወረብ ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ዘረጋግጽን ዘመርግድን። ከም'ቲ ንሳ ኣብ ቃና ዘገሊላ ነቶም ኣሳሰይቲ ዝበለቶም፣ ሎሚ'ውን ንኩልና፣ እዚ ጽንኩር ጊዜን ለበዳ ሕማምን ብቕልጡፍ ክቕንጥጠልኩም፣ ኣብ ጸበባኹም ክርኅወልኩም፣ ኩሉ ሳዕ ከም'ቲ ፍቁር ወደይ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝብለኩም ግበሩ እያ ትብለና ዘላ። ንሕና ከኣ ብወገንና፣ ኣዴና ማርያም እትብሎን ትፈትዎን ንግበር። ናብ ወዳ ንመለስ፣ ንሱ ዘይፈትዎን ዘይደልዮን ኩሉ ካብ ሓሳብናን፣ ዘረባናን፣ ግብርናን ነርሕቕ። ሓቀይና ጾም ማለት ከኣ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ ናይ ልብን ሕይወትን እምበር ናይ መግብን መስተን ጉዳይ ኣይኮነን።

## መደምድምታ

ኣብ መወዳእታ ኣስተንትኖና ክልተ ነገር ነስተውዕል። እቲ ቀዳማይ እግዚኣብሔር ከምዝኃረየናን፣ ከምኡ'ውን ሓዋርያዊ ተልእኮ ከምዘሰከመና ተኣሚንና ኣብ ግብሪ ከነውዕሎን ንጽዓር። እቲ ካልኣይ ከኣ ነፍሰ ወከፍና ንነብይ ዮናስ ከም እንመስል፣ ክንርዳእን ክንቅበልን ኣገዳሲ እዩ። ነቢይ ዮናስ እግዚኣብሔር ነዓ ተልኣኸኒ ምስ በሎ ሰንቢዱ፣ ርዒዱ፣ ክሃድም እውን ፈቲኑ። ካብ ኢድ እቲ ልዑል ኣምላኽ ግን ከምልጥ ኣይከኣለን። ደሓር ግን ናብ ልቡ ተመሊሱ ፍቓድ እግዚኣብሔር ክፍጽም ድልው ኮነ። እንተኾነ ኣብኡ'ውን ገለ ጸገማት ነይሩዎ እዩ። ነቲ ንኩሉ ዝኣመነን ዝተነስሐን ዝቕበል ወሰን ዘይብሉ ምሕረት ኣምላኽ፣ ደረት ክገብረሉ ደልዩ፣ *"ኣብ መወዳእታኡ፣ ንትምሕርዎሲ ስለምንታይ ናብ ሰብ ነነዌ፣ "ኣብ ኣርብዓ መዓልቲ ክትጠፍኡ ኢኹም" ክብሎም ልኢኽካኒ?"* ክብሎ ይርከብ። ገለገለ ጊዜ ዮናስ ንኣና'ዶ ይመስል? ወይስ ንሕና ኢና ንእኡ ንመስል? ዝኾነ ኮይኑ ነዘን ዝሰዕባ ካብ መልእኽታት እቲ ዓብይ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ እንተመርመርና ጠቓሚ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ተልእኮ ጓሶት ክዛረብ ከሎ፣ በዘን ዝስዕባ ውሑዳትን ጥዑማትን ቃላት ይገልጾ። *"ስለዚ ሰብ ንኣና ከም ኣገልገልቲ ክርስቶስን ከም መገብቲ ምሥጢራት ኣምላኽን ገይሩ ይቝጸረና"* (1ቆሮ 4:1) ይብል። እወ፣ ንሕና ካህናት/ጓሶት ኣገልገልትን መገብትን ሕዝበ እግዚኣብሔር ኢና። ቀጺልና ድማ ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንጦስ ዝጽሓፎ ናይ ኣባታዊ ማዕዳ ቃላት ንርአ። *"እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ ከም ፍቁራት ደቀይ ክምዕደኩም እምበር ከኅፍረኩም ኢለ ኣይኮንኩን። ብክርስቶስ ኣእላፋት መዕበይቲ እኳ እንተለውኹም፣ ብዙኃት ኣቦታት የብልኩምን። ከመይ ወንጌል ብምብሣር ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝወለድኩኹም ኣነ እየ"* (1ቆሮ 4:14-15)። ኣነ'ውን ክቡራንን ፍቁራንን ኣኃዋተይን ደቀይን ካህናት፣ ነዚ ጽሒፈልኩም ዘሎኹ ከም ሓገዝ እምበር ከም ወቐሳ ክይትወስድዎ ዓብይ ተስፋ ኣሎኒ። ብዙኃት ካባኻትኩም ኣብዚ ዕስራ ዓመት ጵጵስናይ ምሥጢረ ክህነት ዝተቐበልኩም ስለዝኾንኩም ከም ኣቦኹም ኮይነ ክዛረብ፣ ክጽሕፍ፣ ክምዕድ፣ ክሓትት፣ ከም እተፍቅዱለይ ኣይጠራጠርን እየ። ከምቲ ኢየሱስ ባዕሉ ንተመሃሮቱ፣ *"ንስኻትኩም ዝተኣዘዝኩምዎ ኩሉ ምስ ገበርኩም፣ 'ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ኢና፣ እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ኢና ዝገበርና' በሉ"* (ሉቃ 17:10) ዝበሎም ንኣና'ውን ሎሚ ብትሕትናን ብቕንዕናን ሰሚዕና ነዚ ዓብይ ምኽሩ ክንቅበሎ እዩ ዘተባብዓና ዘሎ። ወላ ሓደ እኳ ብኃይሉን ብጥበቡን ክጀሃር ዝኽእል የብልናን። ኩሉና ኃቢርና ምስ ቅዱስ ጳውሎስ፣ *"ነቲ ከገልግሎ ኃይሊ ዝሃበኒ፣ ከም እሙን ቆጺሩ ከኣ ናብ'ዚ ኣገልግሎት እዚ ዝመደበኒ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ኣመስግኖ ኣሎኹ። ሸሕ እኳ ቀደም ሰም ጐይታ ዝጸርፍን ዘሳድድን ዝገፍዕን እንተ ነበርኩ፣ ብዘይፍልጠትን ብዘይ እምነትን ስለዝገበርኩዎ ምሕረት ረኺበ። ኣብ ርእሲ እቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዝረኸብናዮ እምነትን ፍቕርን፣ ጸጋ ጐይታና ኣባይ ብዘይ ልክዕ ዓዘዘ"* (1ጢሞ 1:12-14) ክንብል ጥራይ እዩ ዝግብኣና።

ከም መዛዘሚ እምበኣር ኣብ ልዕሊ እዛ ኣስዒበ ዝህበኩም ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ስፍሕ ዝበለት ማዕዳ ክነስተንትን ሓጋዚ እዩ። ኣብ ኣገልግሎትና ዓወትን ስዕረትን ኩሉ ጊዜ ምስተፈራረቐ እዩ። እዚ ዘገርም'ውን ኣይኮነን፣ ከመይ እቲ ስራሕ ናይ መንፈስ ቅዱስ እምበር ናትና ኣይኮነን። ንሕና ብተወፋይነት፣ ብትብዓት ዝከኣለና ንግበር፣ ንሱ ከኣ ነቲ ናይ ድኅነት ስራሕ ክፍጽሞ እዩ። ቤተክርስትያን ኣቦ ዝፈጠራ፣ ወልድ ዝሓነጻ፣ መንፈስ ቅዱስ ዝፍጽማ ማኅበር ኣመንቲ እያ። ንሕና ግን፣ *"መታን ኣገልግሎትና ከይንቀፍ ንዝኾነ ይኹን ሰብ*

*ምኽንያት መዓንቀፌ ኣይንኾኖን ኢና። እኳ ደኣ ብኹሉ ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ንርእስና ብብዙኅ ትዕግሥቲ፣ ብመከራ፣ ብጭንቂ፣ ብጸበባ፣ ብመግረፍቲ፣ ብማእሰርቲ፣ ብእምባጋሮ፣ ብጻዕሪ፣ ድቃስ ብምስኣን፣ ብጥሜት፣ ብቅድስና፣ ብምስትውዓል፣ ብዓቕሊ፣ ብለውሃት፣ ብመንፈስ ቅዱስ፣ ብሓቀይና ፍቕሪ፣ ሓቂ ብምዝራብ፣ ብኃይሊ ኣምላኽ፣ ኣጽዋር ጽድቂ ብየማንን ብጸጋምን ብምኃዝ፣ ብኽብርን ብሕስረትን፣ ጽቡቕ ክዛረቡልና ኮነ፣ ከጸልሙና ንርአ ኣሎና። ሓቀይናታት ከሎና፣ ከም መምሰልቲ ይቖጽሩና፣ ከምዘይተፈለጥና፣ ግናኸ ኣጸቢቕና ፍሉጣት ኢና። ከም ዝሞትና፣ ግናኸ  ገና ሕያዋን ኢና። ብበርቱዕ ንቕጻዕ፣ እንተኾነ ገና ኣይተቐተልናን። ከም ጉሁያት፣ ግናኸ ኩሉ ሳዕ ሕጉሳት ኢና። ከም ድኻታት፣ ግና ንብዙኃት ነሃብትም ኢና። ኩሉ ከሎናስ ሓንቲ ከም ዘይብሎም ኮይንና ንርአ ኣሎና”* (2ቆሮ 6:3-10)። እቲ ስራሕና ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ እንተዘይከውን ንሕና ሓንቲ ክንገብር ኣይምኸኣልናን።  ወዮ ደኣ ንርስያ ኮይንና እምበር መድኃኒናስ ኣነጺሩ፣ *“እቲ ኣባይ ዚነብር፣ ኣነ’ውን ኣብኡ፣ ንሱ እዩ ብዙኅ ፍረ ዚፈሪ፣ ምኽንያቱ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም”* (ዮሓ 15:5) ኢሉና እዩ። ስለዚ ኩሉ፣ ***ምሳኡን፣ ኣባኡን፣ ብእኡን*** ይኹነልና እናበልና ንማህለል።

ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ዘመነ ዓብይ ጾም ብከምዚ ዝበለ መንፈስ እንተ ተጓዒዝና፣ ናብ ብርሃነ ትንሣኤ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብደኃነ ሰላም ምብጻሕ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ምስኡ’ውን ክንነግሥ ኢና። ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ፣ ኣብታ ነዚ ዘመነ ጾም ዝለኣኹልና *“እንሆ ንኢየሩሳሌም ንወጽእ ኣሎና”* (ማቴ 20:18) ዝኣርእስታ መልእኽቲ’ውን፣ ኣብዚ ብጾምን ጸሎትን ምጽዋትን ዝተሰነየ ጉዕዞ እዚ፣ ሓቀይና እምነት፣ ሕያው ተስፋ፣ ተግባራዊ ፍቕሪ ከነፍሪ ከምዝግብኣና ይገልጹልና። ብከም’ዚ ዝበለ መንፈስ እንተተጓዒዝና ድማ ንብዓለ ትንሣኤ ብሓጐስን ፍስሓን ከነብዕሎ ኢና ማለት እዩ። ነቲ ምእንታና ገንሸል ፋሲካ ኮይኑ ዝተበጀወልና መድኃኔ ዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ፣ *“ሰላም ለትንሣኤከ፣ ትንሣኤ ጻድቃን ዘከሠተ፣ ዐቀብተ መቃብር ኣእላፍ እንበለ ይስምዑ ግብተ። መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ዘኣሰሰልከ ጽልመተ። ትቤሎሙ ለኣርዳኢከ ኣርጎው ኆኃተ። ርግዘተ ገቦየ ትርኣዩ ሊተ። ሰላም ለትንሣኤከ ከመ ዘንቅህ እምንዋም፣ መንክራቲሁ ዘኮኑ እንበለ መስፈርትወዓቅም፣ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ለደቂቀ ብእሲ ኣዳም። ኣድኅነነ እግዚእየ እምእደ ጸላኢ ርጉም”* (መልክዐ መድኃኔ ዓለም) እናበልና ክንሙግሶን ክንልምኖን ኢና። ንሱ ከኣ፣ ነተን ምስ ተንሥአ ንሓዋርያቱ ዝሃቦም ክልተ ዓበይቲ ህያባት፣ ማለት ህያብ መንፈስ ቅዱስን፣ ህያብ ሓቀይና ሰላምን፣ ክህበና እዩ። ጽቡቕን ቡሩኽን ፍርያምን ጉዕዞ ጾመ ኣርብዓ ይግበረልና።

==========================

**ለቡ፣** እዚ ጽሑፍ እዚ ንጳጳሳትን ካህናትን ጥራይ ዘይኮነ፣ ንኩሎም ውፉያት፣ ኣኃውን ደናግልን፣ መማህራን ትምህርተ ክርስቶስን እውን ዝጠቅም እዩ።  ከተባብዖም’ውን እደሊ። ካብዚ ቀጺሉ ከኣ ንኣስተንትኖን ጸሎትን ዝሕግዙ፣ ካብቲ ብኣባ ተስፋልደት ኣባይ ዘማኅበረ ንኡሳን ኣኃው ካፑቺን ዝተዳለወ፣ ንባብ ቅዱስ መጸሓፍን ድርሳን ኣበውን  ዘርእስቱ መጽሓፍ ዝተወስደ ጽሑፋት ኣበውን፣ መዝሙራት ዳዊትን፣ ምስ ገለ ማኅሌታት ኣስፊረልኩም ኣሎኹ። እቲ ትርጉም ተወሳኺ ምጽፋፍ ዘድልዮ ኮይኑ ስለዝረኸብኩዎ ከም ውዱእ ኣይትውሰድዎ። ምስ’ቲ ናይ እንግሊዘይና ቋንቋ ከነጻጽሮ ክንጽዕር ኢና።

## ጓሶት ሕዝቢ እስራኤል

1 እግዚኣብሔር ተዛረበኒ። 2 “ኣታ ወዲ ሰብ፥ ኣንጻር ጓሶት እስራኤል ተነበ። እወ፣ ንጓሶት እስራኤል
ኣንጻሮም ተነበ፥ እቲ ኣነ ልዑል እግዚኣብሔር ዝብሎም ዘሎኹ ንገሮም” ድማ በለኒ። “ኣቱም ንርእስኹም
እምበር፣ ነተን ኣባጊዕ ዘይትጓስዩ ጓሶት እስራኤል ወይለኹም! 3 ጸባአን ትሰትዩ፣ ብፀጉረን ዝተገብረ ኽዳን
ትኽደኑ፣ ዘዝሰብሐት ሓሪድኩም ትበልዑ፣ ነተን መጓሰ ግና ኣይትጓሰይወንን። 4 ንዝሓመቓ
ኣይተኸናኸንክምወንን፣ ንዝሓመማ ኣይፈወስኩምወንን፣ ንዝተሰብራ ኣይዘነንኩምወንን። እኳ ደኣ ብትርን
ብጭካነን ገዛእኩምወን። 5 ጓሳ ስለ ዘይነበረ ፋሕ በላ። እወ፣ ፋሕ በላ፥ ንዅሎም ኣራዊት መሮር ከኣ ብልዒ
ኾና። 6 ስለዚ ኣባጊዐይ ኣብ ኵሉ ኣኽራንን ኣብ ኵሉ ነዋኅቲ ኵርባታትን ተባረራ፥ ኣብ ኵሉ ዝባን ምድሪ
ፋሕ በላ፥ ግደን ዚገብርን ዚደልየንን ከኣ የልቦን።

11 “ኣነ ልዑል እግዚኣብሔር እብለኩም ኣሎኹ፥ ነተን ኣባጊዐይ ኣነ ባዕለይ ክደልየንን ክኣልየንን እየ።
እወ፥ ከምቲ ጓሳ ነተን ፋሕ ዝበላ ኣባጊዑ ደልዩ ዚእክበን፥ ከምኡ ድማ ኣነ ነባጊዐይ ክደልየንን ክእክበንን እየ።
ካብቲ ብመዓልቲ ጥፍኣትን ጸልማትን ፋሕ ኢለናሉ ዝነበራ ዅሉ ቦታ ኽኣኻኽበን እየ። 13 ካብ ዓዲ ጓና
ኽምጽአን፣ ኣብ ሓደ ክእክበን፣ ናብ ሃገረን ድማ ክመልሰን እየ። ኣብ ኣኽራን እስራኤል ኣብ ርባታት ኣብቲ
ሰብ ዚነብረሉ ኵሉ ጽቡቕ መጓሰዪን ክኣልየን እየ። 14 ኣብ ልሙዕ መጓሰዪ ከውፍረን እየ፣ ደምቢአን ከኣ ኣብቲ
ነዋኅቲ ኣኽራን እስራኤል ኪኸውን እዩ። እወ፣ ኣብ ጽቡቕ ደምበ ኪድቅሳ፣ ኣብ ስቡሕ መውፈሪ ኣብ ኣኽራን
እስራኤል ክጓስየን እየ። 15 ነባጊዐይ ኣነ ባዕለይ ጓስአን ክኸውን እየ፣ ኣነ ባዕለይ ድማ ኣብ ዘዕርፋሉ ደምበ
ከእትወን እየ። ኣነ ልዑል እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ።

16 “ነተን ዝጠፍኣ ክደልየን፣ ነተን ዝተባረራ ክመልሰን፣ ንዝተሰብራ ክዘንነን፣ ንዝሓመማ ክፍውሰን እየ።
ነተን ዝሰብሓን ዝበርትዓን ግና፣ ኣነ ቅኑዕ ዝፈርድ ጓሳ ስለ ዝዀንኩ፣ ከጥፍአን እየ።

23 ኣነ ኸኣ በይኑ ጓስአን ምእንቲ ኪኸውን ከም ዳዊት ባርያይ ዝበለ ንጉሥ ክህበን እየ። ንሱ ድማ
ኪጓስየንን ኪኣልየንን እዩ ። 24 ኣነ ኣምላኸን ክኸውን እየ ። እቲ ኸም ዳዊት ባርያይ ዝበለ ኸኣ መስፍነን
ኪኸውን እየ። ኣነ እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ። 25 ኣነ ምስኣተን ኪዳን ሰላም ክኣቱ፣ ንክፉኣት ኣራዊት ካብ
ሃገር ከጥፍኦም እየ። ንሳተን ከኣ ኣብ በረኻ ሃዲኣን ኪነብራ፣ ኣብ ዱርውን ኪድቅሳ እየን።

26 “ኣነ ክባርኸን እየ፣ ኣብ ዙርያ እቲ ቕዱስ እምባ ጽዮንውን ክንብረን እየ፣ ዝናም ብጊዜኡ ከውርድ፣
ዝናም በረኸት እውን ኪኸውን እዩ። 27 ኦም መሮር ፍሪኡ ኬፍሪ እዩ፣ ምድሪውን እኽሊ ኸተፍሪ እያ፣ ነፍስ
ወከፍ ከኣ ኣብ ሃሃገሩ ሃዲኡ ኪነብር እዩ። ኣነ ኣርዑት ባርነት ሕዝበይ ምስ ሰበርኩ፣ ካብ ኢድ እቶም ባሮት
ዝገበርዎም ከኣ ምስ ኣናገፍክዎም፣ ሽዑ ኣነ እግዚኣብሔር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 28 ድኅሪ ደጊም
ሕዝብታት ኣይኪዘምትዎምን እዮም፣ ኣራዊት ምድሪ ኸኣ ኣይኪበልዕዎምን እዮም። እኳ ደኣ ሃዲኦም ኪነብሩ
እዮም፣ ዜፍርሆም እውን የልቦን፣ 29 ፈራዪት ምድሪ ክህቦም እየ። ድኅርዚ ከኣ ኣብታ ሃገር ብጥሜት
ኣይኪጠፍኡን እዮም፣ ድኅሪ ደጊም ድማ ሕዝብታት ኣይኪጸርፍዎምን እዮም። 30 ነፍስ ወከፍ ከኣ ኣነ
እግዚኣብሔር ኣምላኽሲ ሓላው እስራኤል ከም ዝዀንኩ፣ ንሳቶም ከኣ ሕዝበይ ከም ዝዀኑ፣ ኪፈልጥ እዩ፣ ኣነ
እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ። 31 “ኣቱም ኣባጊዐይ! ኣነ ዝጓስዮም ኣባጊዕ! ንስኻትኩም ሕዝበይ ኢኹም፣ ኣነ
ኸኣ ኣምላኽኩም እየ። ኣነ ልዑል እግዚኣብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ”። (ሕዝ. 34፣ 1-6፣ 11–16፣ 23-31
ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 65)

## ሕያዎት ጓሶት ወከልቲ እቲ ንውልቁ ሓደ ጓሳ እዮም

ክርስቶስ ዚጓሲየካ ከም ግቡእን ብርትዕን እዩ። ነባጊዑ ካብተን ዘይኣባጊዑ ፈልዩ ይፈልጠን እዩ። “እተን ኣባጊዐይ ድሃየይ ይሰምዓ፣ ኣነ ከኣ ኣለልየን፣ ይሰዕባኒ እየን ኸኣ” (ዮሓ 10፣27)። እቶም ኵሎም ሕያዎት ጓሶት፣ ኣብዚ ንውልቁ ሓደ ዝዀነ ጓሳ ተጠቕሊሎም ይረኣዩኒ። ሕያዎት ጓሶት ናይ ብሓቂ ኣለው፣ እንተዀነ ኵሎም ኣብ ሓደ ተጠቕሊሎም እዮም ዚርከቡ፣ ኣብ ሓድሕዶም ሓድነት ከምዘይሃለወ። ብርግጽ ብዙኃት ምዃኑ ነይሮም፣ ግን ሓድነት ስለ ዘለዎም፣ ሓደ እዮም። ካብዚ ዝተለዓለ ሕዝ ብዛዕባ ሓደ ኡንኮ ጓሳ እምበር፣ ብዛዕባ ብዙኃት ኣይዝረብን እዩ። ከምዚ ክንብል ከለና ግን፣ ጐይታ ኪጓስየሉ ዚኽእል ሰብ ስኢኑ ኣይኮነን።

ሓደ ጊዜ ንጴጥሮስ ስለ ዝረኸበ፣ ንዕኡ ጥራይ ኣይረከበን፣ እኳ ደኣ፣ ሓድነት ኪገብሩ ዝተማኅጸኖም ብስም ጴጥሮስ እዩ። ሓዋርያት ብዙኃት እዮም ነይሮም፣ እንተዀነ “ነባጊዐይ ሓሉ” ዝበሎ ንሓደ ጥራይ እዩ (ዮሓ 21፣16)። ኣብ ጊዜና እውን እግዚኣብሔር ይበሎ ደኣ እንበር ሕያዎት ጓሶት ኣይንስእንን ንኸውን። ብዘይ ጓሶት ክንተርፍ እግዚኣብሔር ኣይፈቅዶን ይኸውን፣ እቲ ርኅሩኅ ዝዀነ ሕያውነቱ ጐይታ፣ ከም ብሓድሽ ኣጨብጨቡ፣ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያናትና ይፍጠረልና። ሕያዎት ኣባጊዕ እንተልየን፣ ርግጽ እዩ፣ ሕያዎት ጓሶት እውን ኪህልው እዮም። ከመይ’ሲ ሕያዎት ጓሶት ዚውለዱ ካብተን ሕያዎት ኣባጊዕ እዮም።

ዝዀነ ኮይኑ ግን፣ እቶም ኵሎም ሕያዎት ጓሶት ዚርከቡ፣ ኣብ ሓደ ኣካል ተጠቕሊሎም እዮም። ንሳቶም ኪጓስዩ ከለው፣ ክርስቶስ እዩ ዚጓሲ። ኣዕሩኽ መርዓዊ ድሃይ ድምጺ ምስ ሰምዑ እዮም ናይ ብሓቂ ብታሕጓስ

ዚምድሩ፣ ሱቕ ኢሎም ድምጾም ኣየቃልሑን እዮም። በዚ ምኽንያት'ዚ ንሳቶም ምስ ዚጓስዩ ንሱ እዩ ዚጓሲ፣ ድሃዩን ፍቕሩን ኣብኣቶም ስለ ዘሎ። እቲ ዚጓሲ ኣነ እየ ይብል።

ክርስቶስ ኣባጊዑ፣ ንቅዱስ ጴጥሮስ ምስ ኣረከበን ብርግጽ ከምቲ ሓደ ሰብ ንኻልእ ሰብ ዜረክበን ገይሩ እዩ ኣረኪቡወን። ዝኾነ ኮይኑ ግን፣ ንዕኡ ምስ ገዛእ ርእሱ ሓደ ገይሩ እዩ ዚቈጽሮ። እቲ ርእሱ ዝኾነ ክርስቶስ። ነቲ ተምሳል ሰብነት ወይ ተምሳል ቤተክርስቲያን ዝኾነ ጴጥሮስ ኣባጊዑ ኣረከበ። ብኸምዚ ዝበለ ኣገባብራ ከም መርዓውን መርዓትን ክርስቶስን ጴጥሮስን ሓደ ኣካል የቘሙ።

ምእንት'ዚ ከም ንገዛእ ርእሱ ገይሩ ኣባጊዑ ንኸረክብ ቅድሚ ኵሉ እንታይ ኢሉ እዩ ዚሓቶ፣ ጴጥሮስ ተፍቅረኒ ዲኻ፧ ቢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ እወ ኣነ ኣፍቅረካ እየ ቢሉ መለሸሉ። ከም ብሓድሽ ተፍቅረኒ ዲኻ፧ በሎ፣ ንሱ ከኣ እወ ኣነ ኣፍቅረካ እየ ቢሉ ይምልሸሉ። ገና ንሣልሳይ ሻዕ ተፍቅረኒ ዲኻ፧ ኢሉ ይሓቶ፣ ንሱ ከኣ እወ የፍቅረካ እየ ቢሉ ይምልሸሉ (ዮሓ. 21፣ 15-17)። ክርስቶስ ንጴጥሮስ ምስ ገዛእ ርእሱ ብሓድነት ንኸደልድሎ ኢሉ ቅድም ብፍቕሩ ከጽንዖ ደለየ። እምበኣር ብጓሶት ገይሩ ጥራይ እዩ ዚጓሲ፣ ንሳቶም ከኣ ዚጓስዩ ኣብኡ ጥራይ እዮም፣ ብሓደ ወገን ብዛዕባ ጓሶት ኣይዝረብን እዩ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ በስማቶም ይርቖሑ እዮም። እቶም ጓሶት ይሕበኑ እዮም፣ የግዳስ *"እቲ ዚሕበን ብጐይታ ይተሓበን እዩ"* (2 ቆሮ. 10፣ 17)። ምጉሳይን ምእንቲ ክርስቶስ ምጉሳይን ኣብ ክርስቶስ ምጉሳይን ማለት እዩ። እዚ ከኣ ብርግጽ ጓሶት ተሳኢኖም ኣይኮኑን።

እግዚኣብሔር ብሕዝቅኤል ነቢይ ገይሩ፣ ኣባጊዐይ ንኺጓስየለይ ንዚህበን ስለ ዘሰኣንኩ፣ ባዕለይ ክጓስየን እየ ክብል ከሎ፣ ጓሶት ዘይርከቡሉ ግዜ ኪመጽእ እዩ ኢሉ ኪንበ ደልዩ ኣይኮነን። ጴጥሮስ እቶም ካልኦት ሓዋርያትን ገና ብሰብነቶም ኣብዚ ዓለም ከለው፣ ንሱ ንበይኑ ንዅሎም እቶም ካልኦት ጓሶት ኣብ ገዛእ ነብሱ ዚጥቕልል ክነሱ፣ እዚ ዚኽተል ዘረባ ተዛረበ። *"ካብ'ዚ መጓሰ እዚ፣ ዘይኮና ካልኦት ኣባጊዕ እውን ኣለዋኒ፣ ንኣኣተን እውን ከምጽኤን እየ ቃለይ ኪሰምዓ እየን፣ ሓደ መጓሰን ሓደ ጓሳን ከኣ ኪኾና እየን"* (ዮሓ. 10፣17)። ስለዚ እቲ ነባጊዑ ዚጓስየን ክርስቶስ ጥራይ እዩ፣ ግን ኪጓስየን ከሎ ብነፍስ ወከፍ ጓሳ ተወኪሉ እዩ። ስለ'ዚ ኵሎም ኣብቲ ሓደ ንውልቁ ዝኾነ ጓሳ ይረኽቡ፣ ነታ ሓንቲ ድሃይ ጓሳ ከኣ የድምጹ። እተን ኣባጊዕ ነዚ ወይ ነቲ ዘይኮነ፣ እንታይ ደኣ ንሓደ ጥራይ ነዛ ድምጺ'ዚኣ ኢየን ዚሰምዓ፣ ንጓስኤን ይኽተላ። ኵሎም ብእኡ ሓንቲ ድሃይ ድምጺ ጥራይ የሰምዑ እምበር ዝተፈላለዩ ድሃይ ኣይግበሩ። *"ኣኅዋተይ፣ ኵልኻትኩም ሓንቲ ቃልን ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ኮይንኩም ሥመሩ እምበር ኣብ መንጎኹም ፍልልይ ኣይሃሉ"* (1ቆሮ. 1 ፣10)። እተን ኣባጊዕ፣ ነዛ ካብ ፍልልይን ካብ መናፍቕነትን ዝነጽሔት ድሃይ ይሰምዓን ነቲ *"ኣባጊዐይ ድምጸይ ይሰምዓ እየን፣ ይሰዕባኒ ከኣ እየን"* (ዮሓ. 10፣27)። (ስብከት ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ጳጳስ፣ ብዛዕባ "ጓሶት" ን.ቅ.መ.ድ.ኣበውን ገጽ 80)

## <u>ቅዱስ ጳውሎስ ኣርኣያ</u>

ቅዱስ ጳውሎስ ሓደ ጊዜ ሓቂ ስለ ዝመስከረ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ከቢድ ጸበባ ከሎ፣ እቶም ብሃይማኖቶም ኣኅዋቱ ዝነበሩ ዜድልዮ ኵሉ ሰደዱሉ። ከምዚ ዝበል ናይ ምስጋና ወረቐት ከኣ ለኣኽሎም፣ ኣብ ጸገመይ  ምስታፍኩም ጽቡቕ ገይርኩም፣ *"ድኅሪ ነዊን ጊዜ፣ ናይ ብሓቂ ከም ብሓዲሽ ብኣይ ክትግደሱ ስለ ዝተለዓልኩም ብጐይታ ኣዚየ ተሓጒሰኩ፣ ብዛዕባ እዚ'ኳ መደሎ ሰኢንኩም እምበር ቀደም እውን ትግደሱ ነይርኩም ኢኹም። እዚ ዝብሎ ዘለኹ ስለ ዝሰኣንኩ ኣይኮነን፣ ከመይ በቲ ዘለኒ ተመስገን ምባል ተማሂረ እየ። ኣነ ትሕት ምባል እፈልጥ፣ ኅልፍን ትርፍን ዘሎካ ምዃን እፈልጥ፣ ኣብ ጽጋብ ኮነ ኣብ ጥሜት፣ ብሃብቲ ኮነ ብድኽነት፣ ኣብ ኵሉን ብኵሉን ለሚደዮ እየ። በቲ ክርስቶስ ዚህበኒ ኃይሊ ንዅሉ እኽእሎ እየ። ኣብቲ ጸበባይ ተኻፈልቲ ብምዃንኹም ግና፣ ጽቡቕ ኢኹም ገርኩም"* (ፊሊ. 4፣ 10 - 14)።

እንተኾነ ንሱ ከምቶም ነባጊያም ዘይኮነስ፣ ንገዛእ ርእሶም ዚጓስዩ ንኸይከውን ኢሉ፣ ኣብቲ ተግባሮም እንታይ ጽቡቕ ከም ዝረኸበሉ ኪገልጸሎም ኢሉ፣ እቲ ዜሕጒስ፣ እቲ ጽቡቕ ተግባሮም እምበር፣ ጸገሙ ስለ ዝፈትሕሉ ኣይኮነን። ስለዚ ቅዱስ ጳውሎስ፣ ካብኣቶም እንታይ ኢዩ ዚደሊ? *"ኣነ ኣባኻትኩም ክርኢ ዝደሊ ቅድሰናኹም እምበር ህያብኩም ኣይኮነን"* (ፊሊ. 4፣17) ይብሎም። ኣነ ዝደልየኩም መኻናት ጽቡቕ ተግባር ኮይንኹም ከይትተርፉ እምበር፣ ኣነ ክጸግብ ደልየ ኣይኮንኩን። ምእንትዚ እቶም ጓሶት ከም ቅዱስ ጳውሎስ ብገዛእ ርእሶም ኪነብሩ፣ ማለት ብኢዶም ሰሪሖም ኪነብሩ ዘይኽእሉ እንተኾይኖም እቲ ንመግቢ ዕለቶም ዜድልዮም፣ ካብ ምእመናን ይቀበልዎ፣ እንተኾነ ነቶም ብሕልና ገና ዘይተቐረቡ ምእመናን፣ ዕንቅፋት ከይኾኑዎም ይጠንቐቑ። ንሳቶም ነቲ ንኻልኦት ዜመኃላለፍዎ ብርሃን-ቃልን ሓቅነት-ወንጌልን ብዝበለጸ ንኺድልቡን ምቕሉላት ንኺኾኑን ይጽዓሩ እምበር፣ ምእንቲ ገዛእ ጥቕሞም ኪሓስቡ ኣይግባእን።

ወንጌል፣ ዚሰብኵሉ ምኽንያት፣ መነባበሪ ሕይወቶም ንምምእራር ከይመስል፣ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ብዛዕባ ጥቕሚ ገዛእ ርእሶም ኪሓስቡን ኪዛረቡን ኣይግባእን። ከም'ቲ ተጻሒፉ ዘሎ፣ ንሳቶም ከም ዚበርህ ፋኑስ ኪኾኑ ይግባእ። *"ሕቖኹም ተዓጢቕኩምን መብራህትኹም ኣብሪህኩምን ተሰናዲኹም ጽንሑ"* (ሉቃ. 12፣ 35)።

ቀጺሉ እውን *“መብራህቲ ኣብ ቤት ብዘሎ ዅሉ ምእንቲ ኬብርህ፣ ኣብ በሪኽ መቐመጢኡ ተንብሮ እምበር ኣብ ታሕቲ ከፈር ከተንብሮ ኢልካ ኣይተብርሆን ኢኻ”* (ማቴ. 5፣ 15-16)። ንምዃኑ ንስኻ ኣብ ገዛኻ ፋኑስ ከተብርህ ከሎኻ፣ ከይጠፍእ ኢልካ ጸጸኒሕካ ዘይቲ’ዶ ኣይትውስኽሉን ኢኻ፣ ግና እቲ ፋኑስ ዋላ ዘይቲ እንተወሰኽካሉ ዘይበርህ እንተዀይኑ ብዘይካ ምድርባዩ፣ ኣብ በሪኽ ቦታ እንተ ኣምበርካዮ እንታይ ፋይዳ ኣለዎ ፧

ንሕይወትካ ዜድሊ ምኃዝ ዘሎ እዩ። እንተዀነ ንኻልኦት ምክፋል ከኣ ምልክት ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ሰበኽቲ ወንጌል ንወንጌል ብስብከቶም ሸይጦም፣ ቀለብ መግቢ ዕለቶም፣ ዘይረኽቡሉ ማለት ኣይኮነን። ከምዚ ዝበለ ንግዲ እንተዝካየድ ነይሩ፣ እቲ ብሰብኣዊ ዘረባ ዋጋኡ ኪግለጽ ዘይከኣል ኣዚዩ ክቡር ዝዀነ ቅዱስ ነገር ተራ’ኺሱ ማለት እዩ።

ሕዝቢ ክርስትያን ሽሕ’ኳ ንመነባበሪኦም ዝኸውን ቀለብ ኣዋጺኦም እንተሃቡዎም እቲ ሓቀኛ ዓስቢ ኣገልግሎቶም ዚረኽብዎስ ካብ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። ነቶም ምእንቲ ወንጌል ኢሎም ዚሰርሑ ውፉያት ሰበኽቲ፣ ሕዝቢ ዝኸፈለ እንተኸፈሎም እውን፣ ከምቲ ብሥርዓት ኪኽፈልዎ ዚግባእ ገይሩ ኪኸፍሎም ኣይኽእልን እዩ። እዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ዓስቦም ዚቕበሉ፣ ካብ’ቲ ንሕዝቢ ዘድኅን ምንጪ ድኅነት ዝዀነ እግዚኣብሔር እዩ። እሞ’ሽ ደኣ፣ እዞም ኋሶት እንታይ ኢልና ኢና ንሥስጾም፧ ዚኽሰሱ’ሽ እንታይ ስለ ዝገበሩ እዮም፧ ጸባ ኣባጊዕ እናሰተዩ ብጸጕረን ዝተሰርሐ ክዳን እናተኸደኑን ከለው፣ ነባጊዖም ተገዲሶም ዘይኋስዩ ስለምንታይ እዮም፧ እቲ ክሲ እዚ እዩ። ስለ’ዚ እዞም ከም’ዚ ዝበሉ ኋሶት ዚሰርሑ ምእንቲ ጥቕሚ ክርስቶስ ዘይኮነስ፣ ምእንቲ ጥቕሚ ገዛእ ርእሶም እዩ። (ስብከት ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ጳጳስ፣ ብዛዕባ “ኋሶት” ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 47)

## ብእዋን ራህዋ ኮነ፣ ብጊዜ ጸበባ፣ ኩሉ ጊዜ ሰበኽ

ነተን ዝተባረራ ኣይመለስኩምወንን፣ ነተን ዝጠፍኣ ኣይደለኹምወንን (ሕዝ. 34:4)። ካብ ሕጂ ንደኃር ኣብ ኢድ ሰረቕትን ኣብ ኣፍ ርጉማት ተዃሉን ኢና እንነብር ዘሎና እሞ፣ ብምኽንያት እዚ ሓደጋ እዚ ጸሎት ክትገብሩልና ንልምነኩም። ኣብ ልዕሊ እዚ ሓደጋ እዚ ከኣ እተን ኣባጊዕ’ውን ምቕሉላት ኣይኮናን። መንገዲ ጠፊኡወን ክንደልየን እንተኸድና ደይመደይ ኢለን ኪጋገያን ኪጠፍኣን ስለዝደልያ ንሕና ናትኩም ኣይኮናን ይብላና። ንሳተን ተመሊሰን ስለምንታይ ኢኹም እትደልዩና? ስለምንታይ ደድሕሬና ትመጹ? ይብላና። ንኣኣተን እንደልየሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ንሳተን መንገዲ ስለዝሰሓታን፣ መንገዲ ስለዝጠፍኣንን እዩ። ካብኣተን ከኣ እንደገና ‘ኣነ ኣብ ጌጋ እንተ ደኣ ኣሎኹ፣ ክመውት ቀሪበ እንተ ደኣ ኮይነ፣ ንምንታይ ትደልየኒ? ንምንታይስ ትእልሸኒ? እንተበለትኒ፣ ኣነ ከኣ ‘ኣብ ጌጋ ስለዘሎኺ ክእርመኪ፣ ስለዝጠፋእኪ ክረኽበኪ ስለዝደልኹ እየ’ ኢለ እምልስ። እታ ነፍሲ ከኣ፣ ‘ኣነስ ከምኡ ኢለ ክጠፍእ እየ ዝደሊ፣ ከምኡ ኢለ ካብ ቅኑዕ መንገዲ ክወጽእ እየ ዝደሊ፣’ ኢላ ትምልስ። ኣነ ከኣ ‘ካን ከምኡ ኢልኪ መንገዲ ክትጋገዪ፣ ካን ከምኡ ኢልኪ ክትጠፍኢ፣ ብኃሊናይ ኣይድግፎን እየ’ እብላ። ብቃል ሓዋርያ ጳውሎስ ገይረ ኣብ ቀጻሊ ከሕስረኪ እየ። “ብእዋን ራህዋ ይኹን ብእዋን ጸበባ ይኹን፣ ቃል ኣምላኽ ደጋጊምካ ኣበሥሮ” (2ጢሞ 4:2) ዚብል ይዝከረኒ ኣሎ። ብጊዜ ራህዋ ንመን? ብጊዜ ጸበባኸ ንመን እዩ? ብጊዜ ራህዋ ‘ብርግጽ ነቲ ዝደለየ፣ ብጊዜ ጸበባ ከኣ ነቲ ዘይደሊ። ‘ንስኺ ካብ ቀንዲ መንገዲ ወጺእኪ ዓንዘር ክትብሊ ኢኺ ትደልዩ ዘሎኺ፣ ንስኺ ክትጠፍኢ ኢኺ ትደልዩ ዘሎኺ፣ ኣነ ግን ክትጠፍኢ ኣይደልን እየ። ናይ ብሓቂዶ ክነግረኪ? ኣነ በዚ ዝመጸ ኣይደክምን እየ። ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን እቲ ብፍርሂ ዘንቀጥቅጠኒ ኣምላኽ እዩ ከምዚ ክኸውን ዘይደሊ።

ኣነ ንድሌትኪ እንተ ደኣ ተቐቢለዮ ንሱ ከምዚ ምበለንን ምገሰጸንን ነይሩ፣ ‘ነተን ዝተባረራ ኣይመለስኩምወንን፣ ነተን ዝጠፍኣ ኣይደለኹምወንን’። ምናልባት ካብ ንእኡ ምፍራህ ንኣኺ ምፍራህ ድዩ ዘሎኒ? *‘ነፍሰ ወከፍ ፍርዲ እቲ ብሥጋዊ ሕይወቱ ዝገበሮ ሠናይ ኮነ እከይ ኮነ ምእንቲ ክቕበል፣ ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ክንቀውም ኢና’* (2ቆሮ 5:10)። ምእንት’ዚ ንስኻ ፍቶ ኣይትፍቶ ነታ ዝተባረረት በጊዕ ክመልሳ እየ። ነታ መንገዲ ጠፊኡዋ ኣብ ፈቐዶ ቦታ ዓንዘር ትብል ዘላ ደልየ ክመልሳ እየ’ ይብል ጐይታ። እቲ ፍርሃት ኣምላኽ ዘኅድረለይ ኃይሊ ምሳይ ክሳዕ ዘሎ ዋላ’ኳ ክደልያ ከሎኹ ብኣእሻኹን ብቆንጠጠፈን ኣግራብን እንተተወጋእኩ፣ ኣብቲ ዝጸበበ መንቈራቍሮ ኣትየ እውን ክደልያ እየ። ኣብ ኩሉ ጣሻታት ክእልሻ እየ። ኣብ ኩሉ ክደልያ እየ። ነታ ዝተባረረት በጊዕ ክመልሳ እየ። ንክትጸርኒ ትዕግሥቲ ክትገብሪ እንተዘይደሊኺ ኣይትሕረቒ፣ ኣይትጥፍኢ።

ብምብራርክን፣ ብምጥፋእክን ምኽንያት ምሕዛን ጥራይ ይኣኽለኒ እንተ ደኣ ኢለ ወዲኣየ፣ እዚ ንኣይ ብዘይመጠን ውሑድ እዩ። ንኣኺ ብሸለልትነት እንተ ኣጥፊአኪ፣ ነታ ብርትዕቲ እውን ብሸለልትነት ከየጥፍኣ እፈርህ እየ። ድኅሪ እዚ እንታይ ከምዝኽተል ኣስትወዕሊ። ‘እተን ስቡሓት ኣባጊዕ’ውን ሓሪድኩም ወዲእኩምወን ኢኹም’ (ሕዝ 34:3)። ነታ መንገዲ ጠፊኡዋ ዓንዘር ክትብል እትጠፍእ በጊዕ ሸለል እንተ ደኣ

ኢለያ፣ እታ ጥዕይቲ እውን ኣሠራ ተኸቲላ ዓንዘር እናበለት ክትጠፍእ እያ። (ስብከት ቀ.ኣጎስጢኖስ ጳጳስ፣ ብዛዕባ “ኃሶት” ን.ቀ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 67)

## ንኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ፈለጥካ፣ ንምሉእ ቅዱስ መጽሓፍ ክትፈልጥ ኢኻ

“ቅዱስ መጽሓፍ ኣምላኽ ዝገለጸልና እምበር ብጻዕሪ ሰብ ዝተረኽበ ኣይኮነን። እዚ ግልጸት እዚ ‘ብስም እቲ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዝነብር፣ ምንጪ ኩሉ ዝኾነ ኣቦ ብርሃን እዩ ዝተረኽበ’። መንፈስ ቅዱስ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦ ብኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ገይሩ፣ ናባና ይወርድ። እቲ ከም ድሌቱ ንነፍስ ወከፍና ህያባቱ ዝዕድልን ዘካፍልን መንፈስ ቅዱስ ከኣ እምነት ይህበና። ክርስቶስ ድማ ብእምነት ኣብ ልብና ይኃድር (ዕብ 17:3)። ኢየሱስ ክርስቶስ ዝፍለጥ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ እዩ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከኣ ካብ ሓንቲ ዓይኒ ማይ እዮም ዝፍልፍሉ። እዛ ዓይኒ ማይ እዚኣ ኣብ ምሉእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትርከብ ውሕስነት ሓቅን፣ ንሓቂ እትርድኣሉ መንቋሕቋሕታን እያ። ስለዚ ሓደ ኣቓዲሙ ነታ መብራህትን፣ ማዕጾን፣ መሠረትን፣ ምሉእ ቅዱስ መጽሓፍ ዝኾነት እምነት ከይሓዘ ኣብ ውሽጣ ኣትዩ ክፈልጣ ኣይክእልን እዩ። ኣብ'ዚ ናይ ስደት ዓለምና ክሳዕ ዘሎና፣ እምነት ናብ ሓቂ እትመርሓና፣ መሠረት ኩሉ መልዕልተ ባህርያዊ ፍልጠትን ኣብኡ ንክንበጽሕ ንመንገድና ኣብሪሃ እተእትወና ማዕጾን እያ። ዝኾነ ሰብ ከም'ቲ ኣምላኽ ንነፍስ ወከፍ ዝዓደሎ፣ መስፈሪ እምነት ገይሩ ደኣ ብዛዕባ ርእሱ ቅኑዕ ይሕሰብ እምበር፣ ካብ'ቲ ዝግብኦ ንላዕሊ ከይሓስብሲ (ሮማ 13:3)፣ ካብቲ ዝግብኦ ሓሊፉ ከይምካሕ እታ ካብ ሰማይ ዝተዋህበትና መለክዒት ጥበብ እያ።

ዕላማ ቅዱስ መጽሓፍ፣ ምሉእነት ዘለዓለማዊ ታሕጓስ እምበር ማንም ጊዜያዊ ዕግበት ኣይኮነን። ቅዱስ መጽሓፍ ናይ ብሓቂ እቲ ቃል ዘለዓለማዊ ሕይወት ዘለዎ መጽሓፍ እዩ። ንሕና ድማ ኣመንቲ ጥራይ ኣይኮንናን፣ ብተስፋስ ድሮ ወነንቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ኢና። ኣብኡ ምስ በጻሕና ከኣ እቲ ኩሉ ሃረርታና ናብ ብሓቂ ብተግባር ክንርእዮን ከነፍቅሮን ኢና። ሽዑ ጥራይ ኢና ‘ፍቕሪ ልዕሊ ኩሉ ፍልጠት ምኻና’ ክንርዳእ ንኽእል። በዚ ምኽንያት እዚ ብኩሉ ምልኣት ኣምላኽ ክንመልእ ኢና። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ቀድም ኢሉ ዝበለና፣ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ቅዱስ መጽሓፍ ብዛዕባ እዚ ምልኣት እዚ ከፍልጠና ኢሉ ይጽዕር እዩ።

ንሕና ንቅዱስ መጽሓፍ በዚ ኣገባብ እዝን በዚ ርድኢት እዝን ክነንብቦን ክነጽንዖን ይግባእ። ወትሩ ከም'ዚ ገይርና ክንሰምዖን ክንመሃሮን የድሊ። ብቕኑዕ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ፍረ ንክንሓፍስን ናብ'ዚ ዕላማ እዚ ንክንበጽሕን ካብ መጀመርያ ሀ ኢልና ክንጅምሮ ኣሎና። እዚ'ኸ እንታይ ማለት እዩ? ንሱ ብወዱ ገይሩ ኣብ መንፈስ ቅዱስ ሓቀይና ፍልጠትን ፍቕርን ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ክህበናን፣ ናብ ኣቦ ብርሃን ብውሉዳዊ እምነት ክንቀርብን ብትሑት ልቢ ክንጽልን ይግባእ።

ንቅዱስ መጽሓፍ ብስፍሓትን ብዕምቀትን ብንውሓትን ከነስተማቕሮ እንጅምር፣ ኣብ ፍቕሪ ተመሥሪትና ክንፈልጦ ከሎና እዩ (ዕብ 3:18)። በዚ ምኽንያት'ዚ ኣብ'ቲ ቅዱሳን ሃረር ዝብሉዎን ኣብ'ቲ ክውንነት ሓቅን ሕያውነትን ዝፍጸመሉ፣ ኣብ'ቲ ዓቐን ዘይብሉ ፍጹም ፍልጠትን ፍቕርን ቅድስቲ ሥላሴ ክንበጽሕ ንኽእል ኢና።
(ድርሳን፣ “ብረቪሎክዮ”ናይ ቅዱስ ቦናቨንቱራ፣ ን.ቀ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 482)

## ቅድሚ ረብሓ ገዛእ ርእስኻ፣ ረብሓ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሥራዕ

ጾባ በጊዕ ምስታይ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ስለ ዝገለጽናዮ፣ ብጸጉሪ በጊዕ ዝተሰርሐ ክዳን ምኽዳን ማለት ከኣ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ክንርዳእ ንጽዓር። እምበኣር እቲ ጾባ ዚህብ መግቢ እዩ ዚህብ፣ እቲ ጸጉሪ በጊዕ ዚህብ ከኣ፣ ክብሪ እዩ ዚህብ። እቶም ነባጊያም ዘይኮነስ፣ ንገዛእ ርእሶም ዚኃስዩ ኃሶት ንምእመናኖም ዚሓትወን ነገር ክልተ እየን፣ ንሳተን ንሕይወቶም ዜድልዮን፣ ከምኡ እውን ክብርን ውዳሴን እዩ። ክዳን ንሕፍረት ስለ ዝከድን፣ ክዳን ኪበሃል ከሎ፣ ዜሰምዕ ናይ ብሓቂ ክብሪ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ድኹም እዩ፣ እቲ ዚኃስየኩም ከኣ ብርግጽ ካባኻትኩም ዝተፈልየ ኣይኮነን። ንሱ እውን ሥጋ ለበስ መዋትን፣ እኽለ ማይ ዚቕለብ፣ ድቃስ ዜድልዮ፣ ደቂሱ ዚበራበር፣ ተወሊዱ ብመዓልቱ ዝመውት እዩ። ምእንቲ'ዚ ንሱ ብተፈጥሮኡ እንታይ እዩ ኢልካ ክትምርምር ከሎኻ፣ ተራ ፍጡር ምኳኑ ይርድኣካ። እንተኾነ ንስኻ ልዕሊ ካልኦት ከተኽብሮ ከሎኻ፣ ንድኻምነቱ ኢኻ ክትሠትረሉ ትርከብ።

ቅዱስ ጳውሎስ እውን *“ከም መልአኽ እግዚኣብሔር፣ ከም ክርስቶስ ኢየሱስ ገርኩም ተቐበልኩሙኒ። ዚከኣል ነይሩ እንተዝኸውን እውን፣ ዓይንኹም ከይተረፈ ኣውጺእኩም ምሃብኩሙኒ ነይርኩም፣ ስለ'ዚ ኵሉ ከኣ ኣመስግነኩም ኣሎኹ”* (ገላ. 4፣ 14-15) ኢሉ ዝተዛረቦም ምኽንያት፣ ሕዝቢ ከም'ዚ ዝበለ ክዳን ዝሃቦ እዩ። እንተኾነ፣ ሽሕ'ኳ ማዕረ ክንድ'ዚ እንተኸበርዎ፣ ክብሮምን ናእዳኦምን ከይጎድሎ ኢሉ ነቶም ዚጋገዩ፣ ካብ ምእራም ድኅር ኢሉ ኣይፈልጥን እዩ። ናይ ብሓቂ ከምኡ ገይሩ እንተዝኸውን፣ ምስቶም ንገዛእ ርእሶም እምበር ነባጊያም ዘይኃስዩ ኃሶት ምተቈጽረ ነይሩ። ንገዛእ ርእሱ እንታይ ኣእትዩኒ፣ ኣብ ስራሕ እማተይ ዝኣቱ

እንታይ ኣእትዩኒ፣ ብዛዕባ ካልኦት ክንድ'ዚ ዝሸገርስ እንታይ ምስ ዓጠጠኒ እዩ፣ ድላዮም ዘይገብሩ፣ መግበይ ፍሉጥ እዩ፣ ንዓይ ኵሉ እዩ ዜኽብረኒ እናበለ ምተዛረበ ነይሩ።

እንተኾነ ነፍሲ ወከፍ ናብ ዘዝደለዮ እንተ ዝኸይድ ደኣ ጽቡቕ ዝገበርካ'ዶ ይመስለካ፧ ሓሳብካ ከም'ዚ እንተኾይኑ ትጋገ ኣሎኻ። ትጋገ ምህላውካ ንኽርድኣካ ከኣ ንሕጂ እቲ ዘሎካ ክብሪ ብዘየገድስ፣ ከም ሓደ ተራ ምእመን ገይረ ክርእየካ ፍቐደለይ። እምበኣርከስ *"ሓደ ኣካል እንተተሣቐየ ምስኡ ኵሎም እዮም ዚሣቐዩ"* (1ቆሮ. 12፣26) ዚብል ጽሑፍ ዘክር። ቅዱስ ጳውሎስ ንገዛእ ርእሱ፣ እቲ ዝገበሩሉ ጽቡቕ ኣቀባብላ እናዘከረ ነቲ ዝገበሩሉ ክብሪ ዚርስዖ ከይመስሎም ኢሉ፣ ከም መልኣክ ኣምላኽ ገይሮም ከምዝተቐበሉዎ እናገለጸ፣ ኣድላይ ኮይኑ እንተዝኸውን ከኣ ዓይኖም ኣውጺኦም ምሃቡዎ ነይሮም ኢሉ መስኪሩሎም እዩ።

ብዝኾነ ናብታ ዝሓመመትን ቊስላ ዝተኣፈፋን በጊዕ ቀሪቡ፣ ቊስላ ሓጸባን ሓኪሙ ኣሕወያን። *"እም'ኸ ሓቂ ስለ ዝነገርናኩም'ዶ ጸላኢ ኮይነኩም እየ"* (ገላ. 4፣16) ከኣ ይብሎም። ከም'ቲ ቅድም ኢልና ዝተዛረብናሉ፣ ንሱ ናይ ብሓቂ ጸባ ኣባጊዑ ሰትዩ እዩ፣ ጸጉሪ ኣባጊዑ እውን ተኸዲኑዎ እዩ፣ ግና ነባጊዑ ሸለል ኣይበለንን፣ ምኽንያቱ ንሱ ዚሰርሕ ንረብሓ ኢየሱስ ክርስቶስ እምበር፣ ንረብሓ ገዛእ ርእሱ ኣይኮነን። (ስብከት ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ፣ ጳጳስ ብዛዕባ "ጓሶት"፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 50)

## መሴን ኢየሱስን

"ዕብራውያን፣ ተኣምር ረኣዩ፣ ንስኻ'ውን ካብ'ቲ ንሳቶም ካብ ሃገር ግብጺ ክወጽኡ ከለው ዝረኣዩዎ ተኣምር ዝበዝሓን ዝዓብን ክትርኢ ኢኻ። ፈርዖን ምስ ሠራዊቱ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኪጥሕል ከሎ ንስኻ ኣይረኣኻዮን፣ ሰይጣን ግን ምስ ሠራዊቱ ኪጥሕል ከሎ ርኢኻዮ ኢኻ። ኣይሁድ ንባሕሪ ተሳገሩ፣ ንስኻ ከኣ ንሞት ተሳገርካ። ንሳቶም ካብ ግብጻውያን ናጻ ወጹ፣ ንስኻ ከኣ ካብ ኣጋንንቲ ናጻ ወጻእካ። ንሳቶም ካብ ጨካን ባርነት ተገላገሉ፣ ንስኻ ከኣ ካብ'ቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ባርነት ኃጢኣት ናጻ ወጻእካ። ስለዚ ንስኻ ዝዓበዩ ህያባት ከምዝተቐበልካ ኣስተውዕል። ሙሴ ሽሕ'ኳ ከምኣቶም ዕብራውን ባርያን እንተነበረ፣ ሽዑ ግን ነቲ ዜንጸባርቕ ገጹ ክርእዩዎ ኣይከኣሉን። ንስኻ ግን ኣብ ክብሩ ዘሎ ክርስቶስ ረኣኻ።

ቅዱስ ጳውሎስ እውን *'ንሕና ንኽብሪ ገጽ ጐይታ እንርእዮ ብቕኑዕ ዓይኒ እዩ'* (2ቆሮ 3:18) ይብል። ሽዑ ንዕብራውያን ዝከታተሎም ዝነበረ ክርስቶስ እዩ። ሕጂ ግን ክርስቶስ ንኣና ብዝበለጸ እዩ ዚከታተለና። ንሳቶም ካብ ግብጺ ምስ ወጽኡ ናብ ምደረ በዳ ኣተው፣ ንስኻ ድሕሪ ሞት ናብ ሰማይ ክትኣቱ ኢኻ። ንሳቶም መራሒኦምን ሓለቓኦምን ሙሴ እዩ ነይሩ። ንሕና ግን ዝመርሓናን ዝእዝዘናን እቲ ሓዲስ ሙሴ ዝኾነ ወልደ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ። ዓይነተይና ጠባይ ሙሴ ከመይ እዩ ነይሩ? ቅዱስ መጽሓፍ ሙሴ እቲ ናይ ዓለምና ዝለውሀ ሰብ ከምዝነበረ ይነግረና። *'ሙሴ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ካብ ዘሎ ሰብ ትሕትና ዝመልአ ሰብ ነበረ'* (ዘኍ 12:3)።

እዚ ዓይነተይና ጠባይ እዚ፣ በቲ ጥዑምን ባሕርዩ ሓደ ዝኾነን መንፈስ ዚርዳእ ዝነበረ፣ ነቲ ናትና ሙሴ ዝኾነ ክርስቶስ ከነልግበሉ ንኽእል ኢና። ሙሴ ነቲ እንጌራ መላእኽቲ ዝኾነ መና ከውርድ ኢሉ ንሰማይ ኣእዳው ዚዝርግሕ ዝነበረ እዩ። እቲ ናትና ሙሴ ከኣ ንሰማይ ኣእዳው ዘርጊሑ ዘለዓለማዊ እንጌራ የውርድ። እቲ ቀዳማይ ሙሴ ንከውሒ ዘቢጡ ዚውሕዝ ማይ ኣንተዐ። እቲ ካልኣይ ሙሴ ከኣ ንመኣዲ ተንኪፉን ንምሥጢራዊ ጣውላ ዘቢጡን መንፈሳዊ ዓይኒ ማይ የንትዕ።

እንሆ ከስ እቲ መኣዲ ኣብ ማእከል ዝቐመጠሉ ምኽንያት። እተን ኣባጊዕ ካብ ኲሉ ሰፍራ መጺኦን፣ ኣብ'ታ ድኅነት እትህብ ምንጪ ማይ ምእንቲ ኪሰትያ እዩ። ምእንት'ዚ ጸጋን ምሕረትን ምእንቲ ክንረክብ ከም'ዚ ዝመሰለ ዓይኒ ማይን፣ ሕይወት ዝህብ ምንጪ ማይን፣ ክንድ'ዚ ዝኣክል ሺሻይ ዝመልአ መኣድን ኅልፍን ትርፍን መንፈሳዊ ጸጋ ዘለዎን ካብ ረኸብና፣ ብጽሩይ ልብን ብንጹሕ ኅሊናን ናብኡ ንቐረብ። ብጸጋን ምሕረትን ቦኽሪ ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብእኡ ገይሩ ከኣ ንእግዚኣብሐር ኣቦን ንእግዚኣብሐር መንፈስ ቅዱስን ውዳሴን ክብርን ሥልጣንን ይኹን። ሕጅን ወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን። ኣሜን።" (መሴን ኢየሱስን፣ - ኣስተምህሮ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 584)።

## ጸሎት ብርሃን ነፍሲ እዩ

ጸሎት ወይ ምስ ኣምላኽ ምውሳእ፣ ልዑል ሀብቲ እዩ። ጸሎት ምስ ኣምላኽ ዚግበር ናይ ብሓቂ ውሽጣዊ ውህደት እዩ። ከም'ቲ ዓይንና ብርሃን ምስ ረኣየ ዝውላዕ (ዝኽፈት)፣ ከምኡ ከኣ እታ ናብ ኣምላኽ እተድህብ ነፍሲ፣ በቲ ኪግለጽ ዘይከኣል ብርሃን ጸሎት ትበርህ እያ። ግን እቲ ንነፍሲ ዚውልዕ ብርሃን ጸሎት ካብ ልቢ ዚወጽእ እምበር ብልማድ ዚግበር ኣይኮነን። ጸሎት ለይትን መዓልትን ከየቋረጸ ዚዕምብብ እምበር ኣብ ውሱን ጊዜን ሰዓትን ጥራይ ዚግበር ኣይኮነን። ነፍስና (ልብና) ናብ እግዚኣብሐር እነዕርግ፣ ብምሉእ መንፈስ

ኣብ ጸሎት ምስ እንጽመድ ጥራይ ኣይኮነን። ብፍቕሪ መለኮታዊ ፍቕሪ ተቓሚሙ፣ ከም ጨው ኮይኑ፣ ንጕይታ ምድሪ ዓለም፣ ኣዝዩ ጥዑም መግቢ መታን ኪኸውን፣ ኣብ ካልእ ስራሕ ምስ እንጽመድ፣ ንኣብነት ንድኻታት ብለጋስነት ክንሕግዝ ከሎና፣ ንኣምላኽ ሃረር እናበልና ክንዝክሮ ይግባእ። ብዝተኻእለ መጠን ጊዜና ንምሉእ ሕይወትና፣ እኳ ደኣ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ዓይነት ጸሎት እንተኣውዒልናዮ ብዙኅ ክንከስብ ኢና።

ጸሎት ብርሃን ነፍስን፣ ንኣምላኽ ብሓቂ እንፈልጠላን፣ ንኣምላኽን ንሰብን እተቀራርብን እያ። ነፍሲ ሳላ ጸሎት ክሳብ ሰማይ እያ ትዓርግ። ክንገር ብዘይከኣል ስዕመት ፍቕሪ ከኣ ንጕይታ ትሓቍፎ። ከም'ቲ ሕጻን ብብኽያት ነዲኡ ዚጽውዕ፣ ነፍሲ ከኣ ከምኡ፣ ብዓብይ ህርፋን መለኮታዊ ጸባ ትደሊ፣ ባህጊ ልባ ክሰምዓላ ሃረር ትብል፣ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ዝርአ ክቡር ህያብ ትቕበል። ጸሎት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ ልዑል መልእኽተይና ኪኸውን ከሎ፣ ምስኡ ኮይኑ ከኣ ንሃረርታኡ ስለዘዕግበሉ፣ ንነፍሲ ሕጉስቲ ይገብራ። እንተኮነ ሕጂ ዝዛረብ ዘሎኹ ብዛዕባ እቲ ቃል ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብዛዕባ እውነተይና ጸሎት እየ ዝዛረብ ዘሎኹ። ጸሎት ማለት ንኣምላኽ ሃረር ምባል እዩ። ንሱ ፍረ መለኮታዊ ጸጋ እምበር ካብ ሰብ ዘይመጽእ ኪግለጽ ዘይከኣል ፍቕሪ እዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፥ *'ከመይ ገይርና ክንጽሊ ከምዝግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና። ግና እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚጽልየልና'* (ሮማ 8:26)። ጕይታ ንገሊኣቶም ከም'ዚ ገይሮም ክጽልዩ ዕድል ዚህቦም እንተትኮይኑ፣ ኪጠፍእ ዘይግባእ ሃብቲ እዩ። ንነፍሲ ዜጽግብ ሰማያዊ መግቢ እዩ። እቲ ዘስተማቕሮ ከም'ቲ ኣዝዩ ብርቱዕ ዝኾነ ነበልባላዊ ሓዊ ዘቃጽል፣ ንሱ ከኣ ንሰማያዊ ጕይታ እዩ ብሃረርታ ዚቃጸል።

ንቤትካ ጸሎት እናኣዘውተርካ ብትሕትናን ብትዕግሥትን ሸልሞ። ንቤትካ ብብርሃን ፍትሒ ገይርካ ኣጸብቆ። ንገንዘታት መንደቑ እውን ብጽቡቕ ተግባርካ ብቅላጥ ጽሩይ ወርቂ ገይርካ ሰልሞ ሰላልሞ። ኣብ ክንዲ መናድቕን ክቡር ኣእማንን ከኣ፣ ንቤትካ ብእምነትካን መልዕልተ ባሕርያዊ ሕያውነትካን ገይርካ ንደቖ። ኣብ'ቲ ናሕሲ ከኣ ከም ዝለዓለ መዓርግ ክብሪ ጸሎት ኣቐምጠሉ። ከም'ዚ ገይርካ እምበኣር ንጕይታ ዚበቅዕ መኅደሪ ቀርበሉ። ኣብ ጽቡቕ ቤተ-መንግሥቲ ተቐበሎ። ንነፍስኻ ከኣ ቤት መቕደስ ህልውናኡ ንክትገብራ ክጽግወካ እዩ። (ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ - ጸሎት ብርሃን ነፍስ እዩ፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 555)።

## ኣምላኽ ብወዱ ተዛሪብና

ብዘመን ብሉይ ኪዳን፣ ካህናትን ነቢያትን ንእግዚኣብሔር ብዛዕባ ራእይን ግልጸትን ኪሓቱዎ ግቡእ እዩ። ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ገና እምነት ዘይተመሥረተን ሕጊ ወንጌል ከኣ ገና ዘይቀመን ስለዝነበረ እዩ። ምእንት'ዚ ካህናትን ነቢያትን ንእግዚኣብሔር ምሕታት፣ ብወገን እግዚኣብሔር ከኣ ብዘረባ፣ ብራእይ፣ ብክስተት፣ ብምሳሌ፣ ብተምሳላዊ ኣብነት ወይ ብካልእ መረድኢ መልሲ ኪህቦም ግድነት እዩ ነይሩ።

ንሱ ብሓቂ ብዛዕባ ምሥጢርን፣ ትምህርቲ ሃይማኖትን፣ ናብ ሃይማኖት ብዛዕባ ዚመርሕ ትምህርትን ይገልጸሎም ነበረ። ሕጂ ግን እምነትና ኣብ ክርስቶስ ዝተመሥረተ ስለዝኾነ፣ ሕጊ ወንጌል ከኣ ኣብ'ዚ ዘመነ ጸጋ ስለዝቖመ፣ ከም'ቲ ቀደም ንእግዚኣብሔር ተወኪስና ክዛረበናን ክምልሰልናን ግድነት ኣይኮነን። መልእኽቲ ዕብራውያን ነቲ ምስ እግዚኣብሔር ዝነበሮም ናይ ቀደም ኣገባብራ ሕጊ ሙሴ ኃዲጎም፣ ቀንዲ ጠመተኦም ናብ ክርስቶስ ጥራይ ከብሉ ዚደፋፍኦም ዝነበረ ሓቀይና ጠቕሲ፣ ነዚ እዩ ዝመስል፣ *'ኣምላኽ ብዙኅ ሳዕን ብብዙኅ መንገድን ቀደም ነቦታትና ብነቢያት ገይሩ ተዛሪቦም። ኣብ'ዘን ዳኅረዎት መዓልታት ከኣ ንኣና በቲ ወራሲ ኩሉን፣ ንዓለም ዝፈጠረን፣ ብወዱ ገይሩ ተዛሪቡና እዩ'* (ዕብ 1:2)።

እዚ ንመልእኽቲ ዕብራውያን ዝጸሓፈ በዚ ዕለት እዚ ገይሩ፣ ነቲ ቀደም ኣምላኽ ብነቢያት ገይሩ ዝዛረቦ ዝነበረ፣ ሕጂ ግን ብወዱ ገይሩ ንኩሉ ስለ ዝሃበናን፣ ነቲ ዚንገር ኩሉ ከኣ ስለ ዝነገረናን፣ እሞ ካብ ሕጂ ንደሓር ንኣና ዚንገር ስለዘይብሉ፣ ብሓደ ኣፋ ንኣምላኽ ዘይዛረብ በሃም ከምዝኾነ ገይሩ ከረድኣና ዝደለየ እዩ ዝመስል። ምእንት'ዚ እቲ ንእግዚኣብሔር ገና ኪሓትት ዝደልን፣ እቲ ራእይን ክስተትን ዚልምኖ፣ ጠመተኡ ናብ ክርስቶስ ጥራይ ክንዲ ዘብል፣ ገና ፍሉይን ሓዲስን ነገር ይደሊ ስለዘሎ፣ እዚ ዕሽነት ጥራይ ዘይኮነስ ብሓደ ኣፋ ንኣምላኽ ምሕዛን እዩ።

እግዚኣብሔር ብሓቂ *'እቲ ዘፍቅሮ ብእኡ እውን ዝተሓጐስኩ ወደይ እዚ እዩ ሰምዕዎ'* (ማቴ 17:5) ኢሉ ክምልሰሉ ምኸኣለ ነይሩ። በቲ ቃለይ ዝኾነ ወደይ ኩሉ ካብ ነገርኩኻ፣ ካልእ ዝነግረካ ካብ ዘይብለይ፣ ከመይን እንታይን እየ ዝምልሰልካን ዝነግረካን? ጠመተኻ ናብኡ ጥራይ ኣብሎ፣ ብእኡ ገይረ ኩሉ ነጊረካን ገሊጸልካን እየ። እኳ ደኣ ኅልፊ እቲ እትሓቶን እትደልዮን ኣብኡ ክትረኽቦ ኢኻ። ካብ'ቲ ምስ መንፈሰይ ኣብ ታቦር ኣብ ልዕሊኡ ዝወረድኩሉን፣ ብሥራት ዘበሠርኩሉን መዓልቲ ንደኃር *'እቲ ዘፍቅሮ ብእኡ እውን ዝተሓጐስኩ ወደይ እዚ እዩ ሰምዕዎ'* (ማቴ 17:5)።

ነቲ ናይ ቀደም ሚላ ኣመሃህራን መልሲ ምሃብን ገዲፈ ንእኡ ኩሉ ኣረኪበዮ እየ። ደጊም ዚግለጽ ሓዲስ ትምህርቲ ሃይማኖት ወይ ዝንገር ሓቂ ስለዘይብለይ፣ ንእኡ ሰምዕዎ። ቅድም እንተተዛረብኩ ንክርስቶስ

ክሰደልኩም ኢለ፣ ቃል ክኣትወልኩም ኢለ ጥራይ እየ። ሕዝቢ እውን እንተሓተተኒ፣ ከም'ቲ ሕጂ ምሉእ ትምህርቲ ወንጌላውያንን ሓዋርያትን ዚምስክሮ ብዛዕባ እቲ ካብኡ ኩሉ ሠናይ ንኪረኽቡ ይደልዩን ይጽበዩን ስለዝነበሩ ጥራይ እየ ዝተዛረብኩ። (ቅዱስ ዮሓንስ ዘመስቀል - ብዛዕባ ምድያብ እምባ ቀርሜሎስ፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 297)።

## ጾም፣ ጸሎት፣ ምጽዋት

## ብጾምን ምሕረትን ዚርከብ ቅዱስ ንጽሕና

ዝኸበርኩም ኣኀዋት፣ *"እግዚኣብሔር ጽድቅን ፍትሕን ይፈቱ። ምድሪ ከኣ ብምሕረቱ ምልእቲ እያ"* (መዝ 33:5)። እዚ ከቢቱና ዘሎ ስነ-ፍጥረት ንገዛእ ርእሱ ንኣምላኽ ከኽብር ከምዘለዎ ንነፍሲ ወከፍ ምእመን እዩ ዜምህር። ሰማይ፣ ምድሪ፣ ባሕሪ፣ እቲ ኩሉ ኣብኦም ዘሎ'ን ንሕያውነትን ነቲ ኩሉ ዝኽእል ፈጣሪኦምን እዮም ዝገልጹ። ብዛዕባ እቶም ምእንታና ልባውያን ዝተፈጥሩ ዘደንቑ ጽቡቓት ፍጡራት ንሕና ከነመስግን ግቡእ'ዶ ኣይኮነን? ሕጂ ግን ምሉእ ተሓድሶ መንፈስ ክንገብር እንትሕተተሉ ጊዜ እዩ።

እዚ ጊዜ እዚ እቲ ንበዓላት ፋሲካ ዝቕርበና ዘመነ ምሥጢረ ድኅነት ደቂ ሰብ እዩ። በዓል ፋሲካ ምልእቲ ቤተርክስትያን ብምኽንያት ንስሓን ስሬትን ናይ ብሓቂ እትሕጕሰሉን እትፍስሓሉን ፍሉይ ጊዜ እዩ። እዚ ስሬት ኃጢኣት እዚ ንንኡሳን ክርስትያን ጥራይ ዘይኮነስ ንቶም ካብ ነዊኅ ጊዜ ኣትጊዞም፣ ምስቶም ውሉደ ጸጋ ዝርከቡ ምእመናን ዚቕጸሩ እውን ዚወሃብ እዩ። ሓደስቲ ሰባት ዚውለዱ ብርግጽ ኣብ ምሥጢረ ጥምቀት እዩ። እንተኮነ መዓልቲ መጸ ኪሕደሱ ከኣ ንኩሎም ግቡእ ነገር እዩ። ካብ'ቲ በብጊዜኡ ብሰንኪ ድኻምነትና ኣብ'ቲ መዋቲ ባህሪና ዚእከብ ርስሓት ኃጢኣት ክንገላገል ኣድላይ እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ቅድስና ኩሉ ኪመሓየሽ ስለዘለዎ፣ በቲ መዓልቲ ድኅነት ኣብ ኃጢኣት ኣረጊት ሰብነትና ዋላ ሓደ ረሲሑ ንከይጸንሕ ኩላትና ክንጽዕር ይግባእ። እቲ ኣብ ጊዜ ዓብይ ጾም ኪግበር ዝግባእ ጾም ናይ እኽለ ማይ ጥራይ ኣይኮነን። ልዕሊ ኩሉ እኳ ንኃጢኣት ክነውግድ የድሊ። ክንዛረብ እንተኮይንና ሓዋርያዊ ሥርዓት ምእንቲ ከነኽብር፣ ነፍሰወከፍ ክርስትያን ኩሉ ሳዕ ኪገብሮ ዝግብኦ፣ ሎሚ ከኣ ብፍላይ ብዝበለጸ ጻዕርን መንፈሳውነትን ኪፍጸሞ ይግባእ።

ምስ እዚ ናይ ጾም ተግባር ግቡእን ቅዱስን ዝኾነ ተግባር ኃቢሩ ኪኸይድ ዝግብኦ ምጽዋት እዩ። ምጽዋት ንገዛእ ርእሱ ናይ ምሕረት ስራሕ እዩ። ምጽዋት ብዙኅ ጽቡቕ ተግባር እዩ ዘጠቓልል። ሽሕ'ኳ ሀብቲ ኩሉ ሰብ ማዕረ እንተዘይኮነ፣ ኣብ'ዚ ናይ ምጽዋት ተግባር ግን ኩላቶም ምእመናን ማዕረ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ነቲ ንኣምላኽን ንብጻይናን ዘሎና ፍቕሪ ከኣ ብተግባር ምሕረት ኣብ ግብሪ ንከነውዕሎ ዕድል ክንስእን ኣይንኽእልን ኢና። መላእኽቲ *"ንእግዚኣብሔር ኣብ ኣርያም ክብሪ ይኹን፣ ኣብ'ዚ ዓለም ከኣ ንቶም ኣምላኽ ዘፍቅሮም ሰብ ጽቡቕ ድላይ ሰላም ይኹን"* (ሉቃ 2:14) እናበሉ ኣዚሞም እዮም።

እቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጸገም ናይ ካልኦት ዝሳተፍ ሰብ ኩሉ ፍቕርን ሰላምን ስለ ዚስምዖ ሕጉስ እዩ። ክርስትያናዊ ናይ ምሕረት ስራሕ ክትፍጽም እትኽእለሉ ዕድል ብዙኅ እዩ። እቶም ኪምጽውቱ ዚኽእሉ ሀብታማትን ርኹባትን ጥራይ ኣይኮኑን።፣ እቶም ውሑድ ዝትኅዝቶኦም ድኻታት እውን ብዓቕሞም ኪምጽውቱ ይኽእሉ እዮም። ሽሕ'ኳ ብሀብቲ እንተተፈላለዩ፣ ብስምዒት ርኅራኄ ልቢ ግን ኩሎም ማዕረ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። (ቅዱስ ልዮን ዓብይ - ብጾምን ምጽዋትን ዚርከብ ቅዱስ ንጽሕና፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 552)።

## ጳጳስ ምስ ካህናቱን ምስ ዲያቆናቱን ሓደ እዩ

ኢግናስዮስ፣ ተኦፎሮ ተባሂሉ እውን ዚጽዋዕ። ናብታ ኣብ ፊላደልፊያ፣ ኣብ ኤዥ እትርከብ ቤተ ክርስቲያን እግዚኣብሔር ኣብን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን። ኣምላኽ ዜፍቅራን ብሰኒት ከምትጸንዕ ዝገበራን ብሕማማት ጐይታና ብሓጎስ ዝመልኣን ብትንሣኤኡ ምሉእ ብምሉእ ከምትኣምን ዝገበራን፣ ብኹሉ መለኮታዊ ህያባቱ ሸሉሙዋ እዩ። ኣነ ነዛ ዘለዓለማዊትን ኢንታ ዘይብላን ሓጎሰይ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ሰላምታ ኣቕርበላ።

ንሳ ነቶም ብቅዱስ መንፈሱን ብፍቓዱን ብመደብ ሓሳብ ኢየሱስ ክርስቶስ ኃያላትን ጽኑዓትን ዝገበሮም ኣካላት ብኀልፊ ምስ ጳጳስን ምስ ድርገተ ካህናትን ምስ ዲያቆናትን ኅብረት እንተደኣ ኣልይዎም፣ ንሳ ብዝበለጸ ሓጎሰይን ዘለዓለማዊትን ኢንታ ዘይብላን ክትኸውን እያ።

ጳጳስኩም እቲ ምእንቲ ጥቕሚ ሕዝቢ ኢሉ ዘካይዶ ዘሎ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ብፍቕሪ እግዚኣብሔርን ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን እምበር፣ ብገዛእ ኃይሉ ወይ ብኃይሊ ሰብ፣ ወይ ብህርፋን ሥልጣን ዝረኸቦ ኣይኮነን። ኣነ ብሕያውነቱ ተማሪኸ እየ። ካብቶም ከንቱ ዝኾነ ዘረባ ዚዛረቡ፣ ንሱ ብስቕታኡ ካብኣቶም ንላዕሊ ዚገብሮ ቁም ነገር ይበዝሕ። ከም'ቲ መቓዋን ክራር ጥዑም ድምጺ ዚህብ፣ ፍቓድ ኣምላኽ ከኣ ምስኡ ፍጹም ስምምዕ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት'ዚ በቲ ነጸብራቕ ሕያውነት ሕያው ኣምላኽ ዝኾነ ስምዒት ነፍሰይ

ብእግዚኣብሔር ደስ ይብላ። ኣነ እዚ ስምዒት እዚ ቅዱስን ፍጹምን ጽኑዕን ልቦና ዝመልኣን ምኳኑ እፈልጥ እየ።

እምበኣርከስ ንስኻትኩም ውሉድ ብርሃንን ሓቅን ዝኾንኩም፣ ካብ ፍልልይን ካብ ክፉእ ትምህርትን ርሓቑ። ንስኻትኩም ኣብ ኵሉ ደድጓሪ ጓሳኹም እትኸዱ ምቕሉላትን እሙናትን ኣባጊዕ ኩኑ። እቶም ናይ እግዚኣብሔር ኣብን ናይ ኢየሱስ ክርስቶስን ዝኾኑ ናይ ብሓቂ ኵሎም ምስ ጳጳስ እዮም ዘውግኑ። እቶም ተጣዒሶም ናብ ሓድነት ቤተ ክርስቲያን ዚምለሱ እውን፣ ከምቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ዜምህረና ምእንቲ ኪነብሩ፣ ንሳቶም እውን ናይ እግዚኣብሔር ወገን እዮም። እቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ፍልልይ ዚፈጥር *"ንመንግሥተ ኣምላኽ ኣይወርሰን እዩ"* (1ቈር. 6፣ 10)። እቲ ብመንገዲ መናፍቕነት ዚኸይድ እውን ምስ ሕማማት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣይቃዶን እዩ።

ምእንቲ'ዚ ከም'ቲ ምስ ድርገተ ካህናት፣ ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎትን፣ ምስቶም ብጾተይ ዝኾኑ ዲያቆናትን ሓደ ጳጳስ ጥራይ ዘሎ፥ ከምኡ ከኣ ብዘይካ ሓደ ሥጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፣ ብዘይካ እቲ ምስ ደሙ ኅብረት ዚህበና ሓደ ጽዋዕን፣ ብዘይካ ሓደ መንበረ ታቦትን ካልእ የልቦን። ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ሓደ መሥዋዕተ ቅዳሴ ከም እትሳተፉ ግበሩ። እትገብርዎ ኵሉ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ንኽትፍጽሙዎ ጽዓሩ።

ዝኸበርኹም ኣኅዋት! ልበይ ንዓኻትኩም ብፍቕሪ ምሉእ እዩ። ብዝዓበየ ሓጎስ ከኣ ከጠንቅቐኩም እፈቱ። ግን እቲ ዜጠንቅቐኩም ዘሎ ኢየሱስ ክርስቶስ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን። ተሞቂሐ ዘሎኹ ብርግጽ ምእንትኡ ኢለ እየ፥ እንተኾነ ኣብ ፍጽምና ስለ ዘይበጻሕኩ፣ እቲ ስግኣተይ ይውስኽ እዩ ዘሎ። ኣብ ቅዱስ ወንጌልን ኣብ ሥጋ ክርስቶስን እምኅጸን። ኣብ ድርገተ ካህናትን ኣብ ሓዋርያትን እውን ዑቕባ እሓትት። ብኸምዚ'ኸስ ሕያውነት ኣምላኽ፣ ንዓይ ኢሉ ዝመደበለይ ውርሻ ክወርስ እየ። (መልእኽቲ ቅዱስ ኢግናስዩስ ዘኣንጾኪያ፣ ጳጳስን ሰማዕትን፣ ናብ "ክርስቲያን ፊላደልፊያ"፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 114)

## <u>ሓደ ጓሳ ሱቕ ዚብለሉን፣ ቀልጢፉ ብእዋኑ ዚዛረበሉን፣ ኪፈልጥ ይግባእ</u>

ሓደ ጓሳ ሱቕ ዚብለሉን፣ ብእዋኑ ቀልጢፉ ዚዛረበሉን ጊዜ ኪፈልጥ ይግባእ ክበሃል ከሎ፣ እቲ ኪንገር ዘይግባእ ሱቕ ኢሉ ከኃልፎ፥ እቲ ኪንገር ዚግባእ ከኣ ሱቕ ኢሉ ከየኅልፎ ምጥንቃቕ ማለት እዩ። ከም'ቲ ከይተጠንቀቕካን ብታህዋኽን እትዛረቦ ዘረባ ከጋጊየካ ዚኽእል፣ ከምኡ ከኣ ሱቕታ ኣብ ዘየድልየሉ ሱቕ ክትብል ከሎኻ፣ ነቶም ኪጋገዩ ዘይግብኦም ኣብ ሰንኮፍ ሓዲግካ ከምዚጋገዩ ትገብሮም ኣሎኻ ማለት እዩ።

ብዙኅ ጊዜ ዘይለባማት ጓሶት። ዕርክነቶም ከየጥፍኡን ከይጽልኡን ኪብሉ ከምቲ ክርስቶስ ዚብለና፣ እቲ ኪብሃል ዚግባእ ሓቂ፣ ናፃ ኮይኖም ኪዛረቡዎ ኣይደፍሩን። እዞም ከምዚኣቶም ዝመሰሉ ጓሶት፣ ነባጊዖም ከም ዕቡሳት እምበር፣ ፍቕርን ሓልዮትን ከም ዘለዎም ሓቀኛ ጓሶት ኣይጓሲይወንን እዮም። ዕቡሳት ተኲሉ ኪመጽእ ምስ ዘርእዩ ይሃድሙን ይሕቡኡን እዮም።

ጐይታ ንኸምዚኣቶም ዝመሰሉ ብኢሳይያስ ነቢይ ገይሩ *"ኵሎም ነቢሖም ዘይኽእሉ ዓባሳት ኣኽላባት"* (ኢሳ 56፣10) ይብሎም። ከምኡ እውን *"በቲ መናድቑ ዝፈረሰ ስለ ዘይሕልዉ፣ ነቲ ቀጽሪ ከምብሓድሽ ስለ ዘይነደቑዎ እግዚኣብሔር በቲ ዝመደቦ መዓልቲ ውግእ ኪኸውን ከሎ፣ ንሕዝቢ እስራኤል ኪከላኸሉሉ ኣይኪእሉን እዮም"* (ሕዝ. 13፣5) እናበለ ይግሥጾም። ንሳቶም ነቶም ኃጢኣተኛታት በደሎም ክንዲ ዝነግሩዎም፣ ብኣንፃሩ ብሃብቶም ኪንእድዎም ብምርኣይን፣ ንክፍኣት ኃጢኣተኛታት ብዘይምኹናንን፣ ከይገሠጽዎም ሱቕ ብምባሎም፣ ቃል ኣምላኽ፣ ብፍርሃቶምን በቲ ሓቂ ዘይብሉ ሕይወቶምን ይግሥጾም እዩ።

ተግሣጽ ሓደ መፍትሕ እዩ፥ ተግሣጽ ናይ ብሓቂ ጌጋኻ ንኽትርኢ ንኅሊናኻ ይኸፍቶ እዩ። ብዙኅ ጊዜ ጌጋኻ ንገዛእ ርእስኻ ኅቡእ ስለ ዝኾነ፣ በዚ ምኽንያት'ዚ ቅ.ጳውሎስ ከምዚ ይብል፥ *"በቲ ቅኑዕ ትምህርቲ ምእንቲ ኪምዕድን፣ ነቶም ዚቃወምዎ ከኣ ቅኑዕ መልሲ ምእንቲ ኪህቦም ኪእርም ግቡእ እዩ"* (ቲቶ 1፣9)። ሚልኪያስ ነቢይ እውን *"ብዛዕባ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ስለ ዝኾነን፣ ፍቓደይ እንታይ ምኳኑን ምእንቲ ኪፈልጡ፣ ሕዝቢ ናብኣቶም ኪኸዱ ይግባእ"* (ሚልክ. 2፣7)። (ካብ ሕጊ ጕስነት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዓቢይ ር.ሊ.ጳ.፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 103)

## ሓቀኛ ጾም

1 እግዚኣብሔር ከም'ዚ ይብል ኣሎ፥
"ኣፍካ መሊእካ ጨድር፣ ኣይተቋርጽ፣ ድምፅኻ ከም መለኸት ዓው ኣብል፣ ንሕዝበይ ኣበሳኦም፣ ንቤት እስራኤል ድማ ኃጢኣቶም ንገሮም።
2 ንሳቶም ብመገደይ ኪመላለሱ ከም ዝፈተዉ መዓልቲ መዓልቲ የምልኹኒ፣ ከም'ቲ ጽድቂ ዚገብርን፣ ሕጊ ኣምላኹ ዘይኃደገን ሕዝብስ ቅኑዕ ሕጊ ካባይ ይደልዩ፣ ፈትዮም ዜምልኹኒ ከኣ ይመስሉ።"

3 እቶም ሕዝቢ "እግዚኣብሔር ዘይርእየና እንተ ደኣ ኮይኑስ ስለምንታይ ጾምና? ንሱ ግድና ዘይገብር እንተ
ደኣ ኮይኑ'ኸ ስለምንታይ ነፍስና ኣሕሳእና?" እናበሉ ይሓቱ ኣለዉ።
እግዚኣብሔር ከኣ ከም'ዚ ይብሎም ኣሎ፥ "እንሆ፣ ብመዓልቲ ጾምኩምሲ ተግባርኩም ኢኹም እትገብሩ፣
ንግዙኣትኩም ድማ ትገፍዕዎም ኣሎኹም። 4 ክትጾሙ ከለኹም ትበኣሱን ትከራኸሩን ብሕሱም ጉስጢት
ትዋቐዑን ኣሎኹም። ጸሎትኩም ኣብ ላዕሊ ከምዚሰማዕ ገይርኩም ሎሚ ኣይትጾሙን ኢኹም ዘሎኹም። 5 እቲ
ኣነ ዝፈትዎ ጾምን፣ እታ ሰብ ንነፍሱ ዜሕስኣላ መዓልትን ከም'ዚ ዘመሰለ ድዩ? ከም ሰልሰላ ርእስኻ ምድናንን፣
ክሻን ሓሞኹሰትን መንጸፍካ ምግባርን፣ ነዚ ዲኹም ጾምን እግዚኣብሔር ዚቕበሎ መዓልትን እትብልዎ
ዘሎኹም?

6 "እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ እዚ ዚስዕብ እዩ፥ ንመእሰር እከይ ምፍታሕ፣ ነርዑት ባርነት ምዝላቕ፣ ንጥቑዓት
ምውጻእ ሓራ፣ ኣርዑት ባርነት ዘበለ ኩሉ ምስባር፣ 7 እንጌራኹም ንጥሙይ ምምቃል፣ ነቶም ዝተሰዱ ድኻታት
ኣብ ቤትኩም ምቕባል፣ ዕሩቕ እንተ ርኤኹም ምኽዳን፣ ንዘመድኩም ካብ ፣ህጋዝ ዘይምንባእ እዩ።
8 "ሽዑ ብርሃነይ ከም ፀሓይ ንግሆ ኮይኑ ኬብርሃልኩም፣ ምሕዋይኩም ቀልጢፉ ኪመጽእ፣ ጽድቀይ
ቀቅድሜኹም ኪኸይድ፣ ክብረይ ድማ ደጀምኩም ኪኸውን እዩ። 9 ሽዑ ክትጽውዑኒ፣ ኣነ ከኣ ክምልሰልኩም፣
ከተእውዩ፣ ኣነ ድማ እኔኹ ክብለኩም እየ።

"ነርዑት ባርነትን ንናይ ዕንቀፋት ምውጥዋጥ ኣጻብዕን ንሕማኞ ዘረባን ከኣ ካብ ማእከልኩም እንተ
ኣርሒቕኩም፣ 10 ንጨኑቕ እንተ መቐልኩም፣ ንጥሙይ እንተ ኣጽገብኩም፣ ሽዑ ብርሃንኩም ኣብ ጸክማት
ኪበርህ፣ ጸልማትኩም እውን ከም ፀሓይ ቀትሪ ኪኸላዕ እዩ። 11 ኣነ ንኩሉ ጊዜ ክመርሓኩም፣ ብጽቡቕ ነገር
ከጽግበኩም፣ ጥዕናን ኃይልን ክህበኩም እየ፣ ንሰኻትኩም ከኣ ከም ዝሰተየ ኣታክልትን ከም'ቲ ማዩ ዘይነጽፍ
ዓይኒ ማይን ክትኮኑ ኢኹም። 12 ሕዝብኹም ነቲ ቀደም ዝዓነወ ኣብ'ቲ ናይ ጥንቲ መሠረት ኪነድቕዎ
እዮም። ንስኻትኩም ከኣ ነደቕቲ ፍሩስን ቀጽርን ሓነጽቲ ገዛውትን መዓረይቲ መገድን ተባሂልኩም ክትሰመዩ
ኢኹም።" (1ይ ንባብ፥ ኢሳ. 58፥ 1-12፥ ን.ቀ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 547)

## <u>ንስሓ ግበሩ</u>

እቲ ምእንቲ ድኅነት ቢሉ ዝፈሰሰን ንምሉእ ዓለም ጸጋ ንስሓ ዜምጽኤን፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣቦኡ፣ ብዘይ መጠን ክቡር ከምዝኾነ ምእንቲ ክርድኣና ናብ ደም ክርስቶስ ኣተኩርና ንጠምት። ንኵሎም ዘመናት ዓለም በብሓደ እንተመርሚርናዮም ነቶም ናብኡ ንኺምለሱ ስንድዋት ዝነበሩ፣ ጐይታ ንስሓ ንኺገብሩ ኣብ ነፍስወከፍ ወለዶ ጊዜን መጋበርን ከምዝሃቦም ክንርዳእ ንኽእል ኢና። እቲ ንስሓ ኪገብር ዝዥመረ
ኖህ እዩ። እቶም ዝሰምዕዎ ከኣ ድኂኖም እዮም። ዮናስ ንሕዝቢ ነነዌ ውድቀቶም ምስ ሰበኸሎም፣ ንሳቶም ድኅሪ'ዚ ብኃጢኣቶም ተነሲሖም ንኣምላኽ ብጸሎት ኣዝሓልዎን ድኅነት ረኸቡን። ንሳቶም መኃልፎ፣ ምስ ሕዝቢ ኣምላኽ ርክብ'ኳ ኣይነበሮምን።

ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርሐ ንስሓ ግበሩ እናበሉ ዚሰብኩ ልኡኻት፣ ኣምላኻዊ ጸጋ ጉዲሉዎም ኣይፈልጥን እዩ። እቲ ናይ ኵሉ ጐይታ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ንገዛእ ርእሱ ብዛዕባ ንስሓ ኪሰብኽ ምኽኑ ተዛሪቡ ነይሩ እዩ፥ *"ኣነ ናይ ብሓቂ ሕያው እየ፣ እዚ ቃል ኣምላኽ እዩ"*፥ እናበለ ምሒሉ እዩ። ኦ ቤት እስራኤል ካብ ኃጢኣትኪ ርሓቒ፣ እናበለ ገና ሕያውነት ዝመልኦ ዘረባ ወሲኹ ተዛሪቡ እዩ። ነቶም ደቂ ሕዝበይ ከምዚ በሎም፦ *"ዋላ'ኳ ኃጢኣትኩም ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ እንተበጽሔን ካብ ደም ንላዕሊ እውን እንተቐይሐ፣ ካብ ፍሓም እውን እንተጸለመ፣ ጥራሕስ ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ እምበር ኣቦ ኢልኩም እውን ጸውዑኒ እምበር፣ ኣነ ከም ሓደ ቅዱስ ዝኾነ ሕዝቢ ገይረ ክርእየኩም እየ። ንጸሎትኩም ከኣ ክቕበሎ እየ።"* ነቶም ዘፍቅሮም፣ ናይ ተመልሶ ሃብቲ ጸጋ ንኽስተማቅሩ ቢሉ፣ እቲ ከኣሊ ኵሉ ዝኾነ ፍቓዱ፣ ንቃሉ ከም ማኅተም ገይሩ ኣቐሚጡዎ እዩ። ስለ'ዚ ነቲ መስተንክርን ክቡርን ፍቃዱ ንተኣዘዝ። ምሕረቱን ለውሃቱን ምእንቲ ኪህበና ኣብ ቅድሚ ጐይታ ተደፊእና ንለምን። ናይ ብሓቂ ናብ ፍቕሩ ንመለስ። ነቲ ጠንቂ ሞት ኮይኑና ዘሎ ጽልእን ቅንእን ነወግድ። እምበኣር ዝኸበርኩም ኣኅዋት! ብመንፈስ ትሑታት ንኹን። ንኵሉ ዓሻ ጃህራን ትዕቢትን፣ ናብ ዕብዳን ዜድሃበ ትምክሕትን ካባና ነርሕቆ። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ከም'ዚ ይብል። *"ፈላጥ ብፍልጠቱ ፣ ኃያል ብኃይሉ፣ ሃብታም ብሃብቱ ኣይመካሕ፣ እንታይ ድኣ፣ እቲ ኪምካሕ ዚደሊ፣ በቲ ፈራድን ቅዱስን እግዚኣብሔር ጥራሕ ይመካሕ"* (ኤር 9፣23-24 - ቀሮ 1፣31)። ልዕሊ ኵሉ ነቲ ኢየሱስ ለዋሃትን ትዕግሥተኛታትን ንኪኾኑ ኪምዕዶም ከሎ ዝበሎ ዘረባ ንዘክር። ምሕረት ንኽትረኽቡ መሓርቲ ኩኑ፦ ንዓኻትኩም እውን ይቕረ ምእንቲ ኪበሃለልኩም ይቕረ ሃቡ፦ ከምቲ ንኻልኦት ትገብርዎ፣ ከምኡ ኪግበረልኩም

እዩ፥ ንኽትወሃቡ ሃቡ፣ ንኸይትፍረዱ ኣይትፍረዱ፣ ሕያውነት ንከተስተማቕሩ ሕያዎት ኩኑ፥ በቲ ንካልኦት ዝሰፈርኩሙሉ መስፈር ኪስፈረልኩም እዩ (ማቴ 5፣7 - 6፣14 - 7፣1፣2፣12)።

መርገጺና ሓደ ገይርና ትእዛዛት ኣምላኽ ንሓሉ። ንቃል ኣምላኽ ምእዙዛት ኮይንና ብትሕትና ንመላለስ። ኣብ መጽሓፍ ኢሳይያስ ከም'ዚ ዚብል ንረክብ፥ *"ቈላሕታይ ናብቲ ቃለይ ዚፈርህ፣ ትሑትን ሰላማውን እንተዘይኮይኑ፣ ናብ መን ደኣ ክብሎ"?* (ኢሳ 66፣2)። ምእንት'ዚ ዓበይትን ፍሉጣትን በዓላት ኣኀሊፍና፣ ናብ'ቲ ካብ ቀደም ዝተቐረበልና ኣተና ሰላምናን ዕረፍትናን ንገስግስ። ጠመተና ከይለወጥና፣ ናብ'ቲ ፈጣሪ ምሉእ ዓለም ዝኾነ ኣቦና ነብሎ። ነቶም ኣደነቕቲ ህያባቱን መዳርግቲ ዘይብሎም ሠናያቱን ብዓቢይ ድላይ ሃረር ንበሎም። (መልእኽቲ ቅዱስ ቀለሜንጦስ ቀዳማይ ር.ሊ.ጳ ናብ "ሰብ ቆሮንቶስ"፣ ን.ቅ.መ.ድ. ኣበውን ገጽ 549)

## *ጸሎት ኣዛርያ ናብቲ ርኅሩኅን ፍትሓውን ኣምላኽ*

*"ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦታትና፣ ምስጋና ዚግብኣካ ኢኻ እሞ ነመስግነካ ኣሎና። ስምካ ንዘለዓለም ክቡር እዩ። በቲ ኣባና ዝገበርካዮ ኩሉ ንስኻ ቅኑዕ ኢኻ። ተግባርካ ኩሉ ሓቂ መንገድታትካ ከኣ ቅኑዕ እዩ፣ ኩሉ ፍርድኻ'ውን ፍትሓዊ እዩ።*

*እቲ ኣብ ልዕለናን፣ ኣብ ልዕሊ'ታ ቅድስቲ ዝኾነት ከተማ ኣቦታትና ኢየሩሳሌምን፣ ዘውረድካዮ ፍርድ'ውን ቅኑዕ እዩ። ኃጢኣት ስለዝገበርና፣ እዚ ኩሉ ኣብ ልዕሌና ኪወርድ ቅኑዕን ፍትሓውን እዩ። ብኃጢኣትናን ሕጊ ብምፍራስናን ካባኻ ረሓቕና፣ ብኩሉ ነገር በደልና፣ ንትእዛዛትካ'ውን ኣይሓሎናዮን።*

*ከምቲ ዝኣዘዝካና ጌርና እንተንኸውን ኩሉ ሠናይ ምኾነልና ነይሩ፣ ንሕና ግና ንሕግኻ ኣይተኣዘዝናዮን፣ ኣብ ግብሪ'ውን ኣየውዓልናዮን።*

*ስለዚ ኩሉ እቲ ኣብ ልዕሌና ኣምጺእካዮ ዘሎኻን፣ ኩሉ እቲ ኣባና ዝገበርካዮን፣ ቅኑዕ ፍርዲ ብምፍራድ ዝገበርካዮ እዩ። ኣብ ኢድ እቶም ኣዝዮም ጽሉኣትን ኃጥኣንን ዓለውትን ጸላእትና፣ ኣብ ኢድ እቲ ዓማጺን፣ ካብ ኩሉ ዓለም እኩይ ዝኾነ ንጉሥን ኣኅሊፍካ ዝሃብካና።*

*ሕጂ ድማ ነዞም እንልምነካ ባሮትካ ኀፍረትን ውርደትን ወሪዱና ኣሎ፣ ክንዛረብ'ውን ኣይንኽእልን ኢና።*

*ምእንቲ ስምካ ክትብል ፈጺምካ ኣይትኅደገና፣ ንኪዳንካ'ውን ኣይተፍርሶ። ምእንቲ ኣብርሃም ፈታዊኻን፣ ምእንቲ ይስሓቅ ባርያኻን፣ ምእንቲ እቲ ናትካ ቅዱስ ዝኾነ ያዕቆብን ክትብል ምሕረትካ ካባና ኣይተርሕቕ። እወ፣ ምእንቲ እቶም ዘርኦም ከም ኮኾብ ሰማይን ከም ሑጻ ወሰን ባሕርን ከተብዝሖም ኪዳን ዝኣቶኻሎም ኢልካ ምሕረትካ ካባና ኣይተርሕቕ።*

*ኦ ጐይታ! ንሕና ብሰሪ ኃጢኣትና፣ ካብ ካልእ ሕዝቢ ብቍጽሪ ኣዚና ውሒድና ኣሎና፣ ኣብ ኩሉ ምድሪ'ውን ኀሱራት ኮይንና ንነብር ኣሎና። በዚ እዋን እዚ መስፍን ወይ ነቢይ፣ ወይ ንጉሥ የልቦን። ዚሓርር መስዋዕቲ ወይ መስዋዕቲ ሕሩድ፣ ወይ መባእ፣ ወይ ዕጣን፣ ወይ ኣብ ቅድሜኻ ምሕረት ንምርካብ መስዋዕቲ እነዕርገሉ ቦታ የልቦን።*

*ግናኸ ብዝተጣዕሰ ልብን ብትሑት መንፈስን፣ ናባኻ መጺእና ኣሎና እሞ፣ ብደዓውልን ብኣልሕምትን በሽሓት ብዝቝጸሩ ሰቡሓት ገናሽልን፣ ከም ዝቐረበ መስዋዕቲ ጌርካ ክትቅበለና ንልምነካ ኣሎና። መስዋዕትና ኣብ ቅድሜኻ ከምኡ ይኹን፣ ንኣና'ውን ብምሉእ ልብና፣ ከም እንኽተለካ ግበረና፣ ከመይ ነቶም ኣባኻ ዚውከሉ ኀፍረት ኣይክረኽቦምን እዩ።*

*ሕጂ ከኣ ብምሉእ ልብና ክንስዕበካ ኢና፣ ነኽብረካ ኣሎና፣ ገጽካ ምለሰልና፣ ንልምነካ ኣሎና። ኣይተኀፍረና፣ እኳ ደኣ ከም ዓብይ ምሕረትካን ከም ትዕግሥትኻን ተኻየደና። ብመጠን እቲ ዘደንቕ ተግባራትካ ኣድኅነና፣ ኦ እግዚኣብሔር! ንስምካ ክብሪ ሃቦ። እቶም ንኣና ንባሮትካ ዚጐድኡና ድማ ይዋረዱ። ኃይሎምን ሥልጣኖምን ኣግድፎም እሞ ይዋረዱ ግደፎም። ኦ እግዚኣብሔር! ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዓለም ክቡር ዝኾንካ ኣምላኽ፣ ንስኻ ንበይንኻ ምዃንካ ኣፍልጦም" !*

## መዝሙር ዳዊት 80
## ጸሎት ምእንቲ ምሕዳስ ሃገር፥

ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና። ኣታ ንሕዝብኻ ንደቂ ዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሓና፣ ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ፣
ኣብ ቅድሚ ነገዳት ኤፍሬምን ብንያምን ምናሴን በሪህካ ተገለጽ፣ ኃይልኻ ኣርእየና፣ ንምድኃንና’ውን ነዓ!

ኦ ኣምላኽ ሓዲሽ ሕይወት ሀበና፣ ክንድኅን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና።
ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሠራዊት፣ ክሳዕ መዓስ ኢኻ እትቍጣዕ (እትኩሪ)? ጸሎት ሕዝብኻ ከኣ ዘይትሰምዕ?

እንጌራ ንብዓት ኣብላዕካና፣ ብመስፈር ከኣ ንብዓት ኣስቴኻና።
ጐረባብትና ዘኾና ሃገራት ከምዝስሕቃልና ገበርካ፣ ጸላእትና’ውን የላግጹልና ኣለው።

ኦ ኣምላኽ ሠራዊት ሓዲሽ ሕይወት ሀበና፣ ክንድኅን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና።
ተኽሊ ወይኒ ካብ ግብጺ ኣምጻእካ፣ ኣሕዛብ ሰጒግካ ድማ ኣብ ምድሮም ተኽልካያ።

ጸሪግካ ከኣ ቦታ ኣዳሎኻላ። ሱር ሰደደት፣ ምድሪ’ውን መልአት።
ኣኽራን ብጽላላ ተኸድኑ፣ ጨናፍራ ድማ ንዓበይቲ ጽሕድታት ኣጽለሉሎም።

ጨናፍራ ክሳዕ ማእከላይ ባሕሪ፣ ውልዶታታ ከኣ ክሳዕ ፈለግ ኤፍራጥስ ዘርግሐት።
ስለምንታይከ ኢኻ ሓጹራ ዘፍረስካ? እንሆ ሕጂ ኩሎም ኃለፍቲ መንገዲ ይቕንጥብዋ ኣለው።

ናይ ዱር መፍለስ ኣብኣ ኮይኑ ይፍልስ ኣሎ። እንስሳ መሮር’ውን ይጓስይዋ ኣለው።
ኦ ኣምላኽ ሠራዊት, ናባና ተመለስ፣ ካብ ሰማይ ድንን ኢልካ ረኣየና፣ ንዓ ንሕዝብኻ ኣድኅነና።

ንዓ ነዛ ብየማነይቲ ኢድካ ዝተኸልካያ ተኽሊ ወይኒ፣ ነዛ ንኣኻ ኢልካ ደልዲላ ከም እትበቍል ዝገበርካያ ንእሽቶይ ተኽሊ ወይኒ ኣድኅና።
ጸላእትና ብሓዊ ኣንደድዋ፣ ቀሪጽዋ። ብቍጥዓኻ ጠምቶም፣ ከምኡ ከኣ ኣጥፍኣዮም።

ነቲ ዝኃረኻዮ ሰብ ኣዕቍቦን ሓልዎን፣ ነቲ ንኣኻ ኪኾነካ ዘደልደልካዮ ወዲ ሰብ ሓልዎ።  ሽዑ ካባኻ ኣይክንርሕቕን ኢና፣ ብሕይወት ኣንብረና፣ ንሕና’ውን ከነመስግነካ ኢና።
ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሠራዊት፣ ሓዲሽ ሕይወት ሀበና፣ ክንድኅን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና።

## መዝሙር 84
## ናፍቖት ቤት እግዚኣብሔር

ኦ ኹሉ እትኽእል እግዚኣብሔር፣ ንቤት መቕደስካ ኣዝየ እየ ዝፈትዋ።
ኣብ ኣጸድ መቕደስካ፣ ኦ እግዚኣብሔር፣ ክኣቱ ሃረር እብል ኣሎኹ፣ ንቤት መቕደስካ እናፍቕ ኣሊኹ። ንኣኻ ኦ ሕያው ኣምላኽ ብኹለንትናይ፣ እልል እብለልካ ኣሎኹ።

ዑፍ እኳ ቤት ረኸበት፣ ለኳኹቶ’ውን ገዛ ረኸበት፣ ጨቓዊተን ከኣ፣ ኦ ንጉሠይን ኣምላኸይን፣ ዝኾንካ ኹሉ እትኽእል እግዚኣብሔር፣ ኣብ ጥቓ መሠውዒታትካ የንብራ።

እቶም ኩሉ ጊዜ እናወደሰኹ ኣብ ቤትካ ዚነብሩ፣ ኣየ ኽንደይ ተዓዊቶም።
ኃይሎም ብኣኻ ዝኾነ፣ ብልቦም ንእምባ ጽዮን ኪነግዱ ሃረር፣ ዚብሉ ሰባት ኣየ ኽንደይ ተዓዊቶም።

በቲ ለሰ ብኽያት ዚብሃል ቦታ ኪኃልፉ ኸለው፣ እቲ ቦታ ዓይኒ ማያት ይኸውን፣ ዝናም ኣዝመራውን ብበረኸት ይመልኦ።
ኃይሊ ኣብ ልዕሊ ኃይሊ እናወሰኹ ይኸዱ፣ ኣብ እምባ ጽዮን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይቐሙ።

ኦ ኹሉ እትኽእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ጸሎተይ ስማዕ። ኦ ኣምላኽ ያዕቆብ ጽን በል።

ኣታ ዋልታና ዝኾንካ ኣምላኽ ርአ፣ ነቲ ዝኃሬኻዮ ንጉሥና ባርኾ።
ካብ ሽሕ መዓልቲ ኣብ ካልእ፣ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ቤት መቕደስካ ምውዓል ይኃይሽ፣ ስለዚ ኣብ ኣባይቲ ኃጥኣን ካብ ምንባርሲ ኣብ ቤት ኣምላኽይ ሓላው ደገ ምኳን ይኀሸኒ።

እግዚኣብሔር ኣምላኽሲ ፀሓይን ዋልታን እዩ፣ እግዚኣብሔር ጸጋን ክብርን ይህብ፣ ነቶም ብቕንዕና ዚነብሩ ሠናይ ዘበለ ኣይከልአምን እዩ።
ኦ ኩሉ እትኽእል እግዚኣብሔር፣ ኣባኻ ዚውከል ሰብ ኣየ ክንደይ ተዓዊቱ።

## መዝሙር 85
## ምእንቲ ቕሳነት ሃገር ዚግበር ጸሎት

ኦ እግዚኣብሔር: ንምድርኻ ምሕረት ገበርካላ፣ ንሕዝብኻ ንቤት ያዕቆብ ሃብቶም መለስካሎም።

ንኹሉ መዓትካ ኣርሓቕካዮ፣ ካብ ነድሪ ቑጥዓካ ተመለስካ።
ኦ ኣምላኽ ምድኃንና፣ ሓድሽ ሕይወት ሃበና፣ ንኲራኻ'ውን ካባና ኣርሕቆ።

ንዘለዓለም'ዶ ክትኲርየልና ኢኻ፣ ኲራኻስ ንውሉድ ወለዶ'ዶ ክተንውሖ ኢኻ፧
ንሕና ሕዝብኻ ብኣኻ ምእንቲ ክንሕጕስ፣ መሊስካ ሕይወት ሃበና።

ኦ እግዚኣብሔር፣ ምሕረትካ ኣርእየና፣ ምድኃንካ'ውን ሃበና።
ኣነ ነቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዚብሎ እሰምዕ ኣሎኹ፣ ንሕና ናብ'ቲ መገዲ ዕሽነት እንተ ዘይተመለስና፣ ንሱ ንኣና ንሕዝቡ ሰላም ኣተስፍዩና ኣሎ።

ብሓቂ ኣብ ሃገርና ክብሪ እግዚኣብሔር ኪኃድር እዩ፣ ምድኃኑ ነቶም ዚፈርህዎ ቀረባኦም እዩ።
ምሕረትን ሓቅን ተራኸባ፣ ሓቅን ሰላምን ተሰዓዓማ።

ሓቂ ወዲ ሰብ ካብ ምድሪ ክትበቍል እያ። ጽድቂ እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ክትጥምት እያ።
እግዚኣብሔር ድማ ሠናይ ኪህበና እዩ፣ ሃገርና'ውን ፍርያታ ክትህብ እያ።
ጽድቂ ቀቅድሚኡ ክትከይድ እያ፣ መገዲ ከኣ ክትጸርገሉ እያ።

## መዝሙር 86
## ረድኤት ንምርካብ ዚግበር ጸሎት

ኦ እግዚኣብሔር መስኪንን ድኻን እየ እሞ፣ ስምዓኒ መልሲ'ውን ሃበኒ።
ብኣኻ እየ ዝእመን እሞ ንሕይወተይ ካብ ሞት ሓልዋ። ኦ ኣምላኽ፣ ኣባኻ እየ ዘውከል እሞ፣ ንኣይ ንባርያኻ ኣድኅነኒ ።

ምሉእ መዓልቲ ናባኻ አእዊ ኣሎኹ እሞ፣ ኦ ኣምላኸይ ምሓረኒ።
ኦ እግዚኣብሔር፣ ጸሎተይ ናባኻ ኣዕርግ ኣሎኹ እሞ፣ ንኣይ ንባርያኻ ኣሓጕሰኒ።

ኦ እግዚኣብሔር ሕያዋይን ንይቕሬታ ድልውን ኢኻ፣ ናባኻ ንዜእውዩ ኩሎም ከኣ በዓል ዓቢይ ምሕረት ኢኻ። ጐይታየ ጸሎተይ ስማዕ፣ ንድምጺ ምህለላይ ጽን በሎ።

ንስኻ ትምልሰለይ ኢኻ እሞ፣ ብመዓልቲ ጸበባይ ክጽውዓካ እየ።
ኦ እግዚኣብሔር ካብ ኣማልኽቲ ንኣኻ ዚመስል የልቦን፣ ከም ግብርታትካ'ውን ዝገበረ ኩቶ የልቦን።

ኦ እግዚኣብሔር፣ ዝፈጠርካዮም ኣሕዛብ ኩሎም መጺኦም ኣብ ቅድሜኻ ኪሰግዱ፣ ንስምካ'ውን ኬኽብሩ እዮም።
ንስኻ ዓቢይን ተኣምራት እትገብርን ኢኻ፣ ኣምላኽሲ ንስኻ ጥራይ ኢኻ።

ኦ እግዚኣብሔር እቲ ኣነ ክገብሮ እትደልዮ ምሃረኒ፣ ኣነ ኸኣ እሙን ኮይነ ክእዘዘካ እየ። ብምሉእ ልበይ ከገልግለካ ምሃረኒ።
ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ፣ ብሙሉእ ልበይ ከመስግነካ እየ፣ ስምካ'ውን ንዘለዓለም ከኽብር እየ።

ምሕረትካ ንኣይ ዓቢይ እዩ፣ ንኣይ ከኣ ካብ መቓብር ኣድኂንካኒ።
ኦ ኣምላኽ ትዕቢተኛታት ይትንሥኡኒ ኣለው፣ ገፋዕቲ ተኣኪቦም ኪቐትሉኒ ይደልዩኒ ኣለው።

ጐይታየ፣ ንስኻ ግና መሓርን ጸጋውን፣ ንቑጥዓ ደንጓዪ ብምሕረት ምሉእ ዝኾንካ እሙን ኣምላኽ ኢኻ። ናባይ ግልጽ በል እሞ ምሓረኒ፣ ንኣይ ንባርያኻ ኃይሊ ሃበኒ፣ ኣድኅነኒ፣ ከም'ቲ ኣደይ ዘገልገለትካ ኣነ'ውን ኣገልግለካ ኣሎኹ።

ኦ እግዚኣብሔር፣ ከም እተፍቅረኒ ምልክት ሃበኒ፣ ጸላእተይ ርእዮም ምእንቲ ኪኃፍሩ ረድኤትካን ምጽንናዕካን ሃበኒ።

## መዝሙር 116
## ካብ ሞት ዝድኃነ ሰብ ዘቕርቦ ምስጋና

ድምፀይን ምህለላይን ሰሚዑ እዩ እሞ ንእግዚኣብሔር አፍቅሮ እየ።
ይሰምዓኒ እዩ እሞ፣ መዓልቲ መዓልቲ ናብኡ ክምህለል እየ።

ድንገት ሞት ከበበኒ፣ ናብ መቓብር ከይወርድ ዚብል ስምባድ ኃዘኒ፣ ጭንቀትን መከራን ረኸብኩ፣
ሽዑ ኣነ "ኦ እግዚኣብሔር ንነፍሰይ ኣድኅና" ኢለ ስም እግዚኣብሔር ጸዋዕኩ።

እግዚኣብሔር ርኅሩኅን ቅኑዕን እዩ፣ ኣምላኽና መሓሪ እዩ።
እግዚኣብሔር ንገርህታት ይሕልዎም፣ ኣነ ተሸገርኩ፣ ንሱ'ውን ኣድኃነኒ።

ነፍሰይ፣ እግዚኣብሔር ሠናይ ገይሩለይ እዩ እሞ፣ ናብ ዕረፍትኺ ተመለሲ።

እግዚኣብሔር ንኣይ ካብ ሞት ኣድኅነኒ፣ ንብዓተይ ደረዘለይ፣ ተሳዒረ ከይወድቕ ኣድኃነኒ።

ስለዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣብ ሃገር ሕያዋን ክነብር እየ።
"ኣዝየ ተጨነቕኹ" ኣብ ዝበልኩሉ እዋን'ውን እንተኾነ እምነተይ ኣይጠለምኩን።

ሰምቢደ "ኹሉ ሰብ ሓሳዊ እዩ" ኣብ ዝበልኩሉ እዋን እውን እምነተይ ኣይጠለምኩን።
ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉስ፣ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ ክመልሰሉ እየ፧

ናይ ምድኃን መሥዋዕቲ መስተ ክሥውዕ እየ፣ ስም እግዚኣብሔር ከኣ ክጽውዕ እየ።
ንእግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሕዝቡ መብጽዓይ ክፍጽመሉ እየ።

ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞት ቅዱሳኑ ክቡር እዩ።
ኦ እግዚኣብሔር ኣነ ባርያኻ እየ፣ ከምቲ ኣደይ ዘገልገለትካ ኣነ ከኣ ከገልግለካ እየ፣ ንስኻ ንኣይ ካብ ሞት ኣድኃንካኒ።

መሥዋዕቲ ምስጋና ክሠውዓልካ እየ፣ ስምካ እናጸዋዕኩ ድማ ናባኻ ክጽሊ እየ።

ኩሎም ሕዝብኻ ኣብ ዝተኣከቡሉ፣ ኣብ'ቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ኣጸድ ቤት መቕደስ፣ ሙብጽዓይ ክፍጽመልካ እየ። ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ።

## መዝሙር 130
## ረድኤት ንምርካብ ዝቐረበ ጸሎት

ኦ እግዚኣብሔር ኣብ መዓሙቕ ኃዘን ኮይነ ናባኻ ኣእዊ ኣሎኹ።
ኦ ጐይታይ ድምፀይ ስማዕ:ናብ ድምጺ ምህለላይ ኣቕልብ።

ኦ እግዚኣብሔር በደልና እንተ ጸብጸብካስ፣ ኦ ጐይታይ ካብ ኵነኔስ መን ኪመልቐ ይኽእል፧
ግና'ኸ ምእንቲ ክንፈርሃካ ንስኻ ኃጢኣትና ትኃድገልና።

እግዚኣብሔር ኪረድኣኒ ብሃንቀውታ እጽበ ኣሎኹ ብቓሉውን ተስፋ እገብር ኣሎኹ።
ኃለፋ እቶም ንወጋሕታ ዚጽበዩ ሓለውቲ እወ፣ ኃለፋ እቶም ወጋሕታ ዚጽበዩ ሓለውቲ፣ ኣነ ንእግዚኣብሔር እጽበዮ ኣሎኹ።

ምሕረት ኣብ እግዚኣብሔር ብዙኅ ምድኃን ከኣ ኣብኡ እዩ እሞ፣ ኦ እስራኤል ንእግዚኣብሔር ተጸበዮ።
እግዚኣብሔር ንሕዝቢ እስራኤል ካብ ኵሉ ኣበሳኦም ኬድኅኖም እዩ።